# ኣብዚ መ ጽሓ ፍ

ብስም ኣቦን ወልድ
ንፈስ ቅዱስን ሓደ
ኣምላኽ ኣሜን።

ኣብዚ መጽሓፍ እዚ
ጽሙቕ መግለጺ ናይ
ሥርዓተ-ኣምልኾ ኢኻ
ኩተንብብ። ካብኡ
ንምጥቃስ፦

- ብዛዕባ ሥላሴ
- ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ
- ተሰጋውነትን ተብጃ ውነትን
- ትንሳኤን ዕርገትን
- ናይ ሓዋር ያኑባኤ ቤተክርስቲያን
- ጥምቀት
- መፈጸምታ እዚ ህይወት
- ዝመጽእ ህይወት



ፖፕ ሺኑዳ፫ይ

ፖፕ ሺኑዳ፫ይ

# መግለጺ ጸለዎተ ሃይማኖት



ብብፁእን ቅዱሳን ፖፕ ሺኑዳ፫ይ

# መግለጺ

# ጸሎተ ሃይማኖት

## Christian creed


1st Print

11/2002

፩-ይ ሕታም

11/2002

እዚ መጽሓፍ እዚ መሰሉ ዝታሓለወ ኢዩ።

ብዘይ ፍቓድ ከሕተም ይኹን ክቕረጽ ኣይፍቀድን ኢዩ።

መጽሓፍ፡- መግለጺ ጸሎተ ሃይማኖት

ደራሲ፡- ብፁእን ቅዱስን ፖፕ ሺኖዳ፫

ተርጓሚ፡- ኣባ ቢጃሚ ዘኣንባ ቢሾይ

ኣቕራቢ፡- ኣባ ቢጃሚ ዘኣንባ ቢሾይ

ብሓልዮት፡- ሳዕለዋይ መንፈሳዊ ትምህርቲ-ቤት ካይሮ

ሕታም፡- ቀዳማይ 11/2002

ቤትማሕተም፡- ገዳም ሠማእት ሚናስ ኣብ ማርዩጥ ግብጺ

ቁጽሪ መዝገብ፡- 17985 / 2002

I.S.B.N.:- 977 - 5345 - 70 - 7



ብፁእን ቅዱስን ኣቡነ ሺኖዳ፫ይ
መበል 117 ፖፕ መንበረ ማርቆስን
ፓትርያርክ እስክንድርያን



ነፍሲ ኄር
ብፁእን ቅዱስን ኣቡነ ፊሊጶስ-1ይ
ፓትርያርክ ኤርትራ

# ትሕዝቶ መጽሓፍ


ኣርእስቲ — ገጽ

ትሕዝቶ — 7

መእተዊ — 11

፩፦ ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን፥ እግዚ ኣብሔር ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን — 13

1. መቕድም — 14
2. ብሓቂ ንኣምን — 16
3. ብሓቂ ንኣምን — 18
4. ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን — 20
5. እግዚኣብሔር ኣቦ — 24
6. ኹሉ ዝመልኽ — 27
7. ፈጣሪ ሰማይን ምድርን — 35
8. ሰማይን ምድርን — 38
9. ዘይረአ — 41

፪፡- ብሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን — 47

1. ብሓደ ጐይታ ንኣምን —— 48

2. ኢየሱስ ክርስቶስ —— 52

3. እቲ ሓደ ወዱ ንኣምላኽ —— 57

4. ቅድሚ ኩሉ ዘመናት —— 65

5. ብርሃን ካብ ብርሃን —— 67

6. ሓቀኛ ኣምላኽ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ —— 69

7. ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ —— 73

8. ብኣምላኽነቱ ምስ ኣቦ ማዕረ ዝኾነ —— 74

9. እቲ ብእኡ ኩሉ ዝኾነ —— 76

10. እዚ እቲ ምእንታና ምእንቲ ሰብ ምእንቲ ድሕነትና ካብ ሰማያት ዝወረደ —— 78

11. ካብ ሰማያት ወረደ —— 80

12. ሥጋ ለበሰ (ተሠገወ) —— 82

13. ካብ መንፈስ ቅዱስን ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያምን —— 83

14. ሰብ ኮነ —— 85





15. ምእንታና ተሰቕለ —— 87

16. ተሳቕየ —— 95

17. ተቐብረ —— 101

18. ካብ ምውታት ተንሢኡ —— 103

19. ናብ ሰማያት ዓረገ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐመጠ —— 111

20. ኣብ የማን ኣቦ ተቐመጠ —— 114

21. ንህያዋንን ንምውታትን ክፈርድ ብኽብረ ክመጽእ ኢዩ —— 120

22. ንመንግሥቱ መወዳእታ የብሉን —— 123

፫፡- ብጐይታን ወሃቢ ህይወትን ዝኾነ፥ ካብ ኣቦ ዝሠረፀ፥ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን —— 125

1. መንፈስ ቅዱስ —— 126

2. ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን —— 126

3. ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ —— 130

4. ወሃቢ ህይወት —— 135

5. ካብ ኣቦ ዝሠረፀ —— 137

6. ንሰግደሉን ነመስግኖን —— 142

7. በረኸት ከኣ ብሕብረት ናይ ሠለስተ ሥላሴ ይዋሃብ ———— 144

8. ብኮብያት ዝተዛረበ ———— 146

፱፡- ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ጉባኤ ሓዋርያት ንኣምን ———— 149

1. ቤተክርስቲያን ———— 150
2. ሓንቲ ቤተክርስቲያን ———— 153
3. ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ———— 159
4. ጉባኤ ቤተክርስቲያን ———— 166
5. ሓዋርያዊት ቤተክርስቲያን ———— 168

፲፡- ብሓንቲ ጥምቀትን ትንሣኤ ምውታትን ኣብቲ ዝመጽእ ዘለኣለማዊ ህይወት ንእመን ———— 173

1. ሓንቲ ጥምቀት ንሕድገት ሓጢኣት ———— 174
2. ሓንቲ ጥምቀት ———— 180
3. ትንሣኤ ምውታት ———— 181
4. መፈጸምታ ናይዚ ዓለም ———— 187
5. ናይቲ ዝመጽእ ዓለም ህይወት። ———— 189




# መእተዊ

ጸሎተ ሃይማኖት ማለት መሠረት ናይ ክርስትና እምነትና ማለት ኢዩ......። ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዋ ናይ ክርስቲያን ማሕበራት ይኣምናሉ፥ እቶም ዘይኣምኑሉ ግን ከም ክርስትያን ክቑጸሩ ኣይክእሉን ኢዮም። ነኣብነት ከም መሰኻኽር ጀሆቫ፤ ኣኽበርቲ ሻብዓይ መዓልቲ (Adventst) .....ወዘተ።

ቤተክርስቲያን ንጸሎተ ሃይማኖት ብጣዕሚ ዓቢይ ተገዳስነት ብምሃብ። ሓደ ክፉል ናይቲ ኣብ መዓልትን ለይትን ሸብዓተ ግዜ ዝጸለ መጽሓፍ ጸሎታ ገበረቶ። ምኽንያቱ እምነት ናይ ኣምልኾና ጉዳይ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትና መሠረታዊ ረቛሒ ስለ ዝኾነ ኢዩ።

*እዚ መጽሓፍ እዚ፥ ሕጽር ዝበለን ብሩህን ጽዑቕን ናይ ጸሎተ ሃይማኖት መግለጺ ዘለዎ ስለ ዝኾነ ንምሕታሙ ቅኑዕ ኮይኑ ረኺብናዮ። ኣብ ኩለን መንፈሳውያን ኣብያተትምህርትን ምስ ኩሉ ጨናፍራቱን ኣብ ውሽጥን ወጻኢ ግብጺን ንኸመሃሩዎ፥ ኣብ ትምህርቲ ሰንበትን ናይ መንእሰያት ኣኼባን ከም ዝመሃሩዎ ኪግበር ኢዩ።*

ጸሎተ ሃይማኖት ዝተፈላለዩ ምንጭታት እምነት ዘጠቓለለ ኢዩ። ንኣብነት ሓድነትን ሠለስትነትን እግዚ ኣብሔር፤ ኣምላኽነት እግዚኣብሔር ወዲ፤ ኣምላኽነት እግ ዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ፤ ተሠጋውነትን ድሕነትን፤ ጥምቀትን ትንሣኤን፤ ዝመጽእ ዘለኣለማዊ ህይወትን።

ስለዚ ከኣ ዝኾነ ሰብ ነዚ መጽሓፍ እዚ ዘጽንዕ ዓ ቢይ ናይ ሥርዓተ-ኣምልኾ ክርዳእ ይኽእል ኢዩ። እዚ ኣስተምህሮ እዚ ቀደም ንንኡሱክርስቲያን፥ እቶም ኣብ እምነት ንፈለማ ኣተውቲ፥ ቅድሚ ምጥማቖም ዝውሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ኢዩ።

ወርሒ 7 1997 ፖፕ ሺኖዳ ፫ይ









ብሓቂ
ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን፥
እግዚኣብሔር
ኣቦን
ወድን
መንፈስ ቅዱስን።



## መቕድም

እቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ተገሊጹ ዘሎ፥ ናይ እምነት ቅኑዕ መሠረት፥ ካብ ቀደም ጊዜ ኣትሒዙ ዝነበረ ኢዩ። ክርስቲያን ከኣ ኣብተን መጀመርታ ሠለስተ ክፍለ ዘመናት፥ ብእኡ ይነብሩ ነበሩ። ኣብ ሕጊ ሓዋርያትን ሕጊ ኣቡሌዲስን ከምኡውን ኣብ ገለ ናይ ኣቦታት ቃላትን፥ ካብኡ ንምስክር ጽሑፍ ተረኺቡ። እቲ ኣገዳሲ ነገር ብዛዕባ ጸሎተ ሃይማኖት ከኣ፥ ኵለን ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዋ ኣብያተክርስቲያናት፥ ብሓደ ጸሎተ ሃይማኖት ስለ ዝኣምናን ኣብ ኵለን ኣብያተክርስቲያናትውን ስለ ትንበብን ኢዩ። ስለዚውን እቲ ሕጋውነቱ ዘጽድቖ፥ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቤተክርስቲያን ወካሊ ዘለዎ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ፥ ንኽኸውን ግዲ ኾነ።

*እዚ ኣብ ሓጺሩ ዘሎ ጸሎተ ሃይማኖት፥ ብዓለም ለኻዊ ጉባኤ ንቅያ፥ ብ325 ዓ.ም. ዝቖመ ኢዩ።*

እዚ ከኣ ነቲ ንኣምላኽነት ክርስቶስ ዝኸሓደ መናፍቕ ኣርዮስ ዝረትዐ፥ ቀዳማይ ዓለምለኻዊ ጉባኤ ኢዩ። ኣብኡ እውን ፖፕ ኣሌክሳንድሮስ መበል ዓሰርተ ትሽዓተ ፓትርያሪክ እስክንድርያ፥ ንናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ወኪሉ ተኻፊሉ፥ ምስኡውን እቲ ዓንቀጻት ጸሎተ ሃይማኖት ዘዳለወ፥ ተራዳኢኡ ዲያቆን ኣትናቴዎስ ነበረ። እታ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ እትምልከት ክፍሊ ከኣ ነቲ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዝኸሓደ "መቕደንዮስ" መልሲ ንምሃብ፥ ብ 381 ዓ.ም.፥ ኣብ ቍስጥንጥንያ ዝተኣከበ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ተወሰኸት።

ኵለን ኣብ ዓለም ዘለዋ ኣብያተክርስቲያናት፥ ዋላ እኳ ብገለገለ ሥርዓተ-ኣምልኾ እምነት ዘይሰማማዓ እንተኾና፥ ብኸሎም ዓንቀጻት ጸሎተ ሃይማኖት ግና ኣመንቲ ኢየን። ብተወሳኺ ዝኾነት ማሕበር ብጸሎተ ሃይማኖት ምስ ዘይትኣምን፥ ብፍጹም ክርስቲያን ኣይትቝጸርን ኢያ። ንኣብነት ንብሉይን ሓዲሽን ኪዳን መጽሓፍ ቅዱስ "ብናይ ገዛእ ርእሶም ትርጓሜ መሠረት" ዝኣምኑ፥ ከም እኒ መሰኻኽር ጀሆቫ፤ መኻበርቲ ሻብዓይ መዓልቲ (Advantists) ዝኣመሰሉ ኣለዉ። ግና ኣብ ኵሉ እቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ዝተመዝገበ፥ ናይ ክርስትና ሥርዓተ-ኣምልኾ እምነት ኣይኣምኑን ኢዮም።

*ጸሎተ ሃይማኖት እዞም ዝስዕቡ ናይ እምነት መሠረታውያን ሓቂታት የጠቓልል።*

፩. ሓደነት ኣምላኽ፥ እቲ ቓል ከኣ "ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን" ኢሉ ይጅምር።

፪. ሥርዓተ-ኣምልኾ ቅድስት ሥላሴ። ኣምላኽነትን

ነፍሲ ወከፍ ሥላሴን ተግባሮምን።

፫. ሥርዓተ-ኣምልኾ ተሠጋውነትን ተበጃውነትን ድሕነትን

፬. ሥርዓተ-ኣምልኾ ጥምቀት፣ ንሕድገት ሓጢኣት።

፭. ሥርዓተ-ኣምልኾ ትንሣኤ ምውታትን፣ ኣብ ዝመጽእ ዘለኣለማዊ ህይወትን።

፮. ሥርዓተ-ኣምልኾ ካልኣይ ምምጻእ ክርስቶስ፣ እቲ ፍርዲ ዝፍጸመሉ።

፯. እታ ሓንቲ፤ ቅድስቲ ጉባኤ ሓዋርያዊት ቤተ ክርስቲያን።

እምበኣር ነዚ ዓንቀጻት ጸሎተ ሃይማኖት፣ ሓደ ብሓደ ሒዝና ክንስተንትኖ ኢና።

## ብሓቂ ንእምን

እምነት፣ ሥርዓተ-ኣምልኾ፤ ርእሰ ተኣማንነት፤ ልባዊ ዕግበት፤ ምሉእ ልባውን ኣእምራውን ምቕባል፣ ዘጠቓልለ ኢዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ንእምነት ብኸምዚ ይገልጾ "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዝግበር ነገር፣ ርግጽ ብምግባርን ናይቲ ዘይረአ ነገር ምርዳእን ኢያ" (ዕብ.11፥10)። ንኣብነት ንሕና ብተኣምራት ንኣምን። እዚ ግን ኣንጻር



ኣእምሮ ኣይኮነን፣ እንትርፎ ልዕሊ ዓቕን ኣእምሮ እንተ ዘይኮይኑ። ተኣምራት ዝተሰመየትሉ ከኣ፣ እግዚኣብሔር ስለ ዘተግበራ፤ ኣእምሮ ንኸበጽሖ ስለ ዝተጸገመ ኢዩ። ስለዚ ድማ፣ ዋላኳ ኣይረዳእዮ እምበር፣ ይቕበሎ ኢዩ። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ከኣ፣ ከም ኣብነት እቲ ሓድሽ ምህዞታት ኣብ ዓለማውነት መዳይ ንመልከት፦ ብዙሓት ሰባት፣ ኣእምሮኦም ንብዙሕ ነገራት ክይተረደኦን ክየስተውዓሎን ከሎ፣ ዝቕበሎ ኣሎ። ንኣብነት ነፍሲወከፍ ሰብ ኤሌትሪክ ወይ ስልኪ-ኣልቦ ከመይ ከም ዝኾነ፣ ኣይርድኦን ኢዩ። ግን ከመይ ከም ዝኾነ ክይተረደኦ፣ ይቕበሎ። ኮምፒተር ብኸመይ ከም ዝሠርሕ፣ ዝኾነ ሰብ ኣይፈልጥን ኢዩ፣ ግን ይቕበሎ ...።

*እምነት ምስ ኣእምሮ፣ ኣይጋራጮን ኢዩ። ግን ልዕሊ ኣእምሮ ኢዩ።*

መንፈስ ንህልውና ህይወት ወዲ ሰብ ምኽንያት ስለ ዝኾነት፣ ንሕና ኩልና ብዘይ ምርኣይ ህላዌኣ ንኣምን። ንሓደ ወዲ ሰብ መንፈሱ ምስ እትሓድጎ ይመውት፣ ኣእምሮ ግን ህልውና መንፈስ ክየስተውዓለ ይቕበሎ። እቲ ዝርዝር እንታይነታ ማለት፦ መልክዓ፤ ፍልጠታ፤ መጻኢ ኩነታታ ክፈልጥ ኣይክእልን። ምስናይ እዚ ግን እቲ እምነት ብዛዕባኣ ዝብሎ ይቕበል። ትንሣኤ ነፍሳት እውን ኣእምሮ ከመይ ኢሉ ከም ዝፍጸም ክይሓለኖ፣

እቲ ሥጋ ናብ ሓመድ ምስ ተለወጠ ከመይ ኢሉ ከም ዝምለስ ከይተረዳእና፥ ብእምነት ኢና እንቕበሎ። ኻኽን ርድኣውን ኣገዳሲ ኣይኮነን፥ እቲ ኣገዳሲ ንዕኡ ብእምነት ምቕባል ኢዩ።

*ኣእምሮ ነቲ እምነት ዝሀበና ይቕበሎ።*

እምነት ልዕሊ ኣእምሮ ደረጃ የብጽሓና።

ኣእምሮ ክኣ ነዚ ደረጃ እዚ ተቐቢሉ ይገልጾ።

እምነት እቲ ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ነገራት፥ ከምቲ ኣምላኽ ንነብያት ዝተዛረቦም፥ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብምግላጽ ኢዩ ዝቕበሎ።

## *ብሓቂ ንእምን*

እዚ እምነት እዚ ካብቶም ኣመንቲ ዝኾኑ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ዝወረስናዮ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ደጊምስ ንሕና ብሓቅነትን ብልባዊ ዕግበትን፥ ኣመንቲ ደኣ ኢና። እወ፥ ብኹሉ ሓቅነትን ብኹሉ ተኣማንነትን። ንእምነት ክኣ ብትሕትና ልብን ብግርህነትን ምቕባል የድልዮ።

ገለ ሰባት ኣእምሮኦም ስለ ዝዓበየ፥ እቲ ናይ እምነት ግርህነት ካብኦም ጠፍአ።



ሀፃን ኣማኒ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብታ ተጠራጣሪት፤ ንዝኾነ ነገር ኣብ ሕቶ እተቕርብ፤ ኣብ ዝኾነ ነገር እትካታዕ፥ ደረጃ ኣይበጽሐን። ጸሎት ምስ እትምህሮ ምሳኻ ይጽሊ፥ ኣብ ጸሎቱውን ንኣምላኽ ይዛረቦ። እዚ ከይረኣኽዎ ዝዛረቦ ዘሎ ኣምላኽሲ፥ መን ኢዩ?.... ኢሉ እውን ኣይሓተካን። እቲ ዘስደምመኒ፥ እቶም ንህፃናት ስለ ዘይኣምኑ ኣይነጠምቖምን ኢና፥ ዝብሉ ፕሮቴስታንት (ከኒሻ) ኢዮም። ብኻ ከምቲ ናይ ህፃናት እምነት ምሃለዎም!!

እቲ ዘገርም፥ ኣእምሮ ከም መጠን እምነት ዝዓቢ ምዃኑ ኢዩ። ህፃን እንዳ ዓበየ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፥ ይጠራጠርን ይካታዕን....። እምበኣርከስ ኩሉ እቲ መሠረት እምንነት፥ ብህፃንነቱ እንከሎ ኣብ ነፍሱ ምትካል እቲ ዝሓሸ ኢዩ። ህፃን ብእምነቱ ካብ ኣእምሮኡ ፍልጠቱ ዝሓየለ ኢዩ። ወይ እምነቱ ንኣእምሮኡ ብደረጃኡ ይዓብዮ ኢዩ።

*እቲ ብዘይ እምነት ዝነብር ኣእምሮ ይዋእ ኢዩ።*

ሓደ እዋን፥ ሓደ እምነት ዘይብሉ ፈላስፋ፥ ብሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ ኩሓልፍ ከሎ፥ ንሓደ "ተንበርኪኹ ናብ ሰማይ ኣእዳዉ ኣልዒሉ፥ ብዓቢ ተመስጦ ዝጸሊ ዝነበረ" ሓረስታይ ረአዩ። እቲ ፍላስፋ ብጣዕሚ ተደነቐ። ከምዚ

ድማ በለ፦ ልክዕ ከምዚ ናይ እዚ "ብኸሉ ሓይሉ፤ ካብ ልቡ ... ነቲ ዘይርአ ህያው ዝዛረብ.... ዘሎ!!" ገርሀኛ ሓረስታይ እምነት፥ ከሀበኒ ዝኽእል እንተ ኣሎ ንፍልስፍ ናይ ኩሓድግ ድልው ኢየ።

*ብሓቂ ንኣምን.......ብመን ንኣምን?*

## *ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን*

ብቅድሥት ሥላሴ ንኣምን፥ ምስናይ እዚ ግን ብሓደ ኣምላኽ ኣመንቲ ኢና። "ብስም ኣቦን ወዲን መንፈስ ቅዱስን" ኣብ እንብለሉ እዋን፥ ብድሕሪኡ ኣስዒብና "ሓደ ኣምላኽ ኣሜን" ኢና ንብል።

ብሓደ ኣምላኽ ምእማን እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ "ካብ ዓሰርተ ትእዛዛት" ኢዩ። ጐይታ ከምዚ ይብል፦ "ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኢየ....። ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣየሃልዉኻ።" (ዘፅ.20፥2-3), (ዘዳ.5፥6-7)። ኣብ መጽሓፈ ትንቢተ ኢሳይያስ፥ ብዛዕባ ሓደነት ኣምላኽ ዝገልጹ፥ ብዙሓት ጥቕስታት ኣለዉ። ንኣብነት "ቅድመይ ኣምላኽ ኩቶ ኣይተደኮነን። ድሕረይ ከኣ ኣይኽኸውንን ኢዩ። ኣነ፥ ኣነ ኢየ እግዚኣብሔር፥ ብጀካይ ካልእ መድሓኒ የልቦን።" (ኢሳ.43፥10-11)። ከምኡውን እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ተመልከት። (ኢሳ.44፥6-9), (ኢሳ.46፥9), (ኢሳ 48፥12)።

*ከምኡውን ሓዲሽ ኪዳን፥ ብዛዕባ ሓደነት ኣምላኽ ይዛረብ።*

ከምዚ ይብል፦ "እቶም ኣብ ሰማይ ዝምስክሩ፥ ሠለስተ ኢዮም። ኣብ፤ ቃል፤ መንፈስ ቅዱስ፥ ሠለስቲኦም ከኣ ሓደ ኢዮም።" (1ዮሓ.5፥7)።

ከምኡውን ሓዋርያ ቅዱስ ያዕቆብ ከምዚ ይብል፦ "ንስኻስ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ምዃኑ ትኣምን ኣሎኻ፥ ጽቡቕ ገበርካ፥ ኣጋንንቲውን ይኣምኑን ይንቅጥቀጡን ኢዮም።" (ያዕ.2፥19)። ኣብዚ ነቲ ናይ ኣእምሮ እምነት ድኣ እምበር፥ ነቲ ልባውን ተግባራውን እምነት ኣይኮነን ዝገልጽ ዘሎ። እቲ ብሓደ ኣምላኽ ዘይኣምን፥ ደረጃ እምነቱ ካብ ኣጋንንቲ ዝንኣሰ ኢዩ!።

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስውን፦ "ስለዚ ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ፥ ብስም ኣቦን ወዲን መንፈስ ቅዱስን እና ኣጥመቕኩም ...." (ማቴ.28፥19)። ኣብ ዝበለሉ እዋን፥ ብስም ደኣ ኢዩ ዝበለ እምበር፥ ብኣስማት .... ኣይበለን።

*ንሕና ብሓደ ኣምላኽ እምበር፥ ብብዙሓት ኣማልኽቲ ኣይንኣምንን ኢና።*

ሓደ ሰብ፥ ሠለስተሲ ከመይ ኢሎም ሓደ ክኾኑ ይኽእሉ?፥ ምስ ዚብል። ኣብ ፍቕዲ "1+1+1=3" እምበር "1" ኢዩ ኣይብሃልን ኢዩ ንብሎ። ግን "1x1 x1=1" እምበር "3" ኣይኮነን። ንኣብነት ወዲ "ኣነ ኣብ ኣቦ ከም ዘሎኹ፥ ኣቦውን ኣባይ...." ከም ዝበለ (ዮሓ.14፥10) ከምኡውን "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና" (ዮሓ.10፥30) ይብል።

ንሕና ንኣምላኽ ምስ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይነጻምዶን ኢና፥ ኣብቲ ኣምላኽነቱ ከኣ ካልእ ዝሓብሮ የልቦን።

*ቅድሥት ሥላሴ ማለት ምብዛሕ ኣማልኽቲ ማለት ዘይኮነስ፥ ናይቲ ሓደ ኣምላኽ እንታይነቱ ብንጹር ፈሊኻ ምርዳእ ማለት ኢዩ።*

ኣምላኽ ገዛእ ነፍስን (ርእሱ) ኣእምሮን መንፈስን ኣለዎ። ኣምላኽውን ብኣእምሮኡን ብመንፈሱን ሓደ ህልዊ ኢዩ። ከምኡውን እቲ ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ሰብ፥ ገዛእ ነፍስን ኣእምሮን መንፈስን ኣለዎ፥ ሠለስቲኦን ከኣ ሓደ ኢየን። ከምኡውን ኣብ ሓዊ፦ ገዛእ ርእሱ እቲ ሓዊ፤ እቲ ካብኡ ዝወለድ ሙቐት፤ ከምኡውን እቲ ካብኡ ዝምንጩ ብርሃን ንመልከት። ሓውን ሙቐቱን ብርሃኑን ሓደ ህልዊ ኢዩ። ከምኡውን ፀሓይ ምስ ሙቐታን ብርሃናን ሓንቲ ህልውቲ ኢያ። እግዚኣብሔር



ኣቦውን ብገዛእ ነፍሱ ኣምላኽ ኢዩ። እግዚኣብሔር ወዲ እቲ ናይ ኣእምሮ ድምጺ፥ ቃል ኣምላኽ ኢዩ። ወይ ዘድምፅ ኣምላኻዊ ኣእምሮ፥ እሱ ከኣ ጥበብ ኣምላኽ ኢዩ። (1ቆሮ.1፥24)። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ምስ መንፈሱ ሓደ ህልዊ ከም ዝኾነ ብሩህ ኢዩ። ከምኡውን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምስ ኣእምሮኡ ሓደ ህልዊ ኢዩ ....።

*እቶም ኣብ ብዙሓት ኣማልኽቲ ዝኣምኑ፥ ኣብቲ ኣምላኻዊ ርድኢት ምስ ሥነፍልጠታዊ-ርትዒ ተጻረርቲ ይኾኑ ኣለው።*

እንተ ደኣ ብዙሓት ኣማልኽቲ ኣልዮም፥ መናም ኢዩ እቲ ዝሓየለ?። እቲ ሓደ ካብኦም ዝሓየለ ምስ ዝኸውን፥ ንሱ ኣምላኽ ክኸውን ኢዩ። እቶም ዝተረፉ ግን ኣማልኽቲ ኣይኮኑን። ነፍሲ ወከፎም ሓደ ዓይነት ሓይሊ እንተ ደኣ ሃልይዎም ግን፥ ነፍሲ ወከፎም ብሓይሊ ናይቲ ካልእ ይውሰን። ብኻልእ ኣዘራርባ፥ ነፍሲ ወከፎም ብጀካ እቲ ኣብቲ ኣምላኽነቱ ዝሓብሮ፥ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት ሓይሊ ኣለዎ ማለት ኢዩ። በዚ ኣገባብ እዚ ዋላ ሓደ ካብ ኣቶም ኻኸሉ ነገር ዝመልኽ ስለ ዘየልቦ፥ ዋላ ሓደ ካብ እዞም ኣማልኽቲ እዚኦም፥ ንበይኑ ተፈልዩ ኣምላኽ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።

ልክዕ ከምዚውን ብዛዕባ ምፍጣር፦ ብዙሓት ኣማልኽቲ እንተለዉ፥ መኖም ኢዩ እቲ ፈጣሪ?፥ ሓደ ካብኣቶም እንተ ኰይኑ፥ ንሱ ንበይኑ ኻኸሉ ፈጣሪኡ ስለ ዝኾነ፥ ንሱ ኣምላኽን ኩሉ ፍጥረት ዝኸተሎን ክኸውን ኢዩ። እቶም ካልኦት ግን ኣማልኽቲ ኣይኮኑን ....። እዚ ፈጣሪ እዚ ኻኸሉ ዝፈጠረ እንተ ኰይኑ፥ ኑቶም ካልኦት ኣማልኽቲ ንሱ ድዩ ዝፈጠሮም? ፈጢርዎም እንተ ኰይኑ ኣማልኽቲ ኣይኮኑን። እንተ ዘይፈጠሮም ግን፥ እቲ ናይ ምፍጣር ዓቕሙ በቶም ካልኦት ኣማልኽቲ ዝተወሰነ ክኸውን ኢዩ። እንድሕሪ ውሱን ኰይኑ ከኣ ኣምላኽ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።

ኑቲ ዝተረፈ መግለጺ ኣምላኻዊ ባህርያት.... ብኸምዚ ኣገባብ ምስ እንግንዘቦ፥ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን ምስ ንብል ስነ-ፍልጠታውን ርትዓውን ውጽኢት ክሀልወና ኢዩ።

ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን፥ እግዚኣብሔር ኣቦ፦

## *እግዚኣብሔር ኣቦ*

እምበኣርከስ ጸሎተ ሃይማኖት ንቅድስት ሥላሴ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ሥላሴ በብውልቂ ፈልዩ ምግላጽ ክጅምር



ኢዩ። ብእግዚኣብሔር ኣቦ ንጀምር።

*ኣብ ቅድስት ሥላሴ እግዚኣብሔር ኣቦ፥ ኣቦ ኢዩ፥ ንሱውን ናይ ኩሎም እቶም ብእኡ ዝኣምኑ ዘበሉ ኣቦ ኢዩ።*

ንሱ እቲ ዘይረአ ህልዊ ኣምላኽ ኢዩ። ኣብ (ዮሓ. 1፥18) "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፥ እቲ ኣብ ሕቝፊ ኣቦ ዘሎ ሓደ ወዲ፥ ንሱ ኣግሃዶ" ይብል። ማለት ብዛዕብኡ ሓበረና። ንሕና ንኣቦ ክንርእዮ ኣይ ንኽእልን ኢና፥ ግን በቲ ከም ደቂ ሰባት፥ ብመልክዕ ሰብ ዝተሠገወ ወዱ፥ ኣቢልና ንርእዮ። "ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ እንከሎ፥ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ከም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፥ ሰብውን መሰለ፥ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኽበ፥ ርእሱ ክሳብ ሞት ኣትሓተ፥ ክሳብ ሞት ኣብ መስቀል እኳደኣ ተኣዘዘ"። (ፊሊ.2፥6-8) ስለዚ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተገልጸ ራኢያት ኩሉ፥ እግዚኣብሔር ወዲ ኢዩ። ምኽንያቱ ንኣቦ ዋላ ሓደ እካ ዝረኣዮ የልቦን።

*ገለ ሰባት "ኣምላኽ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ጥራይ ኢዩ ውሉድነት ዝሃበና፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ግን ጐይታ ደኣምበር ኣቦ ኣይነበረን" ኢሎም ብሓሳቦቶም*

*ዘጋገዩ ኣለው።*

ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳንውን ኣቦኑቱ ገሊጹ ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ ነቢዩ ኢሳይያስ ከምዚ ይብል "ንውሉድ ኣዕቢኽዎምን ኣልዓልክዎምን ንሳቶም ግና ካባይ ዓለዉ" (ኢሳ.1፥2)። እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ከኣ ከምዚ በልዎ። "ኦ እግዚኣብሔር ንስኻ ኣቦና ኢኻ፥ ንሕና መሬት ኢና ንስኻ ድማ ሠራሒና ኢኻ፥ ኲልናውን ግብሪ ኣእዳውካ ኢና" (ኢሳ.64፥8)። እወ ቅድሚ ታሪኽ ማይ ኣይኂውን መጽሓፍ ከምዚ ይብል "እቶም ደቂ ኣምላኽ ድማ፥ ኣነን ኣዋልድ ሰብ፥ መልክዔኛታት ከም ዝኾና ረአዩ" (ዘፍ. 6፥2)። ደቂ ሴት፥ ካብተን ኣዋልድ ሰብ... ተባሂለን ዘለዋ ኣዋልድ ዘርኢ ቃኤል ንምፍላይ፥ ደቂ ኣምላኽ ተባሂሎም ተሰምዮም ኣለዉ። ከምኡውን ኣብ መጽሓፈ ምሳሌ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል "ወደየ ልብኻ ሃበኒ..." (ምሳ.23፥26)። ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ጐይታን ኣቦን ኢዩ ዝነበረ። ኣብ ሓዲሽ ኪዳንውን ልክዕ ከምኡ ኢዩ። ንሱ፥ ንሱ ኢዩ፥ ዝምድንኡ ምስ ደቂ ሰብ ኣይተቐየረን...።

*ይኹን እምበር እቲ ኣቦኑቱ ንዓና፥ ከምቲ ንእግ ዚኣብሔር ወዲ ኣብ ሥሉስ ቅዱስ ዘለዎ ኣቦነት ኣይኮነን።*



ብዛዕባ እቲ "ሓደ በይኑ ወዱ" ዝብል ኣብ እንዛረበሉ ጊዜ ድማ ክንገልጾ ኢና።

እግዚኣብሔር ኣቦና ካብ ኰነ፥ ልክዕ ከምቲ ኣቦ ምስ ደቁ ዝገብሮ ከምኡ ምሳና ይመላለስ። ንሕናውን ልክዕ ከምኡ ከም ኣቦ፥ ብዅሉ ፍቕርን ኣኽብሮትን ተኣዚዝናትን... ክንስዕቦ ይግብኣና። ኣቦና፥ እቲ ብማይን ብመንፈስ ቅዱስን ካልኣይ ግዜ ካብኡ ምስ ተወለድናሉ፥ ንዓና ኣቦኑቱ ዝሃበና ኢዩ። "ንሱ ብምሕረቱን ምሕጻብ ሓዲሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን ኢዩ....።" (ቲቶ.3፥5)።

ንሱሲ እቲ ኻኹሉ ዝመልኽ እግዚኣብሔር ኣቦ ኢዩ።

## *ኻኹሉ ዝመልኽ*

ንሱ ኻኹሉ ፍጥረት ዝመልኽ ኢዩ። ካብቲ ዝወጠኖን ካብ ፍቓዱን ወጻኢ ዝኾነውን የልቦን።

"ኩሉ ፍጥረት" ማለት ብጠቕላላ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ፥ ህይወት ዘለዎ ይኹን ወይ ግኡዝ፥ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ምልኩ ኢዩ ዝጠቓለል። ከምኡውን ንመላእኽትን ኣጋንንትን የጠቓልል ኢዩ።

*ኣምላኽ ካብቲ ሕሉፍ ምሕረቱን ርኅራኄኡን፥ ኣቐዲሙ ነጻ ድሌት ሂቡና።*

በዚ ነጻ ድሌትና ንትእዛዙ ክንእዘዞ ወይ ክንኣብዮ ንኽእል። ኩሉ ሥራሕና ከኣ ኣብ ትሕቲ ምልኩ ኢዩ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ፥ ኣብቲ ናይ መዘከርታ መጽሓፍ ጽሑፍ ኢዩ። (ሚል.3፥16)። ኣብቲ ኻኾሉ ከከም ግብሩ ምእንቲ ክፈዲ ዝመጻሉ ጊዜ፥ ብእኡ ገይሩ ክጸባጸበና ኢዩ። (ማቴ.16፥27)። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ካብኡ ዝወረዶ መቕጻዕትታት ዝመዝገበልና፥ ኣብ መሬት ከሎናውን ዝፈርደና ኢዩ። ነኣብኮት መቕጻዕቲ ማየ-ኣይኂ። (ዘፍ.6,7፥1-24)። መቕጻዕቲ ሰዶምን ገሞራን፥ (ዘፍ.19)። መቕጻዕቲ ቆሬንዳታንን ኣቢሮንን፥ (ዘኁ.16)። ብዙሕ መቕጻዕቲ ንጉሥ ግብጺ ፈርዖን ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምጥሓሉ (ዘፅ.14) ከምኡውን መጽሓፍ ቅዱስ ብተወሳኺ ነቲ ኣብቶም ኣምላኽ ዘፍቅሮም ምስ ሓጥኡ ዝወረደ መቕጻዕቲ ሓበረና። ነኣብኮት መቕጻዕቲ ዳዊት። (2ሳሙ.12)።

*ሰይጣን ከኣ ፍጡርን ኣብ ትሕቲ ምልኪ ኣምላኽ ዘሎን ደኣምበር፥ ናይ ክፉኣት ኣምላኽ ኣይኮነን።*

ኣምላኽ ንሰይጣን ካብ ሥርሑ ክባችኾ ወይ እውን ዘይሓልፎ ደረት ክገብረሉ ምስ ዝደሊ፥ ክገብር ይኽእል ኢዩ። ኣብ ታሪኽ እቲ ጻድቕ እዮብ፥ ሰይጣን ንእዮብ ንምፍታን ፍቓድ ክሓትት ንርእዮ። ንእዮብ ካብቲ እግዚኣብሔር ዝወሰኖሉ ደረት ሓሊፉ ኣይፈተኖን። ኣብ መጀመርታ ፈተና፥ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ንብረትን ገዛን እዮብ፥ ኢዱ ኸዘርግሓሉ ፍቓድ ሃቦ። ኣይሰገሮን ከኣ። (ኢዮ.1)። ኣብ ካልኣይ ፈተና፥ ኣብ ሥጋ እዮብ ኢዱ ንኽዘርግሕ፥ ንነፍሱ ግን ከይትንከፎ እግዚኣብሔር ፍቓድ ሃቦ። (ኢዮ.2፥6)። ከምኡውን ኮነ።

ከምኡውን ኣብ ታሪኽ ናይ ለጌዎን፥ እቶም ሰይጣውንቲ ንጐይታ ናብተን መንሰ ሓሰማታት ክኣትዉ ለመንዎ። ፈቐደሎም ደማ። (ማር.5፥12-13)። እዚ ድማ ዋላውን ኣብ ሓሰማታት ምእታው ብዘይፍቓድ ጐይታ ዋላሓንቲ ሓይሊ ከም ዘይብሎም የረድኣና። ኣብ ራእይ ዮሓንስ እግዚኣብሔር ንመልኣኹ ልኢኹ ንሰይጣን ንሽሕ ዓመታት ኣሰሮ። ብድሕሪ እዚ ሽሕ ዓመታትውን ካብ ማእሰርቱ ፈትሖ። (ራእ.20፥2-7)።

ጐይታና ንደቀ መዛሙርቱ ሰይጣውንቲ ኸውጽኡ ሥልጣን ከም ዝሃቦም ንርኢ። (ማቴ.10፥1)። እቶም ሰብዓ ኣርድእቲ ድማ፥ ናብኡ መጺኦም ብታሕጓስ፡- “ኢጋንንቲ ድማ ብስምካ ይግዝኡና ኣለዉ” በልዎ። (ሉቃ.10፥17)። ንሕናውን ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣትማንን ዕንቅርቢትን ከምኡውን ኻኾሉ ሓይሊ ጸላኢ ክንረግጽ ሥልጣን

ተዋሂቡና ኣሎ። (ሉቃ.10፥19)። ጸላኢ ማለት ድማ ሰይጣን ማለት ኢዩ።

*እምበኣርከስ ሰይጣን ኣብትሕቲ ቑጽጽር እቲ ኩሉ ዝመልኽ ካብ ኰነ ኣይንፍርሃዮ።*

ምናልባት ግን ሓደ ሰብ፡- “ኣምላኽ ንኹሉ ዝመልኽ እንተ ኰይኑ፥ ስለምንታይ ደኣ ኢዩ እዚ ኹሉ ጭንቀትን ዕንወትን ኣብ ኩሉ ፍጥረተ-ዓለም ዝኸውን ዘሎ?! ኢሉ ምስ ዝሓትት። ”ነቢዩ ኤርምያስ ንእግዚኣብሔር ነዚ ሕቶ ዝመስል ከምዚ ኢሉ ሓተተ፡- “ኦ ጐይታይ እንተ ተማጐትኩኻ እኳ ንስኻስ ጻድቕ ኢኻ ምስናይ እዚውን ብዛዕባ ፍርዲ ክዛረበካ እደሊ ኣሎኹ። ስለምንታይ መገዲ ረሲኣን ዝሰልጥ?! ስለምንታይከ ኩሎም ጠለምቲ ዕድል ዝኾነሎም?!” (ኤር.12፥1)።

ጌዴዎንውን ኑቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከምዚ ብምባል ሓተቶ፡- “ኦ ጐይታይ፥ እግዚኣብሔር ምሳና እንተ ኣልዩ ደኣ እዚ ኩሉ ስለምንታይ ረኸበና?!” (መሳ.6፥13)።

እግዚኣብሔር ምሳና እናሃለወ፥ ንኸንፍተን ዘፍቅደሲ፥ ምናልባት ልክዕ ከምቲ ጻድቕ ዮሴፍ.... ዝኾነ፤ እቲ ብፈተና ኣቢሉ ንገሌና በረኸት ወይ እውን ናይ ምዕጋስ ጸጋ ክውህበና ዝኽእል ጥበቡ ዶኾን ይኸውን ንብል።



*ኣብዚ እምብኣር፥ ኣብ መንጎ ድልየት ኣምላኽን ፍቓድ ኣምላኽን ፍልልይ ኣሎ፥ ክንብል ንኽእል።*

ድልየት ኣምላኽን ትጽቢቱን ዘይውሱን ሠናይ ኢዩ። ምስናይ እዚ ንሱ ነቶም ህይወት ዘለዎም ፍጥረታት፥ ዝተወሰነ ድልየቶም ክፍጽሙ የፍቅደሎም እሞ ይጋጥዩ፥ ሽዑ ናይ ጕድኣት ጠንቂውን ይኾኑ። እዚ ኩሉ ብፍቓድ ኣምላኽ ኢዩ። ምስእዚ ኩሉውን ጐይታ ንኹሉ ዝገብርዎ ይፈልጦ ኢዩ። ስለዚ ክኣ ከም መጠን ንኹሉ ዝመልኽ ይጻባጸቦምን ይቆጻጸሮምን። ይእርሞም ከምኡውን ትዕግስቱ የንውሓሎም።

*ኣምላኽ ኢዱ ይመልስ እሞ ዕዮ ኡኩያት ደው ይብል።*

እቲ ንዓታቶም ዝተዋህበ ናይ ድሌትካ ምፍጻም ፍቓድ ደረት ዘይብሉ ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር እቲ ኩሉ ዝመልኽ ኣምላኽ፥ እቲ ሓደ እዋን ዳዊትን ብጾቱን ናብኡ ብብኽያት ጥርዓኖም፡- “ኦ እግዚኣብሔር ንምኽሪ ኣሒቶፌል ናብ ዕሽነት ክትልውጦ እልምነካ ኣሎኹ” (2ሳሙ.15፥31) እናበሉ ዘቕረብዎ ኢዩ። ብሓቂ እውን ምኽሪ ኣሒቶፌል ከንቱ ኾነ.....።

ከምኡውን ጐይታ ንቕዱሱ ካብ ምኽሪ እኩያት ንምድሓን ብዙሕ ጊዜ ተላዕለ። ስለዚ ድማ ዳዊት ከምዚ

እናበለ ዘመረ “እግዚአብሔር ምሳና እንተ ዘይነብርሲ ሰባት ክትንሥኡና ከለዉ፥ ሓርቖቶም ኣብ ልዕሌና ክነድድ ከሎ፥ ሽዑ ብህይወት ከሎና ምወሓጡና።... ነፍስና ከም ዑፍ ካብ መፈንጠራ ሃዳናይ ኣምለጠት። መፈንጠራ ተበትከ፥ ንሕና ግን ኣምለጥና፥ ረድኤትና ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚአብሔር ኢዩ” (መዝ.124፥2-8)። ጐይታ ንዳዊት ካብ ውዲት ሳኦል ከድሕኖ ኢዱ መለሰ። (1ሳሙ.19፥10)። ንማርዶካይውን ካብቲ ናይ ሓማ ምሥጢራዊ ውዲት ኣድሓኖ። (ኣስ.7፥9-10)። ንምልእቲ ቤተክርስቲያንውን ካብ ምስጓጉ ገዚእቲ ሮማውያን ኣድሒንዋ ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ታሪኽ ቤተክርስቲያንን ምምላስ ኢድ ኣምላኽ ንምዕጋት ውዲት እኩያት ብዙሕ ኣብነታት ክንረክብ ንኽእል ኢና።

*ዋላእኳ እግዚኣብሔር ንገፋዒ ኺጋፍዕ እንተ ፍቀደሉ፥ ዝኾነ ገፋዒ ካብ ኢዱ ኣየምልጥን ኢዩ።*

ኣምላኽ ንዘገፍዑ ይፈርድ ኢዩ። ንሱ ንጉሥ ሳኦል ንዳዊት ኺጋፍዖ ፈቐደሉ፥ ሳኦል ግን ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ኣየምለጠን፥ ስለዚ ንሱን ደቁን ኣብ ከረን ጊልቦዓ ሞቱ፥ ርእሱ ቖሪጾም ኣጽዋሩውን ገፊፎም፥ ሬስኡ ድማ ኣብ ቀጽሪ ቤትሻን ሰቐልዎ። (1ሳሙ.31፥8-1)።

ኣቤሴሎምውን ነቡኡ ዳዊት ገፍዖ። ኣቤሴሎም ግን ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ኣየምለጠን። ኣብ ውግእ ርእሱ ኣብ ቃራና ናይ ሓደ ዓቢዪ ገረብ ዱዋ ተንጠልጠለ። እዮኣብ ድማ ብህይወቱ ከሎ ኣብ ልቡ ሠለስተ ኵናት ወግአ። እቶም ኣጽዋር እዮኣብ ዝስከሙ ዓሰርተ ጐበዛት ድማ ንኣብሴሎም ከቢቦም ቀተልዎ። (2ሳሙ.18፥9-15)።

እግዚኣብሔርውን ቃኤል ተንሢኡ ንሓዉ ኣቤል ክቐትሎ ፈቐደሉ። ኣምላኽ ግን ንቃኤል ብዘይመቕጻዕቲ ኣይሓደጎን። ዝረኸቦ ዘበለ ንኸይቐትሎ እንዳፈርሀ፥ ኣብ መሬት ብመርገም ኮብለለን ጠፍኣን። (ዘፍ.4፥8-14)።

ብዛዕባ እቶም ንቤተክርስቲያን ዘሳጎግዋ ዝነበሩ እንተ ኣንበብና ብዙሕ ዘገርም ክንርኢ ኢና......።

ኣምላኽ መሳኺ ኰሉ ኢዩ። ዋላሓደ ካብ ፍልጡቱን ቍጽጽሩን ዘምልጥ የልቦን፥ ዋላሓደውን ካብቲ ሥልጣኑን ፍርዱን መቕጻዕቱን ከምልጥ ዝኽእል የልቦን...።

*ንሱ ንኹሉ ነገር ዝመልኽ ኢዩ። ንተግባራት ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ንሓሳባትን ድሌትንውን ይመልኽ።*

ንህዋን ገና ኣብ ማሕፀን ኣዲኡ እንከሎ ይመልኽ። ነቲ ሥዉርን ግሁድን፥ ንዝረኣን ዘይረኣን፥ ይመልኽ። ስለዚ ብምኽንያት እቲ ዝወርደካ ጸበባ ኣይትሕዘን። ኢዱ መሊሱ ኣብ ዓለም ፍትሒ ከቕውም ኢዩ። ንዝገፍዑ ክዳንዮም ኢዩ። ንሱ ኢዩ “ንኣካኣብን ንበይቱ ኢዛቤልን፥

ንናቦት ይዝርኤላዊ ስለ ዝቐተልዎ ዝቐጽየም” (1ነገ.21)።

*ምስናይ እዚ ብዙሓት ጸበባን መዓትን ፈተነታትን ጉድኣታትን ቅድሚ ናባና ምብጻሖም፡ ንሕናውን ከይተፈለጠና፡ ኣምላኽ ኽልክለልና።*

ንሕና ኑቲ ኻኹሉ ዝመልኽ ኣምላኽ፡ ብዛዕባ እቶም ካብኦም ከድሕነና ዝራኣናዮም ጸገማት ጥራይ ኣመስጊንና፡ ብዛዕባ እቶም ዘይረኣናዮም ኣዝዩምውን ብዙሓት ክኾኑ ዝኽእሉ ጸገማት፡ ንሱ ኣባና ቅድሚ ምብጽሖም ዝኸልከሎም ዘይምምስጋንና ዘሕፍር ጌጋ ኢዩ።

እቶም ፈተናታትን ጸገማትን ብፍቓዱ ዝርኢዮም ግን፡ ምናልባት እቲ መጽሓፍ ቅዱስ “ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ከም ምኽሩውን ዝተጸውዑ ግና፡ ኵሉ ንሠናይ ከም ዝድግፎም ንፈልጥ ኢና” (ሮሜ.8፡28)። ዝበሎ ዝምልከቶም ኸውን ይኽእል ኢዩ። ከምኡውን “ኣሕዋተየ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተ በጽሓክም ኻኹሉ ከም ሓጐስ ቍጸርዎ” (ያዕ. 1፡2)።

*ኣምላኽ ኵሉ ዝመልኽ ምዃኑ እንተ ፈሊጥካ፡ ክትፈልጦ ዘለካ ንሱ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝኸውን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ካባኻ ዝኾነውን ከይተረፈ ዝመልኽ ምዃኑ ፍለጥ።*

ንሱ ንሓሳባትካ የንብብ፡ ልብኻ ይምርምር፡ ስሚዒት



ድልየትካን ኵሉ ዝስማዓካን ዝፈልጥ ኢዩ።

ካብኡ ዋላ ሓንቲ ነገር ዝሕባእ የልቦን። ንሱ ኢዩ ንነፍሲ ወከፍ መልኣኽ (ጓሳ) ናይ ሸውዓተ ኣብያተክርስቲያናት ከምዚ ዝበሎም “ኣነ ንግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ” (ራእ.2፡2) (ራእ.3፡1)።

እዚ እንተ ፈሊጥካ፡ ካብቲ ኵሉ እትገብሮ ጌጋታትን ካብቲ ኣምላኽ ዝፈልጦ ኵሉ.... ኣብ ልብኻ ዘሎ ሓሳባትን ተመሊስካ ብህይወት ክትነብር ክትድረኽ ኢኻ።

ብዚ ከኣ ካብቲ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ኻኹሉ ዚመልኽ ኣምላኽ ክትሓኝኽ ኢኻ።

## ፈጣሪ ሰማይን ምድርን

“ፈጣሪ” ትብል ቃል ንኣምላኽ ንበይኑ መግለጺቱ ቃል ኢያ፡ ንሱ ካብ ዋላሓንቲ ማለት ካብ ዘየልቦ ፍጡራት ከም ዘቐውም ተሰምዐ።

*እቲ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ኣብ ዝለዓለ መጠን ከበጽሖ ዝኽእል ምሥራሕ እምበር ምፍጣር ኣይኮነን።*

እወ ሰብ ኣብ ዝላዓለ ብልሓቱን ምህሮኡን ፍልጠቱን በጺሑ ኣሎ። መርከብ ህዋ ሠሪሑ ድማ ኣብ ወርሒ

በጽሐ። ኣብ ኣዝዩ ዓቢዪ ናይ ስነ-ጥበብ ምዕባለውን በጺሑ ኣሎ፣ ሰብሲ ሠራሒ እምበር ፈጣሪ ኣይኮነን። ካብቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ነገራት ገይሩ ኢዩ ኩሉ እቲ ምህዞታቱ ዝሠርሖ።

*ሰብ ዝሠርሖ ዘበለ ኩሉ በቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ኣእምሮኡ ገይሩ ኢዩ ዝሠርሖ።*

ስለዚ ጉይታናን መድሓኒናን ገለ ነገራት ከም ዝፈጠረ ምስ እንረጋግጽ፣ በዚ ኣቢልና ኣምላኽነቱ ኢና ነረጋግጽ ዘሎና። ምኽንያቱ ብጀካ ኣምላኽ ካልእ ፈጣሪ የልቦን....። ዋላኳ ብዛዕባ መጀመርታ ፍጥረት ይኹን እምበር፣ ኣብዚ ሕቶ ኣሎና፦ መንኢዩ ንሰማያትን ምድርን ዝፈጠረ? (ዘፍ.1፥2)። ኣቦ ድዩ ወይስ ወዲ? መልስና፦

*ኣቦ ንኹሉ ነገር ብወዲ ገይሩ ፈጠሮ።*

ወዲ ኣእምሮ ናይ ዘድምፅ ኣምላኽ፥ ወይ ድምፂ ኣእምሮ ኣምላኽ፥ ስለ ዝኾነ ንሱ "ክርስቶስ እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ ኣምላኽን" ኢዩ። (1ቆሮ.1፥23-24)። እምበኣርከስ ኣምላኽ ንኹሉ ፍጥረት ብኣእምሮኡ፤ ብድምፁ፤ ብቓሉ፤ ብጥበቡ፤ ማለት ብወዱ ገይሩ ፈጠሮ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ወዲ ዝበሎ ቃል እዚ ዝስዕብ ኢዩ። ".... በቲ ብእኡ ኣቢሉ ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና" (ዕብ.1፥2)።".... ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ ኩሉ ብእኡን ንዕኡን ኢዩ ዝተፈጥረ" (ቈለ.1፥16)። ቅዱስ ዮሓንስውን ኣብ መጀመርታ ወንጌሉ "ብእኡ ኩሉ ኮነ። ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን" (ዮሓ.1፥3) በለ። ንሱ ኣእምሮ ናይ ዘድምፅ ኣምላኽዶ ኣይኮነን?። ኣምላኽን ኣእምሮኡን ከኣ ሓደ ህልዊ ኢዩ...።

ንኣብነት ንሰኻ ንሓደ ዝኾነ ጸገም ፍታሕ ምስ እትረኽበሉ፥ ንሰኻ ዲኻ ነቲ ጸገም ዝፈታሕካዮ ወይስ ኣእምሮኻ? ንሰኻ ነቲ ጸገም ፈቲሕካዮ፥ ኣእምሮኻ ፈቲሕዎ፥ ማለት ንሰኻ ነቲ ጸገም ብኣእምሮኻ ፈቲሕካዮ።

ኣምላኽ ንኹሉ ነገር ስለ ዝፈጠረ፥ ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ኢዩ። እቲ ንኹሉ ነገር ካብ ዘየልቦ ዝፈጠረ፥ ንምውታትውን ካብ ሞት ከተንሥኦም ዝኽእል ኢዩ።

ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ (ዘፍ.1፥1)።

## ሰማይን ምድርን

ሰማይ፥ ንኹሉ እቲ ክብ ዝበለ፥ በሪኽን ዝላዓለን መግለጺትI ኦቲ ብድሩት ዓይንና ክንበጽሖ ዘይንኽእል ዝላዓለ ላዕሊ፥ መስመይት ኾይና.... ኣሉ። ሕቶና እምበኣር ሓደ ሰማይ ድዩ ወይ ብዙሓት ሰማያት ኢዮም ዘለዉ?

መልሱ፦ እቲ ቀዳመይ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ "ኣ ምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ" ኢዩ ዝብ ል። (ዘፍ.1፥1)። እዚ ድማ ብዙሓት ሰማያት ከም ዘለዉ የረድኣና። ክንጽሊ ከሎናውን "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ኢልና ኢና እንጽሊ። (ማቴ.6፥9)።

*ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን "ናብ ሣልሣይ ሰማ ይ" ከም እተመጥቀ ይነግረና። (2ቆሮ.12፥2)።*

ንሱ እቲ ዝበጽሖ ሣልሣይ ሰማይ፥ ገነት ምዃኑ ይገልጽ። (2ቆሮ.12፥4)። ገነት ሣልሣይ ሰማይ እንተ ኰይኑ፥ ቀዳማይን ካልኣይን ሰማይከ ኣየኖት ኢዮም?

ቀዳማይ ሰማይ፦ እቲ ንሕና ናይ ኣዕዋፍ ሰማይ ኢልና እንጽውዖ ንመሬት ከቢብዋ ዘሎ ጠፈር ኢዩ። ማለት ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣዕዋፍ ዝበረሉ ሰማይ ዝተባህለ "ከምቲ ንሰማይ ኣቢሉ ዚነፍር ንስሪ፥" (ምሳ.23፥5)። ነፋርቲውን ንናይ ሰማይ ማዕበላት ኣየር ሰንጢቖን ይበሩ።

ካልኣይ ሰማይ፦ ከኣ እቲ ፀሓይI ወርሒI ከዋኽብ ቲI ከምኡውን ፕላኔታት ዝኾብሩሉ ኣድማስ ኢዩ። ነፋሪ ት ናብ ፀሓይ ክትቀርብ ኣይትኽእልን ኢያ፥ እንተ ዘይኰይኑ ክትነድድ ኢያ። መራኽብ-ህዋ ኣብ ወርሒ ክበጽሓ እኳ እንተ ኽኣላ፥ ገና ኣብ ኣድማስ ብደቂ ሰብ ት ክበጻሕ ዘይተኽእለ ብዙሕ ቦታታት ኣሎ።

ብሰብ ተበጺሑ ዘሎ ፍልጠት ከዋኽብትን ናኣሽቱ ፕላኔታትን እኩባት ከዋኽብትን ብጣዕሚ ንእሽቶ ክንሱስ ብዛዕብኡ ምስ ዝዛረቡ ኽትሰምዮ ብጣዕሚ ዘገርምን ዘደ ንጹን ዘረባ ኢዩ።

*ልዕሊ እዚም ሠለስተ ሰማያት "ሰማየ ሰማያት" ይርከብ።*

ኣብኡ ዙፋን ኣምላኽ ይርከብ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን ብዛዕብኡ "ሰማይ ዙፋን ኣምላኽ ኢዩ እሞ... ኣይትምሓሉ"። (ማቴ.5፥34-35) በለ። እታ ብዛዕበኣ ንኒ ቆዲሞስ "ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ ናብ ሰማይ ዝደየበ ዋላሓደ የልቦን" (ዮሓ.3፥13) ዝበሎ ንሳ ኢያ።

ኤልያስ ንሰማያት ዓሪጉ። ግን ናብታ ንኣምላኽ ንዘይኑ

ጥራይ ዝኾነት "ሰማየ ሰማያት" ኣይዓረገን።

ንጉስ ሰሎሞን ኣብቲ ንምቕባእ ቤተመቕደስ ዝጸለዮ ጸሎቱ ነዚ ሰማየ ሰማያት እዚ ከምዚ እናበለ ይጠቕሶ፡- "እንሆ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ክጸሩኻ እኳ ዘይክእሉ። እዛ ኣነ ዝሠራሕክዋ ቤት ደኣ ግዳ ክንደይ ዘይትንእስ" (1ነገ.8፥27)። ንሕናውን ኣብ ናይ ለይቲ ሰብሓታት ከተብጽሕ እንክሎና ምስ ነብዪ ዳዊት ብመዝሙር ነዚ ሰማየ ሰማያት እዚ ብኸምዚ ንዘክሮ "ንእግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ኣመስግንዎ። ኣብ ላዕሊ (ኣርያም) ኣመስግንዎ። ....ኣቱም ናይ ሰማየ ሰማያትን ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዘሎኹም ማያትን ኣመስግንዎ" (መዝ.148፥1-4)።

*ምስናይ እዚ ኩሉ ከኣ፥ እዞም ኩሎም ሰማያት ሰማይ ተባሂሎም ይጽውዑ።*

እዚ ኩሉ ምብራኽምን ምልዓሎምን። ብዛዕባ ዕረፍቲ ናይታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ኣብ ዓሰርተ ትእዛዛት ከምዚ ተባህለ፡-

"እግዚኣብሔር ብሻዱሸይቲ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ ኩሉ ገይሩ ኢዩ እሞ ብሻብዓይቲ መዓልቲ ኣዕረፈ።" (ዘፍ.20፥11)። ብዛዕባኣ (ንሰማይ) "ሠሪሕዋ" ተባህለ። እግዚኣብሔር ብመጀመርታ ኑቶም ጥረ ነገራት ፈጢሩ። ካብኡ ድማ ኑቲ እንርእዮ



ዘሎና ሰማይን ነዚ ንነብረሉ ዘሎና ምድርን.... ሠርሐ።

*"ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ፈጠረ" ዝብል ቃል፥ ምስ ኩሎም ኣብኣ ዘነብሩ ፈጠራ ማለት ኢዩ።*

ንሱ ሰማይን ኩሎም መላእኽትን፥ ሰማያውያን ሠራዊት ምስ መዓርገምን..... መላእኽቲ ደቂቶ ሊቃነመላእኽቲ ሥልጣናትን ገዛእትን ሓይልታትን ፈጠረ። (ቈሉ.1፥16)።

ሱራፌልን ኪሩቤልን ኩሎም ቍጽሪ ዘይብሎም ሠራዊት ሰማያትን ብእኡ ኢዮም ዝተፈጥሩ።

"ንምድሪ ፈጠረ" ኻኩሎም ኑቶም ኣብኣ ዘነብሩውን ማለት ኢዩ።

*ኻኩሉ "ዝረአን ዘይረአን" ፈጠረ። (ቈሎ.1፥16)።*

እቲ "ዝረአ" ዝብል ቃል ክርድኣና ይኽእል ኢዩ። እቲ "ዘይረአ" ዝብል ቃል ግን እንታይ ማለት ኢዩ?

## *ዘይረአ*

ዘይረአ ማለት ብሰብኣዊ ሕዋሳትና ኣቢልና ክንርኢዮ ዘይንኽእል ነገር ማለት ኢዩ። እዚ ኸኣውን ዝኸኣለ ከኣ እቲ ሰብኣዊ ሕዋሳትና ንነገራት ጥራሕ ስለ ዝርኢ ኢዩ። እቲ ካብ ነገራት ወጻኢ ዝኾነ ግን ኣይርኢዮን ኢዩ።

*፩፡- ንኣብነት “መንፈስ” ሓደ ካብቶም ዘይረኣዩ ኢዩ።*

ካብ መናፍስቲውን፡- መላእኽቲ ኣለው (መዝ.104፥4)። ንሕና ዘይንርኢዮም ብዙሓት መላእኽቲ ክቢቦሙና ይርከቡ። እቲ መልኣኽ ግን ቅርጺ ምስ ዝሕዝ፥ ንሕና ኑቲ ቅርጺ ክንርእዮ ንኽእል። ንመልኣኽ በቲ መንፈሳዊ ባህርያቱ ግን ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና።

በዚ ኣገባብውን ንሰይጣውንቲ፥ ንሶም መናፍስቲ ስለ ዝኾኑ፥ ናይ ክፉኣት መናፍስቲ፥ ወይ ርኹሳት መናፍስቲ (ማቴ.10፥1,8)። ኣይንርኢዮምን ኢና፥ ይኹን ድኣምበር ንሳቶም (ይፋታተኑና) ይቃለሱና ኢዮም። ሰይጣን ብኽርአ ዝኽእል ቅርጺ እንተ ዝርአ፥ ብኹምኡ ምርኢናዮ። ግን በቲ መንፈሳዊ ባህርያቱ እንከሎ ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና። ኣባኻውን ከም ሰብ ክርአ ዝካኣልን ክርአ ዘይካኣልን ሰብነት ኣሎካ። ማለት እታ ኣብ ግዜ ሞት ካብኻ ክትፍለ ከላ ክንርኢያ ዘይንኽእል፥ መንፈስ ኣላትካ።

መንፈስ ናይ ቅዱሳን እንተ ተገለጸልና ግን (ንኣብነት ብተኣምራት) እቲ ቅዱስ ግድን ብነገራዊ... ህዋሳትና ክስትውዓል ዝካኣል ቅርጺ ክወስድ ኣለዎ።

*፪፡- ከምኡውን ኣዚዮም ደቀቕቲ ነገራት ወይ ኣዚዩ ነዊሕ ራሕቂ ዘሎዎም ነገራት ብኣጉሊሖ ዘርኢ መሣርሒ እንተ ዘይኮይኑ ብዓይንና ክንርኢዮም ዘይንኽእል ነገራት ኣለዉ።*

ንኣብነት ከምእኒ ሚክሮብ ዝተባህለ ብዓይንና ክንርኢዮ ዘይንኽእል ኣዚዩ ደቂቕ ፍጥረት። ግና ብማይክሮስኮብ ወይ ብኻልእ መሣርሒታት ጌርና ክንርኢዮም ንኽእል። ኰም ነገራት እዚኣቶምን ብፍላይ ከኣ ምብካል ዝበዝሖ ኣየርን ክንርኢዮም ብዘይምኽኣልና ንኣምላኽ ነመሥግኖ፥ እንተ ዘይኮይኑ ክንነብር ኣይምኽኣልናን ኔርና። ኣየር ብበሰር ከይተረፈ ዝመልአ ኢዩ። ዕድልና ሡናይ ስለ ዝኾነ ኢዩ ዘይንርኢዮም።

ገለ ነገራትውን ሩሑቓት ኢዮም፥ ብምኽንያት ርሕቀቶም ክንርኢዩም ኣይንኽእልን። ብቴሌስኮብን ከምኡ ዝኣመሰሉ መሣርሒን ጌርካ ግን ክረኣዩ ይኽእሉ። ብፍላይ ከኣ ናይ ሰማይ ጠፈራዊ ኣካላትን ኣብኡ ዝርከቡን። መራኽብ-ህዋውን ኣብ ጉዕዞኣን ቅድሚ ሕጂ ክረኣዩ ዘይክእሉ ዝነበሩ ነገራት ክርኢያ ኪኢለን። ይኹን እምበር እቲ ብሳተላይትን በቲ ንህዋ ዝውንጨፍ መሣርሒን ዝተራእየ ኣብ ክሊ እቶም ዘይረኣዩ ጉጅለ ካብ ዝበሃል ኣድማሳዊ ዝርዝር፥ ብጣዕሚ ኣዝዩ ንእሽቶይ ኢዩ።

*፫፥- ካልኣትውን ተሰዊሮም ስለ ዝኾኑ፥ ኣብዚ እዋን እዚ ዘይረኣዩ ነገራት ኣለው። ገለ ካብኣቶም ግን ምናልባት ብዳህሰሳ ክንርኢዮም ንኽእል ንኸውን።*

ንኣብነት ኩሉ እቲ ኣብ ከርሲ መሬት ዝርከብ ማዕድናት፥ እቶም ገለ ካብኣቶም ብብዙሕ ምድህሳስን ምኽዓትን ክንርኢዮም ክኣልና። በዚ ኸምዚ ክኣ ካብ ከርሲ መሬትን ካብ ኣኻውሕን ወርቂ፤ ነሃስ፤ ማግናዝየም፤ ኣልማዝ፥ ክነውጽኦም ኪኢልና። ኩሎም እዚኣቶም ቅድሚ ምርካቦም ኣይረኣዩን ኢዮም ነይሮም።

ብተወሳኺውን እቲ ናይ ዒላታት ነዳዲ ዘይትን ባህርያዊ ጋዝን ብምምርማር ስለ ዝተገለጹልና ክርከቡን ክወጹን ኪኢሎም። ከምኡውን እቲ ክርአ ዘይከኣል ኣብ ማዓሙቕ ማያት ዝርከብ፥ ምውጽኡ ተኻእለ። ስለዚ እቲ ዘይርአ ዝነበረ ዝርአ ኰነ።

ኣብዚ ክፍለ ዓንቀጽ እዚውን እቶም ኣብ ውሽጢ ኣካላት ደቂ-ሰብ እንከለዉ ዘይረኣዩ ዝነበሩ ነገራት ክንውሸኽ ንኽእል። ብራጂን ካታስካንን ብ "ምሦሕ" ን ብናይ ሕክምናዊ መሣርሒታት ክረኣዩ ተኻኢሎም።

*፬፥- ኣምላኽ ኣብ ባህርያት ሰብ ዘሎ፥ ፍልይትን ዘይትረኣን ግን ብተግባራ እትግለጽ ሀልውና ኣላ።*



ካብኣቶም ኣእምሮ፥- ንሰኻ ዘይትርእዮ ክንሰኻ ሥርሑ ግን ይገልጾን የመልክተሉን። ሕሊናውን ከምኡ ኣይትርእዮን ኢኻ፥ ሥርሑ ግን ይሕብረሉ (የፍልጦ) ኢዩ።

*፭፥- ከምኡውን እቶም ብኣምላኽ ንወዲ ሰብ ዝተዋህቡ ህያባት።*

ንሰኻ ንህያባትካ ክትርእዮ ኣይትኽእልን፥ ሥራሕ ናይ እቲ ህያብ ግን ክረአ ይከኣል....።

ኣምላኽ ንገለ ሰባት ጥበብ ወይ እምነት ይህቦም (1ቆሮ.12፥1-31)። ንሕና ግን ንጥበብ ወይ ንእምነት ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና። ግን በቲ ንህላዌ ነፍሲ ወከፎም ዝገልጽ ሥርሑ ክንርእዮ ንኽእል ኢና....።

*እቲ ንእግዝዚኣብሔር ኣቦ ጥራይ ዝምልከት ክፍሊ ጸሎተ ሃይማኖት ኣብዚ ይውዳእ።*





# ብሓደ ጐይታ
# ኢየሱስ ክርስቶስ
# ንኣምን

*ካብዚ ቐጺሉ ብዛዕባ ወዲ መግለጺ ክጀምር ኢዩ።*

ብመጀመርታ፦ ብሓደ ጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንአምን።

## ብሓደ ጐይታ ንኣምን

ረቡኒ ዝብል ቃል ጐይታይ፤ ኣምላኸይ ማለት ኢዩ። ኣብ ጸሎትና እ ጐይታ ክንብል ከሎና እ ኣምላኽ ማለትና ኢዩ...።

ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ጐይታ እትብል ቃል ኣምላኽ ከም ንምባል ተጠቒምናላ።

*ኣምላኽነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምግላጽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፥ ጐይታ (ረቡኒ) ተባሂሉ ተጻዊዑ ኣሎ።*

ንኣብነት ብዛዕባ እታ ተርዕድን ተፍርህን መዓልቲ ፍርዲ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ይብል፦ "ብታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ጐይታይ! ጐይታይ! ብስምካ እተነበናዶ ኣይኮናን ኢጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን ብስምካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን ክብሉኒ ኢዮም። ሽዑ ኣነ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ ከቶ ኣይፈልጠኩምን ኢየ ካባይ ረሓቑ ክብሎም ኢየ (ማቴ.7፥22-23)።



ብዛዕባ እቲ መወዳእታ ፍርዲ ኣብ (ማቴ.25፥37-44) ክዛረብ ከሎ ልክዕ ሓደ ዓይነት ቃል "ጐይታ" ዝብል ተጠቒሙ ኣሎ።

ኣብ ናይ ክብሪ ዝፋኑ ንፍርዲ ተቐሚጡ ከሎ ኢዩ እዚ ዝተባህሎ። (ማቴ.25፥31)። ልክዕ ከምዚውን ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣብቲ ናይ ሥማእትነቱ ጊዜ እ ጐይታይ ኢየሱስ መንፈሰይ ተቐበል" በሎ (ግብ.7፥59)።

ሓዋርያ ጳውሎስ ኣምላኽነት ጐይታ ንምግላጽውን ኣብቲ ብዛዕባ ምፍጣር ዝምልከት "ጐይታ" ዝብል መዓርግ መጸውዒ ተጠቒሙ። "...ኩሉ ብእኡ ዝኾነ ንሕና ከኣ ብእኡ ዝኾንና ሓደ ጐይታውን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሎና" (1ቆሮ. 8፥6)።

ከምኡውን ንሱ "ጐይታ ሰንበት" ተባሂሉ ኣሎ። (ማቴ.12፥8) ከምኡውን "ጐይታ ክብሪ" (1ቆሮ.2፥8) ተባህሉ። "ጐይታ" ትብል ቃል ኣብቲ ተኣምራት ዝገበረሉ ዝነበረ ጊዜያት መጸውዒ ተጠቒመላ።

"ኣምላኽነት ክርስቶስ" ኣብ ዝብል መጽሓፍ ካብ ገጽ "51-59" ተመልከት።

*ካብቲ ኣብዚ ነጥቢ ጽቡቕ ዝበሃል፥ መዓርግ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ጐይታ" ጥራሕ ተባሂሉ ኣይኮነን ዝስመ፥ "ጐይታ ጐይቶት" እውን ተባሂሉ*

*ኢዩ። (ራኢ.19፥16)።*

ከም እንደገናውን ኣብ (ራኢ.17፥14) "...እቲ ገንሸል ግና ጐይታ ጐይቶትን ንጉሥ ነገሥታትን ኢዩ እሞ ክስዕሮም ኢዩ"። ዝብል ተደጊሙ ንረክቦ። ኣብ መጽሓፍ ዘዳግም ከኣ እዚ መጸውዒ መዓርግ እዚ ንኣምላኽ ንበይኑ ጥራሕ ከም ዝምልከት የመልክት። "እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ንሱ ኣምላኽ ኣማልኽቲ፣ ጐይታ ጐይቶት፣ እቲ ዓቢዩ፣ እቲ ሓያል፣ እቲ ዘፍርህ ኣምላኽ፣ ገጽ ርኢዩ ዘየዳሉ፣ መማለዲ ከኣ ዘይቕበል ኢዩ።" (ዘዳ.10፥17)።

*ግንከ ገለ ገለ ሰባት ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኣቦ ስለ ዝንእስ ኒታ "ጐይታ" እትብል ቃል ኣብ ክንዲ "ኣምላኽ" ትብል ቃል ምጥቃም ከም ዝሓይሸ!! ኢሎም ክዩሓስቡ። መልሱና ከምዚ ኢዩ፦*

፩፦ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ጐይታን ኣምላኽን ዝብሉ ክልተ መዓርጋት ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝተዋህቡ ተጠቒሱ ኣሎ። "ንሕና ብሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን" ቀጺሉውን "ካብ ሓቐኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ።" እዚ ቃል እዚ ብድሕሪ ትንሣኤኡ ብቅዱስ ቶማስ ንጐይታ ዝተባህለ የዘክረና።

ቶማስ መሊሱ "ጐይታይን ኣምላኽይን" በሎ። (ዮሓ. 20፥28)።



፪፦ ነፍሲ ወከፍ ሥላሴውን፦ ከምቲ ንወዲ፥ ከምኡ እውን ንኣቦን መንፈስ ቅዱስን በዚ "ጐይታ" ብዝብል መዓርግ ይጽውዑ። ብዛዕባ ኣቦ ከምዚ ይብል፦ "ሽዑ ንጉሥ ዳዊት ኣትዩ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ተቐሚጡ ከምዚ በለ። ...ኦ ጐይታ ክሳዕ ክንድዚ ዘብጻሕካኒስ ኣነ መን ኢየ፥ ...ኦ ጐይታ ቤቲ ባእዳንና ዝሰማዕናዮ ኩሉ ከማኻ የልቦን፥ ብጀኻኻ ድማ ኣምላኽ የልቦን" (1ዜና.17፥16,19,20)።

ከምኡውን ብዛዕባ ንጉሥ ሳኦል ከምዚ ዝስዕብ ተባሂሉ፦ "መንፈስ ጐይታ ድማ ካብ ሳኦል ረሓቐ። ካብ ጐይታ ድማ ክፉእ መንፈስ የሳቕዮ ነበረ" (1ሳሙ.16፥14) ን (ኢሳ.61፥1)።

ኣብ ጸሎተ ሃይማኖትውን ንመንፈስ ቅዱስ "ወሃቢ ህይወት ጐይታ" ተባሂሉ ኣሎ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሥላሴ ጐይታን ኣምላኽን ኢዩ።

፫፦ እታ "ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን፥ እግዚኣብሔር ኣቦ" እትብል ቃል፥ ብሓደ ኣምላኽ እቲ ቅድስት ሥላሴ ከም እንኣምን ኢያ እተረድእ። ብድሕሪ እዚ ከኣ ጸሎተ ሃይማኖት ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ ይገልጽ።

እግዚኣብሔር ኣቦ ይብል፥ ኣስዒቡ ከኣ ሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ...።

## ኢየሱስ ክርስቶስ

ኢየሱስ እትብል ቃል መድሓኒ ማለት ኢያ።

ብዛዕባ ልደቱ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ። "...ንሕዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ከድሕኖም ኢዩ እሞ፥ ስሙ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኺ" (ማቴ.1፥21)።

ክርስቶስ እትብል ቃል ድማ ከም ንጉሥን ካህንን ነቢዩን ኰይኑ ከም ዝተቐብአ የመልክት። ብዛዕብኡ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ከምዚ ይብል "ንትሑታት ብሥራት ከበሥርሲ እግዚኣብሔር ቀቢኣኒ ኢዩ እሞ፥ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ኢዩ። ንስቡራት ልቢ ኸዘንን ንመሩኻት ሓርነት ንእሱራት ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ" (ኢሳ.61፥1)

*ክርስቶስ (መሲሕ) ዝብል ስያመ ንኸሉ እቲ ብነቢዩ ቅዱስ ቅብኢ ዝተቐብአ ዘበለ፥ ካህን ይኹን ንጉሥ ወይ ነቢዩ ዝወሃብ ዝነበረ ቃል ኢዩ።*

ሊቀ ካህናት ኣሮን፥ ብመሠረት ትእዛዝ እግዚኣብሔር ብነቢዩ ሙሴ ክህነታዊ ቕብኣት ተቐብአ። "ንኣሮን ነቲ ቅዱስ ኣልባስ ክዲንካ ካህነይ ክኸውን ቅብኣዮን ቀድሶን። ንደቁ ከኣ ኣቕሪብካ ቀመሚሽ ታሕቲ ክደኖም ንኣቦኦም ከም ዝቐባእካዮ ኣኺታቶም ድማ ካህናተይ ክኾኑ ቅብኣዮም።..." (ዘፅ.40፥13-15)። ሙሴ ድማ ከምኡ ገበረ። "ናብ ርእሲ ኣሮን ከኣ ካብ ዘይቲ ቅብኣት ከዓወሉ ምእንቲ ክቕድሶ ድማ ቀብኦ" (ዘሌ.8፥12)።

ከምኡውን ነገሥታት ብልቃጥ ዘይቲ ይቕብኡ ነበሩ። "ነቢዩ ሳሙኤል ንሳኦል ብልቃጥ ዘይቲ ወሲዱ ናብ ልዕሊ ርእሱ ኣፍሰሰሉ እሞ....፥ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ" (1ሳሙ.10፥1-10)። ከምኡውን ሳሙኤል ንዳዊት ምስ ቀብኦ መንፈስ ጐይታ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ፥ (1ሳሙ. 16፥13)።

ብዛዕባ ምቕባእ ነቢያት ከኣ ንኣብነት ጐይታ ንነቢዩ ኤልያስ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞ፦ "....ንኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ በዓል ኣቤል ሚሆላ ድማ ኣብ ክንዳኻ ነቢዩ ክኸውን ቅብኣዮ.." (1ነገ. 19፥16)። ከምኡ ከኣ ኰነ።

*ኩሎም እዞም ዝተቐብኡ "ቅቡእ ጐይታ" ተባሂሎም ይጽውዑ ነበሩ።*

ንጉሥ ሳኦል ንዳዊት ክቕትሎ ደልዩ ኣብ ዘሳጕጐሉ ዝነበረ እዋን፥ ኣብ ኢድ ዳዊት ወደቐ እሞ፥ እቶም ምስ ዳዊት ዝነበሩ ብጾቱ ንሳኦል ክቕትሎ መኸሩዎ። ዳዊት ግን "ንሱ ቕቡእ እግዚኣብሔር ኢዩ እሞ ንጐይታይ ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሔር ኢደይ ናብኡ ዘርጊሐ እዚ ነገር እዚ ምግባር ሲ እግዚኣብሔር ካባይ የርሕቆ" (1ሳሙ.24፥6-7) ኢሉ

ምቕታሉ ኣበየ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝኣቶም (ቑቡኣተይ) ኢሉ ይሰምዮም። "ንቑቡኣተይ ኣይትተንክይዎም ንነብያተይ ድማ ክፉእ ኣይትግበርዎም ኢሉ ምእንትኦም ንነገሥታት ገሰጾም" (መዝ.105፥15)።

*ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ሓደ ካብቶም ቑቡኣት ዘይኮነስ፥ ግሉ ርእሱ ቕቡእ ኢዩ። መሲሕ (Messiah) ኢሎምውን ይሰምይዎ ነበሩ።*

እታ ሳምራዊት ሰበይቲ ከምዚ በለቶ፦ "ክርስቶስ ዝብልዎ መሲሕ ከም ዝመጽእ እፈልጥ ኣሎኹ ንሱ ምስ መጸ ድማ ኹሉ ክነግረና ኢዩ በለቶ፥ ኢየሱስ ከኣ ኣነ ዝዛረበኪ ዘሎኹ ንሱ ኢየ በላ" (ዮሓ.4፥25-26)። እታ ሰበይቲ ኸዐ ንህዝቢ ሰማርያ ከምዚ በለቶም፦ "ዝገበርክዎ ዘበለ ዝነገረኒ ሰብኣይ ንዑ ረኣዩ እንድዒ ክርስቶስ ደኾን ይኸውን? በለቶም" (ዮሓ.4፥29)። እቶም ህዝቢ ሰማርያ ምስ ሰምዕዎ ከምዚ በሉ "ደጊምሲ ብዕላትና ደኣ ንሱ ብሓቂ ክርስቶስ መድሕን ዓለም ምዃኑ ሰሚዕናን ፈሊጥናን እምበር ኣይብዘረቐብን ኢና እንኣምን ዘሎና ይብሉዋ ነበሩ" (ዮሓ.4፥42)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኵሎም ቕቡኣት ፍሉይ ዝኾነሉ ምኽንያት "ሓለፋ ብጾቱ ብዘይቲ ሓጐስ ስለ ዝተቐብአ ኢዩ።" (ዕብ.1፥9)። ከምኡ ከኣ እቶም ሠለስተ ናይ ቕቡእነት ፍሉይ ተልእኾ ማለት ንጉሥን ካህንን ነቢዩን ኣብ ሓደ ጊዜ ስለ ዝጠርነፈን ከምኡውን ኢየሱስ ክርስቶስ መድሓኒ ዓለም ስለ ዝኾነ ኢዩ።

*ኣይሁዳውያን ነቲ መሲሕ (መድሓኒ ዓለም ክርስቶስ) ይጽበይዎ ነበሩ።*

*ስለዚ ከኣ ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ፥ ኢየሱስ እቲ (መሲሕ) ክርስቶስ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ስለ ዝደለየ፥ ብ ዝተፈልየ ብዙሓት ተኣምራት ጽሒፉ።*

ኣብ መወዳእታ ወንጌሉ "ብሓቂ ክርስቶስ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ዘይተጻሕፈ ካልእ ብዙሕ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ደቀመዛሙርቱ ገበረ። ግናኸ ኢየሱስ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ክትኣምኑ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ምእንቲ ክትረኽቡ ኢዩ እዚ ዝተጻሕፈ" (ዮሓ.20፥30-31)። ብምባል ጽሒፉ ኣሎ። ብሓቂ ድማ እቲ ዝጽበይዎ ክርስቶስ፥ ኩሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ትንቢትን ምልክታቱን ናብኡ ዘዕከረ ኢዩ....።

እቲ ክንግንዘቦ ዘለና፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ብጀካ እታ ብሓመሰጽግኡ፥ ናብ ኢታኽልቲ ጌተሰማኒ ቅድሚ ምኻዱ፥ ምስ ኣቦ ነፍሒ ዝርርብ ኣብ ዝገበረሉ እዋን እንተ ዘይኮይኑ ንባእ ርእሱ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝብል ስም ኣይሰመየን። (ዮሓ.17፥3)። ኣቦታትና ሓዋርያት ግን ብዝዕብኡ ክዛረቡ ከለዉ ነዚ ስያመ እዚ ብዙሕ ጊዜ ከምዚ

እናበሉ ይደጋግምዎ ነበሩ። "...ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ....." (ሮሜ.1፥34)። "ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ... ምስ ኵልኻትኩም ይኹን።" (2ቆሮ.13፥13)። "ብኢየሱስ ክርስቶስ ንዘለኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።" (ሮሜ.16፥26-27)። "ጳውሎስ ብፍቓድ ኣምላኽ ሓዋርያ ኢየሱስ ክርስቶስ ....።" (1ቆሮ.1፥1)። ኣዝዩ ብዙሕ ኣብነታዊ ጥቕስታት ኣሎ፥ ምጽብጻብም ኣየድልየናን ኢዩ።

*ካብቲ ብጣዕሚ ዘገርም ነገር፥ ገለ ገለ ሰባት ንጐይታናን ኣምላኽናን፥ ኣምላኽኩቱ፣ ኩሉ ክብሩ፣ ጐይትኑቱ፣ ክርስቶስ ምዃኑውን ብምርሳዕ ብ "ኢየሱስ" ጥራይ ኢሎም ይጽውዕዎ።*

ሓዋርያት ግን ብ "ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ" እትብል ቃል ብብዙሒ ደጋጊሞም ጸውዕዎ። ንሕናውን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ መእተዊ ንባብ ወንጌል፥ ከንንብብ ከሎና "ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ንጉሥ ኵላትናን፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ እቲ ክብሪ ንዘለኣለም ንዕኡ ዝኾነ ኣሜን።" ንብል።

ስለዚ ሓደራኹም ንኽብሪ ጐይታናን መድሓኒናን "ኢየሱስ" ጥራይ ኢልና ኣይንጸውዕ።

እምበኣር ጸሎተ ሃይማኖት ንክታተል። ከምዚውን ይብል፡- በቲ ሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወዱ



ንኣምላኽ ንኣምን።

## *እቲ ሓደ ወዱ ንኣምላኽ*

*ኢታ "እቲ ሓደ" ትብል ቃል፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ ሓደ በይኑ፥ ካብቲ ሓደ ኣምላኻዊ ባህሪን፥ ካብ ቀንዲ ኣምላኽኩትን፥ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፥ ከምኡውን ካብታ ካብ ኣምላኽ መሰል ብምርካብ ዝተዋህበትና ውልድነት ዝተፈልየ ከም ዝኾነ፥ ተረድኣና ቃል ኢያ።*

ሓደ ወዱ ንኣምላኽ ዝብል መግለጺ ኣብዚም ዝስዕቡ ጥቕስታት ንረክብ፡- "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፥ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቡኡ ዘሎ ሓደ ወዱ፥ ንሱ ኣግሃዶ" (ዮሓ.1፥18)። እዚ ድማ ንሱ ብዘዕብኡ ኣግሂደ፥ ወይ ብዘዕ ብኡ ኣፍሊጠና ማለት ኢዩ፥ ከምዚ ኢሉውን ኣሎ፡- "እቲ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ" (ዮሓ.14፥9)። "ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ በጃ ክኸውን ምሂብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ" (ዮሓ.3፥16)። (ዮሓ.3፥18) "ብእኡ ዝኣምን ኣይፍረደን ኢዩ፥ ዘይኣምን ግና ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ"። (1ዮሓ.4፥9) "ኣምላኽ ብእኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር

ኢሉ፥ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፥ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንዓና በዚ ተገልጸትልና"። (ዮሓ.1፥14) "እቲ ቃል ሥጋ ኮነ፥ ጸጋን ሓቅን መሊኡ ኸኣ ኣብና ሓደረ፥ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ካብ ኣቦ ረኣና"።. እቲ ሓደ በይኑ ካብኡ ማለት ኢዩ።

*እታ "ሓደ ወዲ ኣምላኽ" እትብል ቃል ካብ ኩሎም እቶም ደቂ ኣምላኽ ዝተሰምዩ ግን ካብ ባህርያቱ ዘይኮኑ...፥ ደቂ ሰብነት ትፈልዮ።*

ንሕና ደቂ ኣምላኽ ኢና ክንብል ከለና፥ ብእኡ ዝኣመንና ማለት ኢዩ። ከምቲ ኣብ መጀመርታ ወንጌል ዮሓንስ ዝተባህለ "ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ኩሎም ብስሙ ንዝኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ክኾኑ መሰል ሃቦም" (ዮሓ.1፥12)።

ኣምላኽ ቡቲ ኣቦና ዘለዎ ሕልፍን ትርፍን ፍቕሩ ደቂ ንኽንከውን ጸወዓና። ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስውን ከምዚ ይብል "ርአዩ ውሉድ ኣምላኽ ክንበሃል እቲ ኣቦ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ሃበና ከምኡውን ኢና" (1ዮሓ.3፥1)።

ወይ እውን ኣምላኻዊ ውሉድነትና፥ ሓደ ዝተፈልየ ውሉድነት ኢዩ። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሻይጡ ምእንቲ ክውዕኦም፥ ንሕናውን ውሉድነት ምእንቲ ክንረክብ ሲ፥ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ትሕቲ ሕጊውን



ዝኾነ ወዱ ለኣኸ" (ገላ.4፥4-5)። ከምኡውን ኣብ (ሮሜ. 8፥23) ተመልከት።

ንሕና ንኣምላኽ ካብ ባህርያቱን ካብ ክውንነቱን ወሊዱ ኣይኮንናን። እቲ ሓደ ንበይኑ ንኣምላኽ ካብ ባህሩን፤ ክውንነቱን፤ ኣምላኽነቱን፤ ሓደ ወዱ ዝኾነ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ።

*በዚውን "እቲ ሓደ ወዱ" ተባሂሉ ተሰምዩ።*

እታ "እቲ ሓደ ወዱ" እትብል ቃል፥ እቲ እንኮ ወዲ ኣምላኽ... ማለት ኢዩ።

ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከምዚ ተባህለ፥ "ኣቦ ንወዱ የፍቅሮ ኢዩ እሞ ኩሉ ናብ ኢዱ ሃበ፥ ብወዲ ዝኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎቶ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፥ ንህይወት ኣይክርኢያን ኢዩ" (ዮሓ.3፥35-36)። ልክዕ ከምኡውን "ኣቦ ንምውታት ከም ዘተንሥኦም ህያዋንውን ከም ዝገብሮም፥ ወዲውን ከምኡ ነቶም ዝደልዮም ህያዋን ክገብሮም ኢዩ።" ተባህለ (ዮሓ.5፥21)። ከምኡውን "ኩሉ ሰብ ከምቲ ነቦ ዘኽብሮ ገይሩ ንወዲ ምእንቲ ኸኽብሮስ፥ ፍርዲ ዘበለ ንወዲ ሃቦ እምበር፥ ኣቦ ንሓደ እኳ ኣይፈርድን ኢዩ።..." ተባሂሉ ኣሎ (ዮሓ.5፥22-23)።

ኩሎም ከኣ -ከምዚ በረሁ ዘሎ- ንኣምላኽነት ወዲ

ዝምስክሩ ጥቕስታት ኢዮም።

ልክዕ ከምኡውን ጐይታ ምስ ኣይሁድ ኣብ ዝዘራረበሉ ዝነበረ እዋን፥ ብመገዲ እቲ "ወዲ" ዝብል ጥቕሲ ንኣምላኽነቱ ከረጋግጽ ከምዚ በለ፦ "ስለዚ ወዲ ሓራ እንተ ኣውፅኣኩም ብሓቂ ውፁኣት ሓራ ክትኮኑ ኢኹም"። (ዮሓ.8፥36)። ከምኡ ከኣ "እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣለዎ ወዲ ኣምላኽ ዘይብሉ ህይወት የብሉን።" በለ (1ዮሓ.5፥12)። ጐይታውን ብዛዕባ ርእሱ ከምዚ ይብል "ኩሉ ካብ ኣቦይ ተዋህበኒ ንወዲ መን ምዃኑ ብዘይ ኣቦ ሓደ እኳ ዝፈልጦ የልቦን። ነቦ ከኣ መን ምዃኑ፥ ብዘይ ወድን ወዲ ከኣ ክገልጸሉ ዝፈተወን እምበር ሓደ እኳ ዝፈልጦ የልቦን።" (ሉቃ.10፥22)።

*በዚ ከኣ "ወዲ ኣምላኽ" ዝብል መጸውዒ፥ ን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምግላጽ ጥራይ ተጠቒምናሉ።*

ከምቲ ኣብ (1ዮሓ.5፥12) ዝተጠቕሰ። ከምኡውን ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብኣይ ዝሓተቶ። "...ብወዲ ኣምላኽዶ ተኣምን ኢኻ በሎ ንሱ ከኣ ጐይታይ ብእኡ ክኣምንሲ መን ኢዩ ንሱ? ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ድማ ርኢኻዮ እዚ ምሳኻ ዚዛረብ ዘሎ ንሱ ኢዩ በሎ። ንሱ ከኣ ጐይታይ እኣምን በለ ሰገደሉውን።" (ዮሓ.9፥35-38)።

ካብ ኣምላኻዊ ክውንነት ምውላድ፥ ናይ እቲ ሓደ ወዲ ውልድነት... ኢያ።

እምብኣርከስ እዚኣ ውልድነት እዚኣ፥ ሰግደትን እምነትን ዝግብኣ ደኣምበር፥ ከም ናይ ተራ ኣመንቲ ሓፈሻዊት ውልድነት ኣይኮነትን።

*ብሙሉኡ ከኣ ወዲ ኣምላኽ ዝብል መጸውዒ በዚ ትርጉም ይርድኣዎ ነበሩ።*

ኣብ ጊዜ ስቕለቱ ዝተራእየ ተኣምር ከምዚ ኢዩ፦ "እንሆ መጋረጃ ቤተመቕደስ ካብ ላዕሉ ክሳዕ ታሕቲ ኣብ ክልተ ተተርተረ፤ ምድሪ እንቀጥቀጠ፤ ኸኻውሕ ድማ ተጨደ፤ መቓብራትውን ተኸፍተ፤ ብዙሓት ደቂሶም ዝነበሩ ሥጋ ቅዱሳን ተንሥኡ፤... እቲ ሓለቓ ሚእትን እቶም ንምሕላው ኢየሱስ ምስኡ ዝነበሩን ከኣ ምንቅጥቃጥ ምድርን እቲ ዝኾነ ነገርን ምስ ረኣዩ እዚ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ነይሩ ኢሎም ኣዝዮም ፈርሁ።" (ማቴ.27፥51-54)። ብርግጽ ከም ተራ ሕዝቢ ውሉድ ሰብ ዘይኮነስ ውሉድነት ኣምላኽ ማለቶም ኢዩ። እቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽውን ተሰምዐ ኢያ።

*በዚ ምኽንያትውን ጐይታ ንሓዋርያ ጴጥሮስ ብፁእ በሎ።*

ጐይታና ንደቀመዛሙርቱ ከምዚ ኢሉ ሐተቶ ኣቕረበሎም፡- “ንሸኸትኩምከ መን ትብሉኒ?” ስምዖን ጴጥሮስ ከኣ ከምዚ ክብል መለሰሉ፡- “ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ” በዚ ከኣ ጐይታ ብፁእ በሎ “ስምኦን ወዲ ዮና እዚ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ እምበር ሥጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ ብፁእ ኢኻ። ኣነ ከኣ እብለካ ኣሎኹ ንስኻ ከውሒ (ጴጥሮስ) ኢኻ። ንቤተክርስቲያነይ (ንማሕበረይ) ከኣ ኣብ እዛ ከውሒ እዚኣ ክሃንጻ ኢየ። ደገታት ሲኦል ድማ ኣይክሕይልዋን ኢዮም” (ማቴ.16፥13-18)። “ከውሒ” ማለት፥ እቲ ኣነ ወዲ ኣምላኽ ምኳነይ እምነት ማለት ኢዩ።

*ንሰይጣን ሰይጣን ከይተረፈውን ነታ “ወዲ ኣምላኽ” እትብል መጸውዒት ይፈልጣ ነበረ።*

ንሱ፥ ንሳ ናይ ተኣምራት ሓይሊ ዘለዋ ውሉድነት ደኣ እምበር፥ ንሳ ከምቶም ናይ ምእመናን ተራ ውሉድነት ከም ዘይትሕብር ኣርጊጹ የስተውዕል ነሩ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ኣብቲ እምባ ክፍትኖ እንከሎ፡- “ወዲ ኣምላኽ ኣንተ ኾንካስ እዚ ኣእማን እንጌራ ክኾውን ኣዝዝ በሎ” ይብል። (ማቴ.4፥3) ንብዕሎም እቶም እኩያት ደማፍቲ ሰይጣንውን እታ (ወዲ ኣምላኽ) ትብል ቃል ይርድእዋ ነበሩ። ኣብ ሰቐልቱውን ከምዚ በሉ፡- “.... ወዲ ኣምላኽ እንተ ኾንካስ



ካብ መስቀል ውረድ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ” (ማቴ. 27፥40)

*ልክዕ ነዛ ሓቅነት እዚኣ ንምፍላጥ ኢዮምውን ጉባኤ ሰናህድሪም (ካህናትን ጸሓፍትን ሽማግሌታትን ኣይሁድ) ዝተጋብኡ።*

ንጐይታ ኽፈርዱ “ሊቃነ ካህናትን ሽማግሌታትን ኩሉ ጉባኤን” ምስ ተኣከቡ። ሊቀ ካህናት “...ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኾንካስ ክትነግረና ብቲ ህያው ኣምላኽ እምሕለካ ኣሎኹ።” በሎ። (ማቴ.26፥59-63)። ብቲ ካብ ኣምላኽ ዘሎና ሓፈሻዊ ውልድነት ማለቱ እንተ ዝኸውንሲ ንመልሲ ኣይመምሓሎን ነይሩ። ጐይታ ከኣ “እሹ ብልካ ..” ኢሉ ንሕትቶ ምስ መለሰሉ። ብድሕሪ እዚ እቲ ሊቀ ካህናት ክዳኑ እናቐደደ፡- “...ተጸረፈ! እንሆ ጸርፉ ሰሚዕኩም ደጊም ከ እንታይ ምስክር ኣድልየና?....” በለ። (ማቴ.26፥64-66)።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእማን፥ እቲ ሓደ ወዱ ንኣምላኽ ማለት ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣልእ ብሕታዊ መግለጺውን ዝጸረ ኢዩ።*

ውልድነቱ፥ ብጊዜ ዘይተወሰነት፥ ከምቲ ኣብ ደቂ-ሰባት ዘሎ ናይ ዘመናት ጋግ ዘይብላ ዘለኣለማዊት ኢያ። ከምኡውን ከምቲ ናይ ጀሆቫ መሰኻክር ኢና በሃልትን ኣርዮስን ዝብልዎ፡- “እቲ ውልድነቱ ከም ሽልማት

ዝተዋህቦ ወይ ኣብ ጊዜ ጥምቀቱ ጥራይ ዝተዋህቦ ውልድነት!!" ዘስምዕ ኣይኮነን።

*ንሱስ ከምቲ ጨረራ ካብ ፀሓይ ዝውለድ፣ ከምቲ ብርሃን ከኣ ካብ ሓዊ ዝውለድ፣ ባህርያዊት ውልድነት ኢዩ።*

ከምቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት "ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ካብ ኣቦ ዝተወልደ" እንብሎ ብዘመናት ዝተወሰነት ኣይኮነትን።

*ንሱስ ወዲ ኣምላኽ ማለት፣ እሱ "ቃል" (Logos) ንምግላፅ ኢዩ።*

ማለት ኢድማዊ ኣምላኻዊ ኣእምሮ፣ ከምኡውን ኣእምሮኣዊ ድምፂ ኣምላኽ። ኣእምሮ ኣምላኽ ከኣ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ኢዩ፣ ብባህርያቱ ካብ ዘለኣለም ኣምላኽ ኢዩ። እግዚ ኣብሔር ኣቦ፣ ካብቲ ኣምላኻዊ ህላዌ፣ ኣምላኻዊ ኣእምሮ ብምውላዱ፣ ኣቦ ተሰምየ።

እዛ ውልድነት እዚኣውን ቅድሚ ኩሉ ዘመናት ነበረት።



## *ቅድሚ ኩሉ ዘመናት*

እዚ ጉዳይ እዚ ምእንቲ ክርድኣና ብቕልል ዝበለ መገዲ ክንከታተሎ ክንፍትን ኢና። ጐይታ ንኢየሁድ ከምዚ በሎም፦ "...ኣነ ኣብርሃም ከይተወልደ ከም ዘሎኹ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ዮሓ.8፥58)። ብኣምላኽነቱ ቅድ ሚ እቲ ኣብርሃም ዝነበሮ ጊዜ ነይሩ።

ምስናይ እዚ ብዝዕበኡ ብሥጋ፦ "ወዲ ኣብራሃም ወዲ ዳዊት" ተባሂሉ ክነሱ፣ "ኣነ ሥር ዳዊትን ዘርኡን" ኢየ በለ። (ራእ.22፥16)። እሱ ብኣምላኽነቱ ንዳዊት ሥሩ ኢዩ። ብዝዕባ ሰብኣውነቱ ከኣ ካብ ዘርኢ ዳዊት ኢዩ። ስለዚ ብ ኣምላኽነቱ ቅድሚኡ ነይሩ።

ከምቲ ብዓውታ ምስ ኣቦ ክዘራረብ ከሎ ኣብ (ዮሓ. 17) ዝተጠቕሰ፦

*"ኦ ኣቦይ! ሕጂ ድማ በቲ ዓለም ከይተፈጥረት ኣብኻ ዝነበረኒ ክብሪ ኣብኻ ኣኽብረኒ" (ዮሓ.17፥5)።*

"ዓለም ብእኡ ስለ ዝተፈጥረት" ቅድሚ ዓለም ምንባሩ ባህራያዊ ኢዩ። "ኣብ ዓለም ነበረ ዓለምውን ብእኡ ኮነት ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን" (ዮሓ.1፥10)። "ብእኡ ኩሉ ኾነ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይብእኡ ዝኾነ የልቦን"

(ዮሓ.1÷3)። ሓዋርያ ጳውሎስውን ከምዚ ክብል ገሊጽዎ ኣሎ “ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት ንኣና ቡቲ ወራሲ ኩሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛሪቡና” (ዕብ.1÷2)።

እቲ ንሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ብርሃን ቅድሚ ኩሉ ዘመናት ክብር ባህሪያዊ ኢዩ። ማለት ካብ ዘለኣለም ነበረ። ብዛዕባ እዚ ከኣ ጐይታ ኣብ ትንቢት ሚክያስ ብዛዕባ ቤተ ልሄም ናይ ኤፍራታ ከምዚ በለ።

*“ግናኸ ኣንቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝንእስኪ ቤተልሄም ናይ ኤፍራታ እቲ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዝኸውን ካባኺ ክወፅለይ ኢዩ።” (ሚክ.5÷2)።*

ብሥጋዊ ልደቱ ካብ ቤተልሄም ወፂኡ። ግን ቅድሚ ዘመናት ካብ ዘለኣለም ካብ ኣቦ ብኣምላኽነቱ ዝተወልደ ኢዩ...።

ብዛዕባኡ ነቢዩ ዳንኤል ከምዚ በለ፡- “ኩላቶም ኣሕዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ክገልግልዎስ ግዝኣትን ክብርን መንግሥትን ንዕኡ ተዋህቦ። ግዝኣቱ ዘይሓልፍ ዘለኣለማዊ ግዝኣት ኢዩ መንግሥቱውን ከቶ ኣይክትጠፍእን ኢያ።” (ዳን.7÷14)።



## ብርሃን ካብ ብርሃን

*መንፈሳዊ ብርሃን ደኣምበር ግኡዝ ብርሃን ኣይኮነን።*

ንሱ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከምዚ ይብል። “ኣነ ብርሃን ዓለም ኢየ እቲ ዝሰዓበኒ ብርሃን ህይወት ክረክብ እምበር ብጸልማት ኣይኸይድን ኢዩ....” (ዮሓ.8÷12)። ኣብዚ “ብርሃን” ክበሃል ከሎ ግኡዝ ብርሃን ማለት ኣይኮነን። ብዛዕባ ኣምላኽ ከምዚ ተጻሒፉ ኣሎ። “እግዚኣብሔር ብርሃን ምኳኑን ....።” (1ዮሓ.1÷5)። ብዛዕባ ኣቦ ምናዳ ከምዚ ይብል። “ብግዚያቱ ዝገልጾ እቲ ብፁእ በይኑ ከኣ ሥልጣን ዘለዎ ንጉሥ ነገሥታት ጐይታ ጐይቶትውን ንሱ በይኑ ዘይመውት ሓደ ሰብ እኳ ከቶ ዘይረኣዮ ክርኢዩውን ዘይክእል÷ ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዝነብር÷ ንዕኡ ክብርን ናይ ዘለኣለም ሥልጣንን ይኹን። ኣሜን።” (1ጢሞ.6÷15-16)።

*ስለዚ ኣቦ ብርሃን ኢዩ÷ እቲ ካብኡ ዝተወልደ ወዱ ከኣ ብርሃን ካብ ብርሃን ኢዩ÷*

ገለ ሰባት ክመይ ደኣ “ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም” ዝበለና ብምባል ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም። “ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም።” (ማቴ.5÷14)። ምስ በለ ኣስዒብ

ኣቢሉ ድማ ብዛዕባ ነፍሱ "ኣነ ብርሃን ዓለም እየ" ኢሉ። (ዮሓ.8፥12)። እቲ ፍልልይ ደኣ እንታይ ኢዩ?

እቲ ፍልልይ ብኣብነት ፀሓይን ወርሕን ክንገልጾ ይከኣል ኢዩ። ኣብ ታሪኽ ስነፍጥረት ከምዚ ተጻሒፉ ኣሎ። "ኣምላኽ ክልተ ዓበይቲ ብርሃናት ገበረ። እቲ ዓቢዩ ብርሃን ብመዓልቲ ክሰልጥን እቲ ንእሽቶ ብርሃን ድማ ብለይቲ ክሰልጥን ከዋኽብቲውን ገበረ።" (ዘፍ.1፥16)። ማለት ፀሓይን ወርሕን። ደኹን እምበር ፀሓይ ናይ ገዛእ ርእሳ ብርሃን ኣለዋ። ወርሒ ግን ካብቲ ፀሓይ ናብኣ ዘንጸባረቖ ወሲዳ ኢያ እተብርህ እምበር፥ ናይ ገዛእ ርእሳ ብርሃን የብላን።

*ልክዕ ከምኡ ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "እቲ ንኹሉ ሰብ ዘብርሁ፥ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም መጺ" (ዮሓ.1፥9)። ንሕና ድማ ክንድቲ ካብኡ ዝተቐበልናዮ ኢና ነብርሁ...።*

ብብርሃኑ ብርሃን ንርኢ፥ ንሱ የብርሃና እሞ ንሕና ድማ ንብርሁ...። ብዛዕባ ዮሓንስ መጥምቕ ከኣ ከምዚ ተባህለ፦ "ኩሎም ብእኡ ናብ እምነት ምእንቲ ክበጽሑ ብዛዕባ ብርሃን ክምስክር ንሱ ንምስክር መጸ። ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ክምስክር መጸ እምበር ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን።" (ዮሓ.1፥7-8)።



ንሕናውን ኣብ ናይ ንግሆ ጸሎትና- ንጐይታ፦ "ኣ ንኹሉ ሰብ እተብርህ ሓቀኛ ብርሃን ናብ ዓለም ዝመጻእኻ" ንብሎ። ከምኡውን ደጊምና "ኣ ጐይታ ኩሉ ኣእምሮናን ልብናን ምርዳእናን ኣብርሃልና...." ኢልና ናብኡ ንጽሊ።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብባህርያቱ ክቕረብ ዘይክኣል ብርሃን ኢዩ። ግን ሥጋ ወሲዱ ኣባና ምስ ሓደረ ናብኡ ክንቀርብ ኪኢልና።*

ብዛዕብኡኸ ጸሎት ሃይማኖት እንታይ ይብል? ይብል፦

## *ሓቀኛ*
## *ኣምላኽ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ*

*ሓቀኛ ኣምላኽ ማለት ንሱ ብሓቂ ኣምላኻዊ ባህርይ ዘለዎ ማለት ኢዩ። ከምቶም ጐይቶት ኢየም ንም ባል፥ ኣማልኽቲ ተባሂሎም ዝተጸውዑ ኣይኮኑን።*

❖ ከምቲ እግዚኣብሔር ንነቢዩ ሙሴ ዝበሎ፦ "...ርአ ኣነ ንፈርኦን ኣምላኽ ገበርኩኻ...።" (ዘፀ.7፥1)። እታ "ከም ኣምላኽ" እትብል ቃል፥ ከም ፈጣሪ ማለት ኣይኮነትን ተመልክት። ዘለኣለማዊ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ማለት ኣይ ኮነን!! ሙሴ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከምዚ ይብል"...ጐይታይ ኣነ ኣፈይ ወታእ ልሳይ ኮርታዕ ኢየ እሞ፥ ትማሊ ኮነ

ቅድሚ ትማሊ ኰነ ሕጂ፥ ንባርያኻ ምስ ተዛረብካዮ ኣነ ተዛራቢ ሰብ ኣይኰንኩን በሎ።" (ዘፅ.4፥10)። ደጊሙውን ከምዚ ይብል "ሙሴ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እንሆ ኣነ ኸናፍረይ ኣይተገዘረን፥ ከመይ ኢሉ ደኣ ፈርዖን ክሰምዓኒ ኢዩ?! በለ።" (ዘፅ.6፥30)። ስለዚ ድማ፥ ጐይታ ከምዚ ክብል መለሰሉ "ርኣ ኣነ ንፈርዖን ኣምላኽ ገበርኩኻ።" (ዘፅ.7፥1)። እዚ ማለት ከኣ፥ ንዕኡ ጐይታን ኣብ ልዕሊኡ ሥልጣንን ሂቡካ ኣሎኹ ደኣምበር ኣምላኹ ኢዩ ማለት ኣይኰነን።

❖ ብኻልእ ወገን ከኣ፥ ጐይታ ነቲ ተዛራቢ ዘይክእልን ኰርታዕ ኣፍን ዝኾነ ሙሴ፥ ንሓዉ ኣሮን ኣፍ ኸኾኖ ሂቡካ ኣሎኹ በሎ። "ንስኻ ንዕኡ ክትዛረቦ ኢኻ፥ እቲ ቃላት ድማ ኣብ ኣፉ ኣንብር፥ ኣነ ከኣ ምስ ኣፍኻን ምስ ኣፉን ኰይነ፥ እቲ እትገብርዎ ክምህረኩም ኢየ። ንሱውን ከኣ ኢዩ ንስኻ ኣፍ ኸኾነካ፥ ንስኻ ድማ ኣምላኽ ክትኰኖ፥ ንሱ ኣብ ክንዳኻ ንሕዝቢ ይዛረብ።" (ዘፅ.4፥15-16)። ኣሮን ንሙሴ ብዕድመ ይዓብዮ ስለ ዝነበረ፥ ቅድሚ ሙሴ ይነብር ነበረ። ስለዚ ከኣ ኣምላኹ ትኾኖ ማለት፥ ነቲ ክትነብሎ ትደሊ ቃላት ትገልጸሉ (ትነግሮ) ማለት ኢዩ፥ እምበር ከምቲ ፈጣሪ ሓቀኛ ኣምላኽ ማለት ኣይኰነን።

*"ኣማልኽቲ" እትብል ቃል ድማ ነቶም ናይ ኣህዛብ ኣማልኽትን፥ ከምኡውን ነቶም ደቂ ኣምላኽ ዝተባህሉ ብዙሓት ሰባት ተመልክት።*

ኣብ መዝሙር ዳዊት ከምዚ ዝስዕብ ተጻሒፉ ንረክብ "ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣማልኽቲ ደው ይብል ኣብ ማእከል ኣማልኽቲ ይፈርድ።" (መዝ.82፥1)።

ብዘይጥርጥር እዞም ሓቂ ዘይፈርዱ፥ ናይ ሓቂ ኣማል ኽቲ ኣይኰኑን።!! የግዳስ ልክዕ ከም ኣማልኽቲ ተመሲሎም ስለ ዝተማሳለሱ ኢዮም።!

ኣብዚ ምዕራፍውን ከምዚ ይብል፦ "ኣነስ ኣማልኽቲ ኢኹም ኩላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም። ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ፥ ከም ሓደ ካብቶም መሳፍንቲውን ክትወድቁ ኢኹም በልኩ።" (መዝ.82፥6-7)። ብርግጽ እዞም ዝሞቱን ዝወድቁን ዋላእኳ ኣማልኽቲ እንተተባህሉ ናይ ብሓቂ ኣማ ልኽቲ ኣይኰኑን።

❖ ቀጺሉውን ኣብ መዝሙር "እግዚኣብሔር ዓቢዩ ኣምላኽ፥ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ኣማልኽቲ ድማ ዓቢዩ ንጉሥ ኢዩ።" (መዝ.95፥3) ይብል። ማለት እቶም ኣህዛብ ኣማል ኽቲ ዝሰምይዎም፥ ናይ ሓቂ ኣማልኽቲ ዘይኰኑ ኢዮም። ቀጺሉ ዳዊት "እግዚኣብሔር ዓቢዩ ምስጋንኡ ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ እሞ፥ ካብ ኵሎም ኣማልኽቲ ዘፍርሕ ኢዩ፥ ኵሎም ኣማልኽቲ ኣህዛብ ከንቱ ኢዮም፥ እግዚኣብሔር ግና ሰማያት ገበረ።" (መዝ.96፥4-5)። ኣብ ካልእ ትርጉሙ

ከኣ፥ “ምኽንያቱ ኩሎም ኣማልኽቲ ኣህዛብ ጣኣታት ኢዮም” ዝብል ኣሎ። ምስ ናይ እዚ ግን ናይ ሓቂ ኣማልኽቲ ዘይኰኑ ኸለዉ....፥ ኣማልኽቲ ተባሂሎም ይጽውዑ።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ኩሉ ኣምላኽዊ ባህርይ ዘለዎ፥ ሓቀኛ ኣምላኽ ኢዩ።*

ንሱ ዘለኣለማዊ፤ ፈጣሪ፤ ኩሉ ዝኽእል፤ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ፤ ወሰን ወይ ዶብ ዘይብሉ፤... ልብን ኮላሊትን ዝምርምር፤ ቅዱስ፤ ጐይታ ጐይቶት፤ ሰራዪ ሓጢኣት፤ ..... ከምኡውን ኩሉ እቲ ንኣምላኽ ንበይኑ ዘመልክት ባህርያት ክሳዕ መወዳእታ .... ዘለዎ ኢዩ።

*ኣብ እዚ ነጥቢ እዚ “ኣምላኽነት ክርስቶስ” ዝብል መጽሓፍ ተመልከት።*

ምኽንቲ ዘረባይ ከይደጋገም። እቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፉ፥ ወይ እውን በቲ ኣምላኻዊ ተግባራት ዝተገልጹልና ኩሎም ኣምላኻዊ መግለጺታት ንጐይታና መሰከርቲ ኢዮም...።

ከም ኣብነታት ተመልከት፦ “....ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ኢዩ። ኣሜን።” (ሮሜ.9፥5)። “ቃል ብመጀመርታ ነበረ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ።” (ዮሓ.1፥1)። (1ጢሞ.3፥16) (ግብ.20፥28)። ብዘዕባኡ ንሱስ ቀዳማይን ዳሕራይን ከም



ዝኾነ ዝተባህለ። (ራእ.1፥8,11,17)። ወዘተ....።

*ሓቀኛ ኣምላኽ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ*

ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ክብል ከሎ፥ ንሱ እቲ ካብ ኣቦ ዝተወልደ፥ ሓቀኛ ኣምላኽ ማለት ኢዩ። ኣቦን ወድን ነፍሲ ወከፎም ኩሉ ኣምላኻዊ ባህርያትን ኩሉ ክእለትን ኩሉ ክብርን ሓይልን ንዘለኣለም ኣለም ዘለዎም፥ ሓቀኛ ኣምላኽ ኢዮም።

እዚ “ኣምላኽ” ዝብል ቃል ኣብዚ ከምቲ ናይ ኣህዛብ ኣማልኽቲ ወይ ከም ናይ ገለ ተራሰባት መዓርግ ማለት ኣይኮነን።

## *ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ*

ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ዝበሎ ክልተ ልደት ኣለዎ፦ “ዘለኣለማዊ ልደት ቅድሚ ዓለም ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ብዘይ ኣደ፥ እቲ ካልኣይ ልደቱ ከኣ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ካብ ኣደ ብዘይ ኣቦ ኢዩ። ንሱ ዘለኣለማዊ ልደት ዘለዎ፥ ካብ ኣቦ ተወሊዱ እምበር ኣይተፈጥረን። “መጀመርታ መዓልታት የብሉን፥ መወዳእታ ህይወትውን የብሉን።” “ብዘይ ኣቦ ብዘይኣደ ብዘይ ቍጽሪ ወለዶ፥ መጀመርታ መዓልትታት ወይስ መወዳእታ

ህይወት ዘይብሉ፥ ግናኸ ንወዲ ኣምላኽ ተመሲሉ ንሓዋሩ ካህን ኰይኑ ይነብር ኣሎ።" (ዕብ.7፥3)። ንሱ ናይ መጀመርታ ጊዜ ስለ ዘይብሉ፥ ፍጡር ኣይኰነን። ምኽንያቱ ዝኾነ ፍጡር ናይታ ዝተፈጥረላ መዓልቲ መጀመርታ ጊዜ ኣለዎ።

ኣብዚ ጸሎተ ሃይማኖት እቲ ቅኑዕ ናይ እምነት ትምህርቲ ኣንጻር ኣርዮስ ይህብ።

ንሱ ከምቲ ሓሳብ ካብ ኣእምሮ ዝውለድ፥ ከምቲ ጨራ ብርሃን ካብ ፀሓይ ዝውለድ...፥ ከምኡ ካብ ኣቦ ተወሊዱ ኢዩ። ስለዚ ብድሕሪ እዚ ኣብ ጸሎት ሃይማኖት ከምዚ ይብል፦

## ፲፲
## *ኣምላኽነቱ ምስ ኣቦ ማዕረ ዝኾነ*

እዚ ኑቶም "...ካብይ ኣቦይ ይዓቢ ኢዩ...።" (ዮሓ.14፥28)። ዝብል ቃል ጐይታና ዘይተረድእዎ ኣርዮሳውያን መልሲ ኢዩ። ብርግጽ እግዚኣብሔር ኣቦ ካብ እግዚኣብሔር ወዲ ብባህርይን ብኣምላኽነትን ኣይዓብን ኢዩ። ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ወዲ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦ ሓደ ዓይነት ባህ ሪይ፤ ሓደ ህልውና፤ ሓደ ዓይነት ኣምላኽነት ስለ ዘለዎ፥ ንሱ ምስ ኣቦ ብኹሉ ነገር ማዕረ ኢዩ።



ብዛዕባ እዚ "ኣቦይ ካብይ ይዓቢ" ዝብል ጥቕሲ፥ ብዛዕባ እቲ ዝወሰዶ ተሠጋውነቱ ዝምልከት ጥራሕ ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስውን ብዛዕባኡ ከምዚ ይብል "ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ ኑቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ከም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። መልክዕ ባርያ ወሲዱ፥ ርእሱ ኣሕሰረ፤ ሰብ እውን መሰለ፤ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኸበ፤ ርእሱ ክሳብ ሞት ኣትሒተ፤ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።" (ፊል.2፥6-8)።

*እዛ ምውላድ ተሠጋውነት እዚኣ ኢያ፥ እቲ ብዛዕባኣ "ኣቦይ ካብይ ይዓቢ" ዝተባህለ። እቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ከምዘለዎ ምሳይ እንከሎ፥ እቲ መልክዕ ባርያ ወሲድክዎ ማለት ኢዩ።*

እቲ ወዲ ብተሠጋውነቱ ዝተጻወሮ ውርደት፥ ካብቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቕሎ ይዓቢ። እቲ ኣምላኻዊ ህልውና ናይ እዚ ዝተሠገወ ሰብእነት ግን፥ ንሱ ከምዘሎ ንሱ ኢዩ፥ ብትሕትና ተሠጋውነቱ ዝነደሎ የብሉን።

*ቡቲ ተሠጋውነቱ ከሎ ከኣ፥ ንኣምላኽነቱ ዝሰማማዕ፥ ምስ ኣቦ ዝመዓረየሉ ነገራት ክብልን ክገብርን ኪኢሉ።*

ንሱ ከምዚ ይብል "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና" (ዮሓ. 10፥30)፤ "እቲ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ" (ዮሓ.14፥9)፤

“ኣነ ኣብ ኣቦ ከም ዘሎኹ፣ ኣቦውን ኣባይ ከም ዘሎ፣ ኣይትኣምንን ዲኻ?” (ዮሓ.14፣10)፤ “ኩሉ ሰብ ከምቲ ነቦ ዘኽብሮ ገይሩ፣ ንወዲ ምእንቲ ኸኽብሮስ፣...” (ዮሓ.5፣23)፤ ኣብቲ ተሠጋውነቱ ከሎውን ነቲ መጻጉእ “ወደይ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ በሎ...” (ማር.2፣5,10)፤ ነታ ብንብዓታ እግሩ ዘጠልቀየት ሓጢኣተኛ ሰበይቲ ድማ ልክዕ ከምኡ በላ። (ሉቃ.7፣48)፤ ኣብ ጊዜ ተሠጋውነቱውን ማየ ማይ ከይዱ። (ማቴ.14፣25)፤ ንፋሳትን ማዕበላትን ገኒሖም፣ ንሳቶም ድማ ጸጥበሉን ሃድኡን። (ማር.4፣39)፤ ኣብ ጊዜ ተሠጋውነቱ ብተኣምራት ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን፣ ሓዲሽ ነገር ፈጠረ። (ማቴ.14፣17)፤ ከምኡውን ኣብ መርዓ ቃና ናይ ገሊላ፣ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ብተኣምራት ኣብ ዝቐየረሉ ጊዜ። (ዮሓ.2፣89)፤ ብተወሳኺ ነቲ ብዕዉሩ እተወልደ ሰብ፣ ኣብ ዘሕወየሉ ጊዜ። (ዮሓ.9)...፤ ከምኡ ከኣ እቲ መቓብር ተዓጽዩ ከሎ ምትንሣኡ፣ ገዛ ተዓጽዩ ከሎ ከይከፈተ ምእታዉ። (ዮሓ.20፣19)፤ ንሰማያት ምዕራጉ...፤ ብዙሕ ንኣምላኽነቱ ዘመልክት ተግባር... ገበረ።

## *እቲ ብእኡ ኩሉ ዝኾነ*

ኣብዚ ኣርእስቲ ጸሎተ ሃይማኖት እዚ፣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ወዲ ንሱ ፈጣሪ ከም ዝኾነ ይገልጽ። ልክዕ



ከምቲ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ተጻሒፉ ዘሎ ንኹሉ ነገር ዝፈጠረ፦ “ብእኡ ኩሉ ኮነ፣ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ፣ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን።” (ዮሓ.1፣3)።

ከምኡውን ኣብ መልእኽቲ ናብ ሰብ ቈሎሴ ከም ዝተጻሕፈ “ኩሉ ብእኡን ንእኡን ኢዩ እተፈጥረ” ይብል። (ቈሎ.1፣16)።

*ኣብዚ እምብኣር ሓተታ ነቕርብ፣ መን ኢዩ ንዓለም ዝፈጠረ? እግዚኣብሔር ኣቦ ዲዩ ወይስ እግዚኣብሔር ወዲ? መልሱ፣ እግዚኣብሔር ኣቦ ብእግዚኣብሔር ወዲ፣ ንኹሉ ነገር ፈጢርዎ።*

“ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፤ ዝርኣን ዘይረኣን፤ ዝፋናት ኮነ ወይስ ጐይትነት፤ ሕልቅነት ወይስ ሥልጣናት፤ ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፣ ኩሉ ብእኡን ንእኡን ኢዩ እተፈጠረ።” (ቈሎ.1፣16)።

*ንሱ ኣድማዒ ኣእምሮ ኣምላኽ ኢዩ። ኣምላኽ ከኣ ንኹሉ ነገር፣ በእምሮኡን ብድምጺ ቃሉን ፈጠረ። ከምኡውን ንሱ፣ “እቲ ጥበብ ኣምላኽን ሓይሊ ኣምላኽን” ኢዩ። (1ቆሮ.1፣24)። ኣምላኽ ከኣ ንኹሉ ነገር ብጥበቡን ብሓይሉን ፈጠረ።*

## እዚ
## እቲ ምእንታና ምእንቲ ሰብ
## ምእንቲ ድሕነትና ካብ ሰማይ ወረደ

*ንወዲ ኣብ ርእሲ እቲ ቀንዲ ዕላማ ተሠጋውነቱ ማለት ተግባር ድሕነት፥ ብዙሕ ተግባራት ነይርዎ።*

፩፡- ንሱ ንሰብ እታ ዝተፈጥረላ ኣብነታዊት ስእሊ ከም ዝምለሰሉ ገበረ። ሰብ ብመልክዕ ኣምላኽን ምስሉን ተፈጢሩ ነበረ። (ዘፍ.1፥26-27)። ብሰንኪ ሓጢኣቱ ግን ነዛ ኣምላኻዊት መልክዕ ኣጥፊኣ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ነዛ ኣምላኻዊት መልክዕ እዚኣ ከም እንደገና ንምምላስ መጺኡ፥ ኣብ ኩሉ ነገር ብኣብነታዊ ህይወት ተመላሊሱ።

፪፡- ከምኡውን ንደቂ ሰባት እቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ንም ሃብን እቲ ብምኽንያት መራሕቲ ድንቍርናኦም እቶም ንመን ግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ሰባት ዝዓጽውዎ ንርእሶም ኣይኣትውዋን ኻልኣትውን ኸይኣትዉ ዝኽልክሉ፥ ብጕጉይ ትርጕም ርድኢት ዘሰፋሕፍሑ ትምህርቲ ንምእራምን መጸ። (ማቴ.23፥13)። ስለዚ ድማ ኣብ ናይ ከረን ትምህርቲ፡- "ከምዚ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም .....ኣነ ግና ንዓ ኻትኩም ከምዚ እብለኩም ኣሎኹ....።" እትብል ጥቕሲ ትደጋገም ነበረት (ማቴ.5፥27-45)። "ኄር መምህር"....



ኢሎም ድማ ይጽውዕዎ ነበሩ።

፫፡- ከምኡውን ኣምላኽ ንደቂ ሰብ እቲ ዘፍቅሮም ሰማያዊ ኣቡኦም ከም ዝኾነ፥ ቅኑዕ ሓሳብ ክህብ መጺኡ።

፬፡- ከምቲ ነቢዩ ኢሳይያስ ብዛዕባኡ ዝተነበዮ፥ ኣብ ልዕሊ ድኻታትን ስኡናትን ተልእኾኡ ንምፍጻም መጺ፡- "ንቱሑታት ብሥራት ክበሥርሲ እግዚኣብሔር ቀቢኡኒ ኢዩ እሞ፥ ...ንስቡራት ልቢ ኽዘንንዎ ንሙሩኻት ሓርነትዎ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ።" (ኢሳ.61፥1)።

ከምቲ ኣብ ትንቢት ነቢዩ ህዝቅኤል ተጻሒፉ ዘሎ ንዓለም ከኣ ምስሊ እቲ እሙን ጓሳ ኣቕረበ። "ኣነ ባዕለይ ነጢለይ ክውፍረን ባዕለይ ድማ ክስፍረን ኢየ፥ ይብል እግዚኣብሔር ኣምላኽ። ዝጠፍኣት ክደሊ፤ እተባረረት ክመ ልሰ፤ እተሰብረት ክዘንን፤ ንዝሓመቐት ከኣ ክጽንዕ..." ከም ዝበለ። (ሕዝ.34፥15-16)።

*ምስናይ እዚ ኩሉ፥ እቲ ቐንዲ ተግባር ተሠጋ ውነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድሕነትን ተበጃ ውነትን ኢዩ።*

ምእንታናን ምእንቲ ድሕነትናን ካብ ሰማይ ወረደ።

ጐይታና ብጀካ በጃና ምሕላፍን ድሕነትናን ካልእ ዝገበሮ እንተ ዘይህልውን፥ ንሱ እኹል ኢዩ ነይሩ። እንተ

ኹሉ ግን ክርስቶስ ቅድሚ ኑቲ ተግባር ድሕነት ምፍጻሙ… ሰባት ክፈልጥዎ ምእንቲ ክኽእሉ፥ ኣብቲ ተግባራዊ መሥርሕ ግድን ተልእኾኡ ክፍጽም ነይርዎ። ከምኡውን ሥራሕ ከቡችኽ ኣይክእልን ኢዩ። በዚ ምኽንያት ንሱ ንተልእኾኡ ከም መምህር፤ ከም ናይ ዝጠፍኣ ኣባጊዕ ጓሳ፤ ከም ኣብነታዊ ህይወት፥ ኣብ ቅድሚ ሰብ፤ ከም ብፍቕሪ ዝተመልአ ልቢ ፈጸሞ።

*ምእንቲ ድሕነትና ካብ ሰማያት ወረደ።*

## *ካብ ሰማያት ወረደ*

*እዚ ማለት እቲ ቐንዲ ማሕደሩ ሰማይ ኢዩ።*

ከምዚ ድማ ይብል፥- "ካብ ኣቦ ወጺአ ናብ ዓለም መጺአ፡ ንዓለም ሓዲገ ድማ ናብ ኣቦ ኸይደ ኣሎኹ።" (ዮሓ.16፥28)።

ከምኡውን፥- "ወዲ ሰብ ናብቲ ቀደም ዝነበሮ ክድይብ ከሎ እንተ ትርእዩ ደኣ ከመይ ኢዩ?" (ዮሓ.6፥62)። ስለዚ ንሱ ቅድም ኣብ ሰማይ ነይሩ ናብ መሬት ወሪዱ። ስለዚ ድማ ኢዩ ንኒቆዲሞስ፥- "ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፥ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን"። ዝበሎ (ዮሓ.3፥13)።



*ኣቐዲሙ ኣብ ሰማያት ምንባሩ ንኣምላኽነቱ ይምስክር።*

ንሱስ ቃሎምቲ ቅዱሳን ዝብልዎ- "ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ" ዘይኮነስ "ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ" ኢዩ። ኣካሉ ሰዊሩ መልክዕ ባርያ ወሲዱ፥ ኣብቲ ኣምላኽነቱ ከም ሰብ መሲሉ፥… እዚ ኩሉ ድማ ምእንቲ ድሕነትና ገበሮ።

*ምእንቲ ድሕነት እቲ ሰብ፥ ካብኡ ኣም ገነት ዝበልዓላ እዋን ኣትሒዙ፥ ብሞት ተፈሪዱ ንኸመውት ብምግዲ ዝነበረ። ክርስቶስ ንሰብ በኛ ኮይኑ ሞይቱ።*

*እታ "ካብ ሰማይ ወረደ" እትብል ቃል ንሰማይ ገዲፉ ማለት ኣይኮነትን።*

ንሱ ካብ ሰማይ ናብ መሬት ወሪዱ ክንሱ፥ ኣብ ሰማይ ህላዌኡ ቐጻሊ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ንሱ ኣብ ኩሉ ቦታ ዘሎ ኢዩ። ንሱ ዘይብሉ ቦታውን የልቦን። ስለዚ ድማ ንኒቆዲሞስ ከምዚ በሎ፥- "ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፥ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን።" (ዮሓ.3፥13)። እምበኣር ንሱ ኣብ ሰማይ ከሎ ካብ ሰማይ ወሪዱ።

*እታ "ካብ ሰማያት ወረደ" እትብል ቃል፥ በቲ ሓደ ወገን ኣካሉ ካዕና ሰዊሩ ማለት ኢዩ። (ፊል.2፥6-7)። በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ንዓና ተገሊጹልና ማለት*

ኢዩ።

ወሪዱ ማለት ክብሩ ገዲፉ "መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሲረ፤ ሰብውን መሰለ፤ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኺበ፤ ርእሱ ክሳብ ሞት ኣትሓተ፤ ክሳብ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።" (ፊሊ.2፥7-8)። (ካብ ሰማይ ወረደ) ትብል ቃል፥ ከምቲ ሓዋርያ ዝበሎ፥ ንግና ክርአ ዝኽእል ብሥጋ ምግሃዱ ማለትውን ኢዩ። "ብሓቂ እቲ ምሥጢር ኣምልኾ ዓቢዩ ኢዩ። ኣምላኽ ብሥጋ እተገልጸ..." (1ጢሞ.3፥16)። በዚ ድማ እቲ ዘይረአ ዝረአ ኰነ።

## ሥጋ ለበሰ (ተሠገወ)

"ተሠገወ" እትብል ቃል፥ ሥጋ ለበሰ ማለት ኢዩ። ብቋንቋ ግእዚ ከኣ "ʎqɓ ıcʎpʒ" (ኡፊቺ-ሳሪክስ) ማለት "ሥጋ ወሰደ...፤ ምስ ሥጋ ተወሃሃደ" ማለት ኢዩ።

እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምስ ሥጋ ተዋሃሃደ። ግን ከመይ ገይሩ ነዚ ሥጋ ወሲድዎ? ካበየናይ መበቆልከ ኢዩ? ስለዚ ኣስዒቡ ከምዚ ይብል፦



## ካብ
## መንፈስ ቅዱስን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያምን።

ቅድስት ድንግል ማርያም ነቲ ባሀርያዊ ምውላድ ናይ ሰቦት ኣብ ግምት ብምእታው፥ ንብይና ውላድ ክትወልድ ከም ዘይትኽእል ስለ ዝገመተት ነቲ መልኣኽ፦ "ማርያም ድማ ነቲ መልኣኽ እዚኸ ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኢዩ? በለቶ።" (ሉቃ.1፥34)። ስለዚ ድማ እቲ መልኣኽ ነቲ ከነታት ኘኽገልጸላ ከምዚ በላ። "መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ክጽልለኪ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል ኢዩ።" (ሉቃ.1፥35)።

*እዚ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ናብ ማሕፀን ማርያ ም፥ ናይ ብኣካሉ ምውራድ ኢዩ ዝነበረ።*

እዚ ድማ ፋሉይ ኩነት ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ብኣካሉ ናብ ደቂ ሰቦት ኣይወርደን ኢዩ።

መንፈስ ቅዱስ ናብ ቅድስት ድንግል ማርያም ስለ ክልተ ምኽንያት ኢዩ ወሪዱ። ቀዳማይ ኣብ ማሕፀና ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይዘርኢ ሰብኣይ ሥጋ ከቘውም። እቲ ካልኣይ ድማ እቲ ካብኣ ዝውለድ ህፃን፥

ምእንታን ነታ ናይ ውርሻ ሓጢኣት ንኸይወርስ፥ ንምህፃና ምቕዳስ ኢዩ።

*በዚ ከኣ እቲ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝፀነሰቶ ፅንሲ ብዘይመንቅብ (ሓጢኣት) ኰይኑ።*

በዚ ርድኢት እዚ ከኣ እቲ ኣበሣሪ መልኣኽ ከምዚ በላ "... መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ ልዑል ክጽልለኪ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል ኢዩ።" (ሉቃ.1፥35)። ስለዚ ንሱ ቅዱስ ኢዩ "ብጀካ ብሓጢኣት ጥራይ እንተ ዘይኰይኑ ብኹሉ ነገር ንዓና መሰለ"። (ቅዳሴ ቅዱስ ጎርጎርዮስ)።

ዋላውን እንተ ሞተ፥ ሓጢኣት ስለ ዘይገበረ፥ ምእንቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓጢኣት ዘይኰነስ፥ ምእንቲ ሓጢኣት ካልኣት ኢዩ ሞይቱ።

*"ተሠገወ" ዝብል ቃል ሰብኣዊ ሥጋ ወሲዱ ማለት ጥራይ ዘይኰነ፥ ካብ ሥጋን መንፈስን.... ሙሉ እ ባህርያት ወዲ ሰብ ወሲዱ ማለት ኢዩ።*

ስለ ዝኾነ ከኣ ጸሎተ ሃይማኖት ተሠገወ (ሥጋ ለበሰ) ኢሉ ጥራይ ኣየብቀዐን። እንታይ ደኣ (ተሰብአ) "ሰብ ኰነ" ዝብል ቃል ወሲኹሉ ኣሎ



## *ሰብ ኰነ*

ባህርያት ሰብ ዘለዎ ፍጹም ሰብ ኰነ። ስለዚውን ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባኡ፦ "ኣምላኽ ሓደ በይኑ ኢዩ እሞ፥ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይ እውን፥ እቲ ሰብ ክርስቶስ ኢየሱስ ሓደ በይኑ ኢዩ።" በለ። (1ጢሞ.2፥5)። እቲ ፍርዲ ኣንጻር ሰብ ስለ ዝበረ እቲ ክመውት ዘለዎ፥ ብባህርያት ሰብ ዝተወልደ ሰብ ኽኸውን ኣለዎ።

*ንሱ ፍጹም ሰብ እንተ ዘይከውን ነይሩ፥ ብኹሉ ነገር ከማና ኣይምመሰለን። ከምኡውን እታ ንሞት ዝተፈርዳ ባህሪና ዘይወሰደ ምኾነ ነይሩ።*

እዚ ዝበልናሉ ምኽንያት ከኣ፥ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ " ብዘይ ሰብኣዊ መንፈስ ቡቲ ምስኡ ዝተወሃደ ኣምላኽነቱ፡ ጥራይ ክነብር ስለ ዝኽእል። እቲ ምስኡ ብኣካሉ ዝተዋሃሃደ መንፈስ ቅዱስ ደኣ እምበር፥ መንፈስ ሰብ ንኽነብረሉ ኣየድልዮን ኢዩ!!" ዝብል መናፍቕነት ስለ ዝተላዓለ ኢዩ። ስለዚ ድማ ነዚ መናፍቕነት እዚ (ናይ ኣፖሊናርዮስ መናፍቕነት) ንስብኣውነት ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዘጉደለ፥ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኻን፥ ተራ ሥጋ እምበር ፍጹም ሰብ ኣይኰነን ኢሉ ስለ ዝወሰደ!!፥

ብሠለስተ ሚእትን ሰማንያን ሓደን (381) ዓ.ም. ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ኣብ ቍስጥንጥንያ ተኻየዱ፥ ብጉባኤ ተወጊዙ ክምዝፍለ ገበርዎ።

እታ "ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኰነ" እትብል ቃል ኣብ ጸሎተ ሃይማኖትን ኣብ ቅዳሴን... ኩሉ ጊዜ እትጽለይ ኮይና ኣላ። እዚ ድማ፥ ነቲ ኣብ ክንዲ ኩሉ ሰብ ንሕጸ ነፍሱ በጃ ሓጢኣት ዝሠውአ ክርስቶስ፥ ፍጹም ሰብ ከም ዝኾነ ንምእማን ኢዩ። ብዛዕባ እዚ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል "ማለት፥ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ኢዩ እሞ እቲ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፥ እቲ ሰብ ክርስቶስ ኢየሱስ ሓደ በይኑ ኢዩ። ብግዚኡ ንዝኾውን ምስክር ንሱ ኣብ ክንዲ ኩሉ ኺኸውን ኢሉ ነፍሱ በጃ ሃበ።" (1ጢሞ.2፥5-6)።

በዚ ምኽንያት እዚ ኢዩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብ "ወዲ ሰብ" ብዝብል መስመዩ ወሲዱ ዝዛረብ ዝነበረ። ብዙሕ ጊዜ ይደጋግማ ነበረ፥ ምኽንያቱ ሞቱ ብሓፈሻ ምእንቲ ሓጢኣት ሰብ ከም ዝውክል የመልክት...። ብቛንቋ ግብጺ "ⲁϥⲉⲣⲣⲱⲙⲓ" (ኣፍ-ኤር-ኦሚ) ማለት ተሰብአ ወይ ሰብ ኰነ ማለት ኢዩ።

መንፈስ ቅዱስ ንማኅፀን ቅድስቲ ድንግል ማርያም ወሪዱ ምስ ቀደሶ፥ ካብ መጀመርያ ናይቲ ቅዱስ ፅንሲ ኣብ ማኅፀን ድንግል ማርያም ኣትሒዙ፥ ኣምላኽነቱ ምስኡ ስለ ዝተዋሃሃደ፥ እቲ ቅዱስ ሰብ ኰነ።

ብዛዕባ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ግን ወማዓዊ ፅንሲ ኢያ ዝተፀንሰት። ስለዚውን ከም ሕዝባ መድሓኒ ኣድለያ። ኣቡቲ ናይ ምሥጋና መዝሙራ ከኣ ከምዚ ትብል፦ "ነፍሰ ይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፥ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ ቡቲ መድሓንየይ ባህ ይብሎ..." (ሉቃ.1፥4647)።

## ምእንታና ተሰቕለ

"ኣብ ዘመን ጲላጦስ ጴንጤናዊ ምእንታና ተሰቕለ"።

*"ምእንታና ተሰቕለ" ማለት "ስሌና ወይ ኣብክንዳ ና" ማለት ኢዩ።*

"ዓስቢ ሓጢኣት ሞት ኢዩ...።" (ሮሜ.6፥23)። ንሕና ከኣ ስለ ዝሓጥእና እቶም ክንመውት ዝግብኣና ኢና ነይር ና። ከምኡውን፦ "ስለዚ ከኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፥ ብሓጢኣትውን ሞት፥ ከማ ቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።" (ሮሜ.5፥12)።

*በዚ ምኽንያት እቲ ሓጢኣት ዘይገበረ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ እቶም ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት ዘለው*

*ሓጥኣን ክመውት መጸ።*

በዚ ምስክር እዚ እቲ ኣብ የማናይ ጐይታና ተሰቒሉ ዝነበረ ሠራቒ፥ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተኸላኸለሉ። ኑቲ መላገጺ ሠራቒ ብጸዩ ድማ፥ ከምዚ ክብል መለሰሉ፦ “ኢታ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ፍርዲ ከሎኻኸ ንኣምላኽዶ ኢይትፈርሆን ኢኻ? ንሕናስ ብሓቂ ብግብርና ዝግብኣና ተፈደና፥ እዚ ግና ሓንቲ ክፍእቲ እኳ ኣይገበረን ኢሉ ገንሖ።” (ሉቃ.23፥40-41)።

እቲ ኣብ መወዳእታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኽስቀል ዝፈረደ ጲላጦስውን ከይተረፈ፥ ኑቶም ንሞት ንኽፈርደሎም ናብኡ ዝመጹ መራሕቲ ኣይሁድ፥ ከምዚ ዝስዕብ በሎም፦ “...እንታይ ክፉእ ገበረ? ንሞት ዝኸውን ምኽንያት ኣይረኸብኩሉን...” (ሉቃ.23፥14-22)። ብድሕሪኡውን ከምዚ በሎም፦ “...ኣነ ካብ ደም እዚ ጻድቕ እዚ ንጹህ ኢየ።” (ማቴ.27፥24)። በዚ ኸምዚ ከኣ እቲ ንጹህ፥ ኣብ ክንዳና ማለት ንሕና እቶም ሞት ዝግብኣና ተሰቕለ።

*“ኩላትና ከም ኣባጊዕ ተባሪርና፥ ነፍሲ ወከፍና ናብ መገዱ ዘምበለ፥ እግዚኣብሔር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ።” (ኢሳ53፥6)።*

እምበኣርከስ ብሞቱ በጃ ምእንቲ ኩሓልፈልና ሞተ። በጃ ምሕላፍ ማለት እቲ ንጹህ ኣብ ክንዲ በደለኛታት



መማት ማለት ኢዩ። እቲ ሓጢኣተኛ ብሓጢኣቱ ምኽንያት ይመውት። እቲ ብፁእ ግና -ብተብጃውነት- ምእንቲ ካብ ማእሰር ከውጽኦ፥ ኣብ ክንዲ እቲ ሓጢኣት ዝፈጸመ ካልእ ሰብ፥ ከም ሓጢኣተኛ ኰይኑ ኢዩ ዝመውት። “ኩላቶም ዘምቢሎም፥ ብዘለው ኹላቶም ረኺሶም፥ ገለ ሠናይ ዝገብር የልቦን፥ ሓደ እኳ የልቦን።” (መዝ.14፥3)። *ኢየሱስ ክርስቶስ ግን እቲ በጃ ካልኣት ክመውት ዝኽእል ቅዱስ ኢዩ።*

ገብርኤል መልኣኽ ብዛዕባ ልደት ጐይታ ንቅድስት ድንግል ማርያም ክበሥራ ከሎ “...መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ክጽልለኪ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ዝውለድ ቅዱስ፥ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል ኢዩ።” (ሉቃ.1፥35)። ከምኡ እውን ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣይሁድ ንክርስቶስ ስለ ዝሰቐልዎ ብወግዒ ክገስጾም ከሎ ከምዚ ይብል፦ “እወ ንኾትኩም ኑቲ ቅዱስን ጻድቕን ኪሓድክምሲ ኑቲ ነፍሲ ዝቐተለ ሰብኣይ ክምሕረልኩም ለመንኩም።” (ግሓ.3፥14)። ሓዋርያ ጳውሎስውን ብዛዕባ ክርስቶስ ከምዚ ይብል፦ “ከምዚ ዝኣመሰለ ክፍኣትን ርኽሰትን ዘይብሉ ካብ ሓጥኣን እተፈልየ ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ-ካህናት ኣድለየና”። (ዕብ.7፥26)። ንሱ ቅዱስ ኢዩ፥ ግን ንሓጢኣትና ፆሮ።

*ኣብ ሰቕለቱ ፀዋር ሓጢኣት እያግር ሓጢኣተኛ*

*ኣይነበረን።*

ሓጢኣት ካልኣት የረ፥ ሓጢኣት ኩሉ ዓለም፤ ሓጢኣት ናይ ዝሓለፈን ዘሎን ዝመጽእን። ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ከምዚ ይብል “ኣቱም ደቀየ ሓጢኣት ምእንቲ ከይትገብሩ እዚ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ሓደ እኳ ሓጢኣት ዝገበረ እንተሎ ጠበቓ ኣቦ ኣሎና፥ ንሱ ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ ጻድቕ ኢዩ። ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ኢዩ። ብናይ ሓጢኣት ኩሉ ዓለም ድማ ኢዩ እምበር ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኮነን።” (1ዮሓ.2፥1-2)። ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕውን ከምዚ ይብል፦ “እንሆ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ በለ።” (ዮሓ.1፥29)።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ንዕኡ ንበይኑ ኣብነት ዝኾነ፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝቐርብ ዝነበረ፥ ናይ ምሕራር መሥዋእቲ የዘኪረና፦*

ኣብ ብሉይ ኪዳን፥ እቲ ሓጢኣት ዝፈጸመ ሰብ ንሕድገት ሓጢኣት ዝኸውን መሥዋእቲ ሒዙ ኢዩ ዝቐርብ ዝነበረ። መንቀብ ዘይብሉ እንስሳ ኣምጺኡ ኢዱ ኣብ ርእሲ እቲ እንስሳ ኣቐሚጡ ሓጢኣቱ ይናዘዝ። ኢድ እቲ ሓጢኣተኛ ኣብ ርእሲ እቲ እንስሳ ምቕማጥ ከኣ፥ እቲ እንስሳ ኣብ ክንድኡ በጃ ንኺሓልፍ ምቕባሉ የመልክት፥ ከምኡ እውን እቲ እንስሳ ነቲ ናብኡ ዝሰገረ ሓጢኣቱ ጸይሩ፥



ኣብ ክንድኡ ንኺመውት ምቕባሉ የመልክት። እቶም መንቀብ ዘይብሎም እንስሳታት፥ ናይ እቶም ሕድጋትን ተበጃውነትን ዝኣምኑ፥ ኣብ ክንድኦም ከኣ በጃ ይሓልፉ ከምዝለዉ ዝቕበሉ ሰባት፥ ሓጢኣት ጸይሮም ኢዮም ተሓሪዶም ዝሞቱ ዝነበሩ።

እቲ መሥዋእቲ ሓጢኣት “... ንሱ ቅዱሰ ቅዱሳን ኢዩ።” (ዘሌ.6፥25) ተባሂሉ ኣሎ።

እዚ ናይ ሓጢኣት መሥዋእቲ መግለጺ “ቅዱሰ ቅዱሳን” ዝብል ቃል ኣብ (ዘሌ.6፥29) ተደጋጊሙ ኣሎ። ስለዚ ኣብ እቲ ናይ መሥዋእቲ ቦታ፥ እቲ ናይ ምሕራር መሥዋእቲ ይቐርብ። ብዛዕባ መሥዋእቲ ምሕራር ከኣ “ንእግዚኣብሔር ጥዑም ጨና” ተባሂሉ ኣሎ። (ዘሌ.1፥9,13, 17)። ልክዕ ከምኡውን ናይ እኽሊ መሥዋእቲ “ንእግዚኣብሔር ጥዑምጨና” ተባሂሉ ኣሎ። (ዘሌ.2፥2)።

“ቅዱስ ቅዱሳን” (ዘሌ.2፥3,9,10)። ብኻልእ ወገን ኣብ እቲ ናይ በደል መሥዋእቲ ልክዕ ከምኡ ተገሊጹ ኣሎ “ቅዱስ ቅዱሳን” (ዘሌ.7፥1-2)። ኣብ እቲ ናይ ምሕራር መሥዋእቲ ዘቕርብሉ ቦታ፥ ነቲ ናይ በደል መሥዋእቲ ኣብኡ የቕርብዎ ነበሩ።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን፦ ናይ ሓጢኣት መሥዋእቲ፤ ናይ በደል መሥዋእቲ፤ ሓጢኣት ዓለም*

*ክጸውር ክሎውን ቅዱስ ቅዱሳን፥ ክምኡውን ንእግዚኣብሔር ባህ ዘብል ምኡዝ ጨና ኢዩ ነይሩ።*

እቶም ሓጢኣት ዝፆሩ መሥዋእቲ "እቲ ሥጋ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሓርር ነበረ"። (ዕብ.13፥11)። ኢየሱስ ክርስቶስውን ከምኡ "ብናይ ገዛእ ርእሱ ደም ነቶም ሕዝቢ ምእንቲ ክቕድሶ፥ ኣብ ወጻኢ እቲ ኣፍደገ መከራ ተቐበለ። ኣብ ወጻኢ እታ ከተማውን ተሰቕለ። ምኽንያቱ ንሕና ከም መጠን ሓጢኣተኛታት ኣብ ወጻኢ እታ ኸተማ ከም ዘሎና ኢና እንቕጸር....።

*ንዓና ናብ ውሽጢ እታ ከተማ ምእንቲ ከእትወና፥ ንሱ ኣብ ክንዳና ካብ እታ ከተማ ንወጻኢ ከደ።*

ንሕና ብሞቱ ህይወት ምእንቲ ክንረክብ ኣብ ክንዳና ተሰቕለ፥ ኣብ ክንዳናውን ሞተ። "ወዲ ኣምላኽ እንተ ኼንካስ ካብ መስቀል ውረድ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ።" (ማቴ.27፥40-42)። "ርኢና ኽንኣምኖ፥ ክርስቶስ ንጉሥ እስራኤል፥ ሕጂ ካብ መስቀል ይውረድ፥" (ማር.15፥32)። ....ንሱ ግን ከምኡ ኣይገበረን። ምኽንያቱ ንሕና ብሞቱ ምእንቲ ክንድሕን ኣብ ክንዳና ክመውት ፈተወ።

*ግን ስለምንታይ ብስቕለት ሙማት መረጸ?*

፩፦ እዚ ዓይነት ኣማውታ እዚ እቲ ቀንዲ ስቓይ ዝበዝሖ ዓይነት ሞት ስለ ዝኾነ ኢዩ። ምኽንያቱ ኩሉ



ደም ብምፍሳስ፤ ኩሉ መትንታት ተወጣጢሩ ይበጣጠስ። ብተወሳኺ ከኣ እቶም ኣብ ኣካላቱ ዝኣተዉ መሳምር ቀንዲ ምኽንያት ቃንዛ ስለ ዝኾኑ ኢዩ።

፪፦ ቃንዛ ምስያፍ ርእሲ ብጣዕሚ ሓጺር ጊዜ ኢዩ ዝወስድ። ከምኡውን ስቅያት ምንዳድን ምሕናቕን ብጣዕሚ ሒደት ጊዜ ኢዩ ዝወስድ። እቲ ዝተረፈ ናይ ሞት ፍርድታትውን ውሑድ ደቓይቕ ጥራሕ ኢዩ ዝወስድ። ቃንዛ ስቕለት ግን ብዘይካ እቲ ንስቕለቱ ክዳልውሉ ክለዉ ዘቐቐይዎ፥ እቲ ካብ ሻዱሸይቲ ሰዓት ክሳዕ ታሽዓይቲ ሰዓት፥ ንሠለስተ ሰዓታት ብዘይምቁራጽ ኣብ መስቀል ዝተሳቐየን፥ ወሲኽካ ነዊሕ ጊዜ ዝጸንሕ ኢዩ።

፫፦ ምስቃል ናይ ጸለመ መእወጂን ናይ መቕጻትን ኢዩ። እቲ መስቀል ኣብ ላዕሊ ቦታ ስለ ዝኾነ ድማ ኩሉ ሕዝቢ ዝርእዮ ኢዩ። ስለዚውን ብዙሓት ደቂ እታ ከተማን ኣብ ወጻኢ ዘለዉን ረኣይዎ።

፬፦ ኣብ ብሉይ ኪዳን፥ ከምቲ ኣብ ናይ ሙሴ መጽሓፍ ሕጊ ተጻሒፉ ዘሎ፥ ኣብ መስቀል ሙማት ማለት ከም መርገም ኢዩ ዝቑጸር ነይሩ። "...እቲ እተሰቕለ ብእግዚኣብሔር እተረግመ ኢዩ እሞ ነታ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ንርስቲ ዝሀበካ ምድሪ ኣይተርክሳ።" (ዘዳ.21፥22-23)። ስለዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብስቕለቱ "ካብ

ናይ መርገም ሕጊ ኣድሓነና” (ገላ.3፥13)። እዚ ከኣ ኣብ ክንዳና ስለ ዝጸረ ኢዩ.....

ኣብ መስቀል ሙማት ኣዝዩ ኣሰቃቒ ኢዩ። ስለዚ ድማ ብዛዕባኡ ከምዚ ተባህለ። “ሰብ መሰለ፤ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኸበ፤ ርእሱ ኸሳዕ ሞት ኣትሓተ፤ ኸሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።” (ፍሊ.2፥78)።

*ንስቕለትን ሞትን ሕሰረትን መርገምን ኣብ ክንዳና ሓለፈ።*

*እዚ ጥራይ ኢይኰነን፦*

ኣብ ዝጸመሉ እዋን ኣብ ክንዳና ኢዩ ጾይሙ፥ ንዕኡ ግን ከማና ጾም ኣየድልዮን ኢዩ ነይሩ። ኣቡኒ ናይ ንስሓ ጥምቀት ምእታዉ ንዕኡ ስለ ዘድልዮ ዝነበረ ዘይኰነስ፥ ንኹሉ ሕጊ ትእዛዝ ንምፍጻም፥ ኣብ ክንዳና ኢዩ ኣቡኒ ናይ ንስሓ ጥምቀት ወሪዱ ዝተጠመቐ። “ኩሉ ጽድቂ ኸነ ፍጽም ይግብኣና ኢዩ...” (ማቴ.3፥15)። ኣብ ክንዳና ኢዩ ንኹሉ ሕጊ ዝፈጸመ። ኣቡኒ ኣብ መሬት ፍጹምነት ዘይርከበሉ ዝነበረ እዋን፥ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ብዛዕባ ፍጹም ሰብ ኣብነታዊ፤ ሰእላዊ ተግባር ኣቕረበሉ። ስለዚ ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ሲኢኖም።.... ፍጹም ዝኾነ ሰብ፥ ብዘይ ሓጢኣት ኩሉ ጊዜ ባህ ዝብሎ ዝገብር ኣቕረበሉ። “...ኣነ ኩሉሳዕ ባህ ዘብሎ እገብር ኢየ....።” (ዮሓ.8፥29)።



ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ተሰቕለ። ስለምንታይ ኢዩ ግን ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት

*ምእንታና ኣብ ዘመን ጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ ዝብል።*

ታሪኻዊት ኩነት ኢያ፥ ጸሎተ ሃይማኖት እቲ ናይ ታሪኽ ፍጻሜ ዝተፈጸመሉ ብታሪኻዊ ምስክር ንኸረጋግጽ ኣቡኒ ጊዜ እቲ ናይ ሮማ ገዛኢ መን ከም ዝነበረን.... ከምኡውን ንሱ “ኣብ ክንዳና ከም ዝተሰቕለን ዝተሳቐየን” ይገልጽ።

## *ተሳቓየ*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝተሳቐየ ምርግጋጽ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኢዩ፥ ምኽንያቱ?

*ምእንቲ ገለ ሰባት ነቲ ወሀደት ኣምላኽነትን ትሰብእትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ንትስብእቱ ካብ ሲቓይ ተኸላኸሉ ኢሎም ከይግምቱ ኢዩ!!*

እዚ ሓቂ እንተ ኸይኑ ከኣ እቲ ስቕለት ምስሊ ጥራሕ ማለት ኢዩ። ከምኡውን ክርስቶስ ነቲ ዓቢ ዋጋ ሞት፥ ቅኑዕ ኣምላኻዊ ፍርዲ፥ ኣይከፈለን ማለት ኢዩ፥ እዚ ኣበሃህላስ ካብና የርሕቖ!!

ስቅያት መስቀል ብርግጽ ዝተፈጸመ ሓቂ ኢዩ። ብዛዕባኡውን ነቢዩ ኢሳይያስ ከምዚ ኢሉ ተነብዩ ኣሎ፦

“ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን ኢዩ፥ ብዓልሲቃይ፥... ንሲቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፥ ንሕና ግን ከም እተወቕዓን ብእግዚኣብሔር ከም እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ገርና ቖጺርናዮ። ንሱ ግን ብሰሪ ዝበንና ቖሰለ፥ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፥..... እግዚኣብሔር ግና ብመከራ ክሕምሽሾ ፈተወ፥ ነፍሱ ንመሥዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈየ፥ ዘርኢ ክርኢ መዓልትታቱ ኽነውሕ ኢዩ። ፍቓድ እግዚኣብሔር ከኣ ኣብ ኢዱ ኽስልጥ ኢዩ።” (ኢሳ.53፥310)።

*ኳኑቲ ኣዝዩ ዓቢዩ ሲቃይ መስቀል ዝኾኞ ዝነበረ ተደረኸ። “ብዓቢዩ ድምጺ ኤሎሄ ኤሎሄ ላማ ሰበቕታኒ ኢሉ ጨርሐ፥ ትርጉሙ ከኣ ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓዲግካኒ ማለት ኢዩ።” (ማር.15፥34)። ብ ምኽንያት እቲ ካብኡ ብብዙሒ ዝወጽአ ዝነበረ ረሃጽን ደምን ከኣ “ጸማእኒ” በለ። (ዮሓ.19፥28)።*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሓቂ ሕሱም ሲቃይ ተሳቒዩ ኢዩ። ኣቦውን ብፍቓዱ መከራን መግረፍትን ክቕበል ገዲፍዎ፥ ብመከራ ክሳቐ ፈተወ። ይኹን እምበር እቲ “ስለምንታይ ሓዲግካኒ” ዝብል ቃል ካብ ኣብ ተፈልዩ ማለት ኣይኮነን። እዚ ብፍጹም ዘይከውን ኢዩ። ቓንዛ



ከይኣለየ ንኽሳቐ ገዲፍዎ ማለት ኢዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ቤተክርስቲያን ነቲ ስቅያት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምዝካር፥ ዓመታዊ ሰሙነ ሕማማት ተብዕል። ከምኡ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዕለተ ዓርቢ እናጾመ ይርከብ....።

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንትሰብእቱ ምእንቲ ክድግፍ ኣምላኻዊ ሓይሉ ኣይተጠቐመን።*

እዚ ድማ ኣብ ጊዜ ስቕለቱ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ብምሉእ ነቲ ኣብ ዓለም ሥጋ ለቢሱ ዝተመላለሰሉ... የጠቓልል።

ካብ ሰፍ ሄሮድስ ንክድሕን፥ ንግብጺ ኣብ ዝሃደመሉ እዋን፥ ንሄሮድስ ብኣምላኻዊ ሓይሉ ገይሩ፥ ክትንሥኣሉ ብ ዘይኽእል መውቃዕቲ፥ ክወቕዖ ይኽእል ነይሩ ኢዩ፥ ግን ከምኡ ኣይገበረን። ንኣምላኽነቱ ስለ ኸምኡ ኣይተጠቐመሉን።

ኣብ ክረን ኣብ ዝጸመሉ ዝነበረ ጊዜውን፥ ኣምላኽነቱ ንሥግኡ ካብ ጥምየት ክከላኸሉ ይኽእል ነይሩ ኢዩ፥ ግን ከምኡ ኣይገበረን። ብዛዕባኡ ደኣ ከምዚ ተባሂሉ። “ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ምስ ጾመ ድሕሪ እዚ ጠመየ” (ማቴ.4፥2)። ብኸምዚ ንጥምየት ተጻወረ፥ ንኣምላኽነቱ ሥግኡ ኽከዕንግለሉ ኢሉ ኣይተጠቐመሉን። ከምኡውን ከምቲ ሰይጣን ዘቕረበሉ ሓሳብ ነቶም ኣእማን ናብ ሕብስቲ ክልውጦም ኣይፈቐደን!!

ብምሉእ እቲ ኣብ ምድሪ ብትስብእቲ ዝነበረሉ ጊዜ፥ ይጠምን ይጸምእን ነበረ፤ ይደክምን ይሳቐን ነበረ። ምእንቲ ሓደ ካብዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ነፍሱ ከይወድቆ፥ ንኣምላኽነቱ ኣይተጠቕመሉን። መስቀል ጸይሩ ናብ ጐልጎልታ ኣብ ዝኸደሉ ጊዜ፥ ብምኽንያት እቲ ካብ መጠን ዝሓለፈ ድኻም፥ ወደቐ። (ዮሓ.19፥17)። ኣብ ክንድኡ ከኣ ንስምኦን ቀሬናዊ መስቀሉ ክጾረሉ ኣገደድዎ። (ማር.15፥21)። መስቀሉ ብዘይደገፍ እቲ ቀሬናዊ፥ ብሓይሊ ኣምላኽነቱ ክጾውር ይኽእል ነይሩ እዩ! ከምኡውን ነቶም ዝጸረፍዎን ዝገርፍዎን ዝሃቡ ደው ክብሎም ወይ ከኣ ክኸልክሎም ንኣምላኽነቱ ኣይተጠቕመሉን። (ማቴ.27፥29-31)።

*ንሱ ባዕሉ ብዛዕባ እዚም ሲቃያት እዚኣቶም ቕድሚ ስቕለቱ ተዛረየ፦*

ንደቀመዛሙርቲውን፦ "...ናብ እየሩሳሌም ክድይብ፥ ብዓበይትን ብሊቃውንቲ ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ መከራ ክጸግበን ክቕተልን ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ክትንሥእ ከም ዝግብኦ" ክገልጸሎም ጀመረ። (ማቴ.16፥21)። "ንወዲ ሰብ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ክጸግብ፥ ብዓበይቲ ሕዝብን ብሊቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍትን ክነዓቕን ክቕተልን ድሕሪ ሠለስተ መዓልቲውን ክትንሥእ ከም ዝግብኦ፥ ክምህሮም ጀመረ።" (ማር.8፥31)። "ብዛዕባ ወዲ ሰብከ ኸመይ ተጻሒፉ ኣሎ? ብዙሕ ሓሳረ መከራ ክጸግብን ክነዓቕን እዩ።"



(ማር.9፥12)። (ሉቃ.9፥22)። ኻልእ ጊዜውን ደጊሙ፦ "ቅድም ግና ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኽጸግብ በዚ ወሎዶ እዚውን ክነዓቕ ብግዲ ኢዩ።" በሎም። (ሉቃ.17፥25)።

*ስለዚ ድማ ኢዩ ድሕሪ ትንሣኤኡ፥ ነቢያት ኣቐዲሞም ብዛዕባ ስቕያቱ ከም ዝተዛረዩ ዝገለጸሎም።*

ነቶም ክልተ ናይ ኤማሁስ ተማሃሮ ከምዚ ብምባል ገሰጾም። "ንሱ ድማ ኣቱም ነብያት ብተዛረብዎ ኩሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ፥ ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ክጸግብ እሞ፥ ናብ ክብረቱ ክኣቱ ናይግዲ ዶይኮነን?" በሎም። (ሉቃ.24፥25-26)። ንደቀመዛሙርቱ እውን ከምዚ በሎም። "ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ክጸግብ ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ክትንሥእ ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ እየሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ክስበኽ ጽሑፍ ኢዩ።" (ሉቃ.24፥46)።

*መሥዋእቲ ናይ ብሉይ ኪዳን፥ ምልክት ሲቓይ ክርስቶስ ኢዩ ነይሩ።*

ንምሳሌ እቲ ናይ በዓል ፋሲካ በጊዕ፥ ምልክት ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ፦ "ገንሸል ፋሲካና ማለት ክርስቶስ ተሠዊኡ ኢዩ እሞ ከምቲ ዘይምጹጻት ዝኾንኩም፥ ሓድሽ ብሑቕ ምእንቲ ክትኮኑ ነቲ ኣረጊት ማይ ብሑቕ ኣጽርይዎ ኣውጽእዎ።"

(1ቆሮ.5፥7) ተባሂሉ ኣሎ። ብዛዕባ እቲ ናይ ፋሲካ በጊዕ ድማ "ብሓዊ ጠቢሶም" (ዘሌ.12፥8)። ተባሂሉ ኣሎ። እዚ ምጥባስ ከኣ ምልክት ስቅያት ክርስቶስ ኢዩ። እቲ ምጥባስ ኣብቲ ኣምላኻዊ ፍርዲ ቃሉ ዝፍጸመሉ ዝነበረ ናይ ክርስቶስ ምልክት ኢዩ፥ እቲ ንኣምላኽ ባህ ዘብል ምኡዝ ጨና ኢዩ ነይሩ። (ዘሌ.1፥9)። ኣብ ሕጊውን ከምዚ ዝስዕብ ተጻሒፉ ኣሎ፦ "... እቲ ዝሓርር መሥዋእቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መሠውኢ ዝነድድ ዕንጨይቲ ምሉእ ለይቲ ክሳብ ዝወግሕ ይንበር፥ እቲ ሓዊ መሠውኢ ከኣ ይንደድ። ....ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ስብሒ መሥዋእቲ ምሥጋና የሕርር፥ እቲ ሓዊ ወርትግ ኣብ ልዕሊ መሥዋእቲ ምስጋና ይን ደድ፥ ኣይጥፋእ።" (ዘሌ.6፥9-13)። እዚ ወርትግ ዝነድድ ሓዊ ምልክት ናይቲ ኣምላኻዊ ፍርዲ ኮይኑ፥ እቲ መሰሉ ድማ ካብቲ መጥበሲ ክሳብ ናብ ሓመኹሽቲ ዝቕየር ዝወስድ ዝነበረ ኢዩ። (ዘሌ.6፥10)።... እቲ ስቅያት ልዕሊ እዚ ምልክት ምፍጻም ኢዩ...!

ኣብ መዝሙር ዳዊትከ ብዛዕባ ስቅያት መስቀል ዘመ ልክት እንታይ ተባሂሉ ኣሎ?

*"...ኣእዳወይን ኣእጋረይን ሸንኪሮምዎ ኢዮም እሞ፥ ኵሉ ኣዕጽምተይ ክቈጽሮ እኽእል ኢየ...።" (መዝ. 22፥16-17)።*



እዚ ኵሉ ስቅያት መስቀል ኣብዚ መዝሙር እዚ ተጠቒሱ ዘሎ፥ ንነፍስን ሥጋን ኢዩ። ከምዚ ከኣ ይብል፦ "ኣነ ከም ማይ ፈሰስኩ፥ ብዘሎ ኣዕጽምተይ ተፈላልዩ፥ ልበይ ከም ሰምዒ ኮነ፥ ኣብ ማእከል ከኣ ኣምዑተይ መኸኸ። ሓይለይ ከም ገልዒ ነቒጹ፥ ልሳነይ ኣብ ትንሓገይ ጠቢቑ፥ ናብ መሬት ሞት ኣውደቕካኒ" (መዝ.22፥14-15)።

## ተቐብረ

ማለት ኣብ መቓብር ኣቐመጥዎ ማለት ኢዩ። እዚ ከኣ ዮሴፍ በዓል ኣርማትያን ኒቆዲሞስን ብጨና ቀቢኦም ምስ ገነዝዎ ኢዩ ዝተፈጸመ። "ንሥጋ ኢየሱስ ወሲዶም፥ ከምቲ ልማድ ቀብሪ ኣይሁድን ኣገናንዛኦምን ብበፍታ ምስ ሽቱ ገይሮም ገነዝዎ። ኣብታ እተሰቕለላ ስፍራ ድማ ኣታ ኽልቲ ነበረ። ኣብቲ ቦታ ኣታኽልቲ ከኣ እተቐብረሉ ዘይብሉ ሓዲሽ መቓብር ጸንሖ። እቲ መቓብር ቀረባ ነበረ እሞ፥ ድሮ ሰንበት ስለ ዝነበረ፥ ንኹይታ ኢየሱስ ኣብኡ ኣንበርዎ።" (ዮሓ.19፥40-42)። "እተን ካብ ገሊላ ምስኡ ዝመጻ ኣንስቲ ድማ ሲዒበን፥ መቓብሩን ሥጋኡ ከመይ ከም እተቐበረን ረኣያ።" (ሉቃ.23፥55)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐብረሉ መቓብር ኣብ ከውሒ ዝተጻረበ ኢዩ ነይሩ። ዮሴፍ ንሥጋ ጐይታ፥

"...ኣብ ከውሒ ኣብ እተወቕረ መቓብር ኣንበሮ። ኑቲ ኣፍ መቓብር ከኣ ብእምኒ ዓጸዎ።" (ማር.15፥46-47)። "ማርያም መግደላዊትን ማርያም ኣደ ዮሳስን ድማ ኣበይ ከም ዘንበርዎ ይርእያ ነበራ።" (ማር.15፥57)። እቶም ካህናትን ፈሪሳውያንን ምስ ጲላጦስ ተሰማሚዖም ኑቲ መቓብር ሓለውቲ ገበሩሉ፥ ኑቲ እምኒ ድማ ማሕተም ገበሩሉ። ምኽንያቱ ደቀ መዛሙርቱ ብለይቲ መጺኦም ከይሰርቅዎ እሞ ካብ ምዉታት ተንሲኡ ኢሎም ንሕዝቢ ከይነግሩ ስለ ዝፈርሁ ኢዮም። (ማቴ.27፥62-66)።

*ብሓጺሩ ብዛዕባ እቲ መቓብር፥ ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያን ኒቆዲሞስን ንሥጋ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ገኒዞም ኣብ ዝተወቕረ ከውሒ ኣቐሚጦም ብዙሓት ኣንስቲ እንዳ ረኣየኦም ዓቢይ እምኒ ኣንከራርዮም ዓጸውዎ። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ሊቃነ ካህናትን ፈሪሳውያንን ሓለውቲ ኣቑሞም ከምኡ ከኣ ኑቲ ዓቢ እምኒ ማዕጾ መቓብር ማሕተም ገበሩሉ።*

እዚ ግብርታት እዚ ድማ ንትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣጸቢቑ ዘረጋግጽ ኢዩ። ምኽንያቱ ሓለውቲ ከለዉ፥ እቲ ዓብዪ እምኒ ምስ ማሕተሙውን ከሎ፥ ከመይ ገይሮም ኢዮም ደቀ መዛሙርቱ ሥጋ ጐይታና ክሰርቅዎ ዝኽእሉ? ብተወሳኺ ከኣ ቀዳም ምሸት "መጀመርታ ሰንበት" ኢዩ ነይሩ። (ማር.15፥42)። ከምቲ ትእዛዝ ሕጊ ከኣ



ሰንበት ዕረፍቶም ኢዩ። (ሉቃ.23፥56)።

*ይኹን እምበር እዚ ኩሉ እኳ እንተ ተገብረ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተንሢኡ። እታ ጥራሓ ዝጸንሐት መቓብር ድማ መረጋገጺ ትንሣኤኡ ኮይና።*

## *ካብ ምውታት ተንሢኡ*

ከምቲ ኣብቶም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘሎ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተንሥኤ።

ትንሣኤ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ እቶም ከም እንደገና ብህይወት ዝተመልሱ ካልኦት ሰባት በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ይፍለ፦

*፩፦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኻልእ ሰብ ዘይ ኮነስ ብገዛእ ነፍሱ ኢዩ ተንሢኡ።*

ኣብ ብሉይ ኪዳን ካብ ምዉታት ተመሊሶም ህይወት ዝረኸቡ ሠለስተ ሰባት ኢዮም። ወዲ እታ መበለት ስረጵታ ናይ ሲዶና ብነቢዪ ኤልያስ ተንሢኡ። (1ነገ.17፥22)። ወዲ እታ ሹናማዊት ሰበይቲ ብነቢዪ ኤልሳእ ተንሢኡ። (2ነገ.4፥35)። እቲ ሣልሳይ ድሕሪ ሞት ነቢዪ ኤልሳእ፥ ኣብ መቓብር ኤልሳእ ኣዕጽምቲ ኤልሳእ ምስ ተንከየ ዝተንሥኤ ኢዩ። (2ነገ.13፥21)።

ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ሠለስተ ሰባት ተንሢኦም። ወዲ እታ መበለት ናይ ናይን። (ሉቃ.7፥15)። ጓል ኢያኢሮስ። (ሉቃ.8፥55)። ከምኡውን ኣልኣዛር ሓው ማርያምን ማርታን ኢዩ። (ዮሓ.11፥43-44)።

ሓዋርያ ጳውሎስውን ኑቲ መንእሰይ ኣውጢኾስ ኣተንሢኢዎ። (ግብ.20፥10)። ሓዋርያ ጴጥሮስውን ንጣቢታ ኣተንሢኢዋ። (ግብ.9፥40)። ...እዚኦም ኩሎም ብኻልኣት ኢዮም ተንሢኦም።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን እቲ ሓደ ብሓይሊ ኣምላኽነቱ፥ ብግዝእ ርእሱ ዝተንሥኤ ኢዩ። ንሱ ተንሢኡ፥ እቶም ካልኣት ግን ካልኣት ኢዮም ዘተንሥእዎም።

*፪፡- ንሱ ንበይኑ ኢዩ እቲ ብናይ ክብሪ ኣካል ዝተንሥአ፡-*

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ እቲ ኩሉ ዝትንሥኡሉ ጊዜ ብዛዕባ ኣካላትና ኣብ ዝተዛረበሉ እዋን ከምዚ ይብል፡- "ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት ኢያ ካብኣውን መድሓኒ ንሱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽበ ኣሎና፥ ንሱ በቲ ኹሉ ከመልክሉ ዝከኣሎ ሓይሊ ኑቲ ክቡር ሥጋኡ ምእንቲ ክመስል ኸዚ ናይ ውርደት ሥጋና ክልውጦ ኢዩ" (ፊሊ.3፥20-21)። እዚ ናይ ክብሪ (ትንሣኤ) ሥጋ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ጊዜ ትንሣኤ ኑቲ



ኣፍደገ መቓብር ዓጽዩ ዝነበረ ዓብዪ እምኒ ከፊቱ ተንሢኡ ክወጽእ ክኢሉ። ከምኡውን እቶም ደቀመዛሙርቱ ኣብ ሓዕለዋይ ክፍሊ ተዓጺዮም ከለዉ፥ እቲ ማዕጾ ብዕጽዉ እንከሎ ክኣቱ ክኢሉ። (ዮሓ.20፥19)። በዚ ክቡር ኣካላት እዚ ናብ ሰማያት ክዓርግ ክኢሉ። ደቀመዛሙርቱ እናረኣይዎውን ደመና ተቐቢሉቶ። (ግብ.1፥9-10)። ብዛዕባ እቲ ብድሕሪ ትንሣኤኡ ምስ ደቀመዛሙርቱ ዝበልዓሉ ወይ እውን እቲ ዝተወግአ ጐድኑ ዘርኣዮም፥ መንፈስ መሲልዎም ስለ ዝነበረ ትንሣኤኡ ኸረጋግጸሎም ኢሉ ኢዩ ዝገበሮ። (ሉቃ.24፥27-43)።

*፫፡- እቲ ኻልኣይ ጊዜ ሞት ዘይብላ ትንሣኤ ዝተንሥአ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ።*

ኩሎም እቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተንሥኡ ይኹኑ እቶም ብሓዋርያት ዝተንሥኡ፥ ኑቲ ናይ ሓባር ትንሣኤ ንምጽባይ መሊሶም ሞይቶም ኢዮም። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ምስ ተንሥኤ ብዘይምቁራጽ ብህይወት ኣሎ። ንሱ ንዘለኣለም ኣለም ህያው ኢዩ። ስለዚ ገለ ሰባት በቲ ህያው ክርስቶስ ከምሕሉ፥ ወይ ናብቲ ህያው ክርስቶስ ክጽልዩን ምስ ዝማዕ ዘገርም ኣይኮነን።

*ሓዋርያ ጳውሎስ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ናይቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ" ኢሉ ይጽውዖ።*

*(1ቆሮ.15፥20)።*

ስለዚ ንሱ በኲሪ ትንሣኤ ምውታት ኢዩ፥ ማለት እቲ ንመጀመርታ ካብ ዝሞቱ ሰብት ኻልኣይ ሞት ዘይብሉ ዝተንሥአ ኢዩ። ንሱ ብገዛእ ነፍሱ ንሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ከምዚ ክብል ኣብ ራእይ ዮሓንስ ገሊጹሉ። "...ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን ኢየ እሞ ኣይትፍራሕ። ሞይተውን ነበርኩ እንሆ ከኣ ንዘለኣለም ህያው ኢየ፥ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።" (ራእ.1፥17-18)።

✣ ✣ ✣

*እቲ ሓዋርያት ዝሰበኹዎ ንኣይሁድ ከኣ ኣዝዩ ዘጨነቖ ትንሣኤ ክርስቶስ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ነገር ኢዩ።*

"ሓዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፥ ኣብ ኩሎም ከኣ ዓቢዩ ጸጋ ነበረ" (ግብ.4፥33)። በዚ ጉዳይ እዚ ከኣ እቶም ኣሕሉቕ ኣይሁድ ተቘጢዖን ተጨኒቖን።

*ምኽንያቱ ብትንሣኤ ክርስቶስ ምእዋጅ ማለት ኣምላኽነቱን ጽድቁን ምርግጋጽ ስለ ዝኾነ። ብደሙ እውን ክሕተቱ ስለ ዝኾኑ...*

ስለዚውን ኣይሁድ ንሓዋርያት ጸዊዖም ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ተዛሪብዎም፡- "...በዚ ስም እዚ ከይትምህሩዶ ኣምሪርና ኣይከልከልናኩምን እንሆ ከኣ ንእየሩሳሌም ብትምህርትኹም መሊእኩምዋ ደም እቲ ሰብኣይ እቲ ኣብ ልዕሌና ክተምጽኡ ትደልዩ ኣሎኹም ኢሎም መርመሩዎም።" (ግብ.5፥27-28)። ...ኣይሁድ ብሓዋርያት ዝተገንሕዎን ዝተወቕስዎን ከምዚ ኢዩ፡- "እወ ንስኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ኪሒድኩምሲ ነቲ ነፍሲ ዝቐተለ ሰብኣይ ክመሓረልኩም ለመንኩም። ነቲ ራእሲ ህይወት ቀተልኩምዎ። ንዕኡ ኣምላኽ ካብ ምውታት ኣተንሥኦ ንሕና ከኣ ነዚ ምስክር ኢና። (ግብ.3፥14-15)።

*፰፡- ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መረጋገጺ ሓይሉን ዓወቱን ኢዩ ዝኾነ። ከምኡውን ምስኡ ከም ዘተንሥኣና መብሠሪና ኢዩ።*

ንሱ እቲ ሓደ በይኑ ብትንሣኤኡ ንሞት ዝሰዓረን፥ ብሓይሉውን ንሞት ዝረገጾን ኢዩ። ተስፋ ትንሣኤ ድማ ኸና። "ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፥ ከምኡ ከኣ ትንሣኤ ሙውታት ብሓደ ሰብ ኢዩ ዝመጸ፥ ከምቲ ኩሎም ብኣዳም ዝሞቱ፥ ከምኡ ድማ ኩሎም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ ኢዮም። ግናኸ ነፍሲ ወከፍ በበስርዑ ኢዩ፥ ክርስቶስ ከም በኲሪ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ።" (1ቆሮ.15፥21-23)።

*ትንሣኤ ክርስቶስ ናይ እዚ ተስፋ ትንሣኤ*

*ምውታት እዚ፥ ምኽንያት ኢዩ።*

ኣብዚ ከአ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፦ “ትንሣኤ ምውታት ዘየልቦ እንተ ኾይኑስ፥ ክርስቶስ ድማ ኣይተንሥአን። ክርስቶስ ዘይተንሥኤ እንተ ኾይኑስ፥ እም በአርከስ ስብከትና ከንቱ ኢዩ፥ እምነትናውን ከንቱ ኢያ። ኣምላኽ ንክርስቶስ ኣተንሢእዎ ኢልና መስኪርና ኢና እሞ፥ ንክርስቶስ ዘየተንሥአ እንተ ኾይኑስ፥ ምውታትውን እንተ ዘይትንሥኡ፥ ንሕና ሓሰውቲ ምስክር ኣምላኽ ኳንና ንርከብ ኢና። ምውታት እንተ ዘይትንሥኡ ክርስቶስ ኣይ ተንሥአን እሞ፥ ክርስቶስ እንተ ዘይተንሥአ ኾይኑ እምነትኩም ከንቱ ኢያ፥ ንሕትትኩም ገና ኣብ ሓጢኣትኩም ኣሎኹም። እምበአርሲ እቶም ብክርስቶስ ዝደቀሱ ጥፉኣት ኢዮም። ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፉ እንተ ገበርናስ፥ ካብ ኩሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ነርና። ሕጂ ግና ክርስቶስ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኰይኑ፥ ካብ ምውታት ተንሥአ።” (1ቆሮ.15፥13-20)።

*ክርስቶስ ዘይተንሥአ እንተ ዝኾውን ነይሩ፥ ልክዕ ከም ተራሰብ ምኾነ፥ ጸሎትቱ ድማ ምሰዓርዎ ነርዎ ከምኡውን ሞት ኣብልዕሊኡ ምተዓወተ።!!!*

ክርስቶስ ግን ተንሢኡ። “ህይወት ኣብኡ ነበረት።” (ዮሓ.1፥4)። ንሱ ከአ “ወሃብ ህይወት” ስለ ዝኾነ። (ግብ.3፥15)። ከምቲ ንኣልኣዛር ቅድሚ ምትንሥኡ ንማርታ ሓብቲ ኣልኣዛር ......ዝገለጸላ፥ ንሱ በሓቂ “ትንሣኤን ህይወትን” (ዮሓ.11፥25)። ኢዩ።

*ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ሰቕለቱ ንደቂ መዛሙርቱ ዝተበሠረ ኢዩ፦*

ንሱ ከአ “ናብ እየሩሳሌም ክድይብ፤ ብዓበይትን ብ ሊቃውንቲ ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኽጸግብ፤ ክቕተል፥ ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ክትንሥእ ከም ዝግብኦን ክገልጸሎም ጀመረ።” (ማቴ.16፥21)። (ማር. 8፥31)። ኽዚ ቓልውን ደጊሙ ኣብ (ሉቃ.9፥22)። ጠቒስዎ ኣሎ።

*ብድሕሪ ትንሣኤኡ ከአ ንደቀ መዛሙርቱ እዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ነቢያት ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቕሰ ነገሮም፦*

ከምዚ ድማ በሎም፦ “ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን መዛሙራትን ብዛዕባይ ዝተጻሕፈ ኩሉ ክፍጸም ይግብኦ ኢዩ፥ ...ሽዑ ነተን ጽሑፋት ክስተውዕልወን ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፥ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ክጸግብ፥ ብሣል ሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ክትንሥእ... ጽሑፍ ኢዩ።” በሎም። (ሉቃ.24፥45-47)።

እቶም መላእኽቲውን ነተን ናይ ሽቱ ብሊቃጥ ሒዘን

ናብቲ መቓብር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኸዳ ኣንስቲ ከምዚ ክብሉ መለሱለን። "... ንምንታይከ ነቲ ህያው ኣብ ማእከል ምዉታት ትደልይኦ ኣሎኽን?፥ ንሱስ ተንሢኡ ኣብዚ የሎን። እቲ ኣብ ገሊላ ከሎ፥ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ክወሃብን ክስቀልን ብሣልሰይቲ መዓልቲ ክትንሥእን ብግዲ ኢዩ፥ ኢሉ ዝነገረክን ዘክራኦ፥ በልወን።" (ሉቃ.24፥5-7)።

*ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ምዃኑ፥ ምስቲ ኣብ ትንቢት ዮናስ ዝተጻሕፈ ምልክት ትንሣኤን ይሰማማዕ፦*

ኣይሁድ ንጐይታ ኢየሱስ ብዙሕ ተኣምራት ምስ ገበረ ምልክት ክህቦም ሓተትዎ እሞ፥ ከምዚ ብምባል ገንሖም፦ "ክፉእን ዘማውን ወለዶ ትእምርቲ ይደሊ። ብዘይትእምርቲ ነቢዩ ዮናስ ድማ ካልእ ትእምርቲ ኣይወሃቦን። ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓብዪ ዓሣ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ከም ዝጸንሐ ከምኡ ከኣ ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ክጸንሕ ኢዩ።" (ማቴ.12፥39-40)። እዚ ብምባል ከኣ ክመውትን፥ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ክትንሥእን ምዃኑ ገለጸሎም።

*ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተንሥአ።*



ማለት ብዛዕባ እዚ ትንሣኤ እዚ፥ ኣብቶም ቅዱሳት ጽሑፋት ተጠቒሶም ከም ዘለዉ፥ ካብ ኣገዳስነቱ ዝተላዕለ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ የመዝምዝብዎ ነይሮም፥ ሓዋርያት እውን ኣብሠሩሉ ......

## *ናብ ሰማያት ዓረገ ኣብ የማን ኣቡኡ ተቐመጠ*

*ማለት ንሱ ብሓቂ ብሥጋ ዓረገ።*

ኣምላኽዊ ባህርይ ኹሉ ቦታ ስለ ዝመልእ፥ ከምኡውን ኣብ ኹሉ ቦታ ስለ ዝርከብ፥ ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን ኣብ ሞንጎ ኽልቲኡን፥ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ኣሎ። በዚ ምኽንያት እዚ ንሱ ኣይዓርግን ኣይወርድን ኢዩ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ከምቲ ኣብ ቅዳሴ ቅዱስ ጎርጎርዮስ፦

*"ብሥጋ ናብ ሰማያት ኣብ ዝዓረግካ..."* እንብሎ፥ ብሥጋ ናብ ሰማያት ዓረገ።

ደቀመዛሙርቱ ከኣ ብኣካል ንሰማይ ክዓርግ ከሎ ረኣይዎ። "እናረኣይዎ ዓረገ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደመና

ተቐበለቶ" (ግብ.1፥9)። ብሥጋ ክዓርግ ክሎ ኽርእይዎ ግድን ኢዩ። ምኽንያቱ ኣምላኻዊ ባህርይ ክረኣ ኣይክኣልን ኢዩ።

*ዕርገት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ሰማያት፥ በቲ ክቡር ናይ ትንሣኤ መንፈሳዊ ኣካላት ኢዩ ዝኾነ።*

ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ ንሰብ ቆሮንቶስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ዝገለጾ፥ እዚ መንፈሳዊ ኣካላት እዚ እቲ ንሕና ክንትንሥኣሉ ዘሎና መንፈሳዊ ኣካላት ኢዩ። "ነፍሳዊ ሥጋ ይዝራእ፥ መንፈሳዊ ሥጋ ይትንሥእ። ነፍሳዊ ሥጋ ካብ ዝህሉ፥ መንፈሳዊ ሥጋውን ኣሎ።.... ከምቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስና፥ ምስሊ እቲ ሰማያዊ ደማ ክንለብስ ኢና።" (1ቆሮ.15፥44-49)። እቲ ንሕና ክንትንሣእሉ ዘሎና መንፈሳውን ሰማያውን ኣካላት እዚ፥ ምስቲ ናይ ትንሣኤ ኣካላት ክርስቶስ ዝተመሳሰለ ኢዩ። "ንሱ በቲ ኹሉ ክመልከሉ ዝኽእሎ ሓይሊ ነቲ ክቡር ሥጋኡ ምእንቲ ክመስል፥ ነዚ ናይ ውርደት ሥጋና ክልውጦ ኢዩ።" (ፊልጲ.3፥21)። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፦

*ተኣምር ዕርገት ንናይ መሬት ስሕበት ንምብዳህ ኣይነበረን፦*

*እሱስ ተኣምር ናይቲ ክቡር መንፈሳዊ ኣካል፥ እቲ ኣብ ትሕቲ ናይ መሬት ስሕበት ምቊጽጻር ወጻኢ ዝኾነ ኢዩ።*



እቲ መሬታዊ ኣካል ግና ንናይ መሬት ስሕበት ዝግዛእ ኢዩ። እቲ ክርስቶስ ዝዓረገሉ ሰማያዊ፤ ናይ ክብሪ፤ መንፈሳዊ ኣካል፥ ምስ ስሕበት መሬት ዋላ ሓንቲ ኣይዛመድን ኢዩ። ስለዚ ንመሬታዊ ስሕበት ብደሆ ዘርኢ የብሉን...። ከምኡ ከኣ ንሕና ኣብቲ ናይ ሓባር ትንሣኤ ምውታን "ንጐይታ ኣብ ኣየር ክንቕበሎ ምስኣቶም ሓቢርና ብደመና ክንለዓል ኢና።" (1ተሰ.4፥17)። እዚውን ከምኡ እቲ ሓቢርና ኣብ ደመና እንለዓለሉ ነቲ ናይ ምድሪ ስሕበት ምብዳህ ኣይኮነን። ንጐይታ ኣብ ኣየር ምስ እንቕበሎውን ከምኡ ነቲ ናይ ምድሪ ስሕበት ምብዳህ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ እንትንሥኣሉ ሰማያውን መንፈሳውን ኣካላትና ካብ ክሊ ስሕበት መሬት ወጻኢ ኢዩ። ኣብ ሊዕሊኡ ከኣ ሥልጣን የብሉን። ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዕርገት ደኣ ክንደይ ዘይበልጽ።!!

*"ናብ ሰማያት ዓረገ" ዝብል ቃላት ናብ ሰማየ ሰማያት ማለት ኢዩ።*

ከምቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኒቆዲሞስ ዝገለጸሉ፥... እዛ ሰማየ ሰማያት እዚኣ ሄኖክ ይኹን ኤልያስ፥ ዋላ ሓደ ሰብውን ናብኣ ዝዓረገ የልቦን። "ብጀካ

እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን።" (ዮሓ.3፥13)። እዚ "ሰማየ ሰማያት" ዝብል መግለጺ፥ ከምቲ ሰሎሞን ቤተ መቕደስ ከቕብእ ከሎ ንእግዚኣብሔር ኣብ ዘቕረቦ ጸሎት ከምዚ ይብል፦ "ግናኸ ብሓቂዶ ኣምላኽሲ ኣብ ምድሪ ይነብር ኢዩ? እንሆ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ክሕዙኻ ኣይክእሉን እዚኣ ኣነ ዝሠራሕክዋ ቤት ደኣ ግዳ ክንደይ ዘይትንእስ።" (1ነገ.8፥27)። ከምኡውን ኣብ መዝሙር ተጻሒፉ ከም ዘሎ፦ "ንእግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ኣመስግንዎ፥... ኣቱም ናይ ሰማየ ሰማያት ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዘሎ ኹም ማያትን፥ ኣመስግንዎ።" ይብል። (መዝ.148፥1-4)።

ሰማየ ሰማያት ማለት እቲ ናይ ዝለዓለ ላዕሊ ማለት ኢዩ። ኩሉም እዞም ሰማያት ልክዕ ከም ምድሪ እንተ ኾኑትናዮም፥ እዛ እንርእያ ሰማይ...። ንሳ ንዘፋን ኣምላኽን ክብሩን ዝተወሰኑት ኢያ። (ማቴ.5፥34-35)።

## ኣብ የማን ኣቦ ተቐመጠ

ምቕማጥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ፥ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ከምኡውን ኣብ ትንቢት መዛሙራት፥ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተጠቒሱ ኣሎ፦



❖ "ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተዛረቦም ንሰማይ ዓረገ ኣብ የማን ኣምላኽውን ተቐመጠ" (ማር.16፥19)። ከምኡውን ኣብ (ዕብ፥8፥1) "ሕጂ ድማ እዚ እንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገሩ እዚ ኢዩ። ንሕናስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ዝፋን ግርማ እተቐመጠ፥ ናይ እቲ ጐይታ ደኣ እምበር ሰብ ዘይተኸሎ መቕደስን ድንኳን ሓቅን ኣገልጋሊ ከምዚ ዝመሰለ ሊቀ ካህናት ኣሎና።" ይብል።

ኣብዚ መልእኽቲ እዚውን ቀጺሉ "ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ ኩሉውን ብሓይሊ ቃሉ ጸሩ ከሎስ ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ኣምላኽ ተቐመጠ።" ይብል (ዕብ.1፥3)።

ከምኡ ከኣ ኣብ (ዕብ.12፥2) "ናብ እቲ ሕፍረት ነዒቑ ስለ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል እተጻወረ ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደም ዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት።" ይብል።

❖ ከምኡውን እዚ ቓል እዚ ሓደ ካብቲ ጐይታ ኣብ ቅድሚ ፈረድቱ ዝተዛረቦ ኢዩ፦ "ኢየሱስ ከኣ ንስኻ እኳ በልካ። ድሕሪ ሕጂ ግና ወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ ብደመና ሰማይ ክመጽእ ከሎ ክትርእዩ ኢኹም እብለኩም ኣሎኹ በሎ።" (ማቴ.26፥64)

❖ እዚ ኢዩ ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣብ ጊዜ ሠማእትነቱ

ዝረአዮ፥ "እንሆ ሰማይ ተኸፊቱ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ በለ።" (ግብ.7፥56)

ኣብ መጽሓፍ መዝሙርውን፦ "ጐይታ ንጐይታይ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ክሳዕ ዝገብርም ኣብ የማነይ ተቐመጥ።" ይብል (መዝ.110፥1)

*ኣብ የማን ኣቦ ተቐሚጡ ዝብል ቃል እንታይ ማለት ኢዩ?*

እቲ ኣቐዲምና እንገብሎ፥ ኣምላኽ የማንን ጸጋምን የብሉን። ምኽንያቱ እቲ ውሱን ዝኾነ ህያው፥ ብሓደ ወገኑ ይውሰን እሞ የማን ይህልዎ፥ በቲ ሓደ ወገኑ ስለ ዝተወሰነ ከኣ ጸጋም ኣለዎ። ኣምላኽ ግን ውሱን ኣይኮነን፥ ስለዚ የማን ወይ ጸጋም ኣለዎ ኣይንብልን ኢና።

ከምኡውን ኣብ የማን ኣምላኽ ካለኣት ህያዋን ክቕመጡ ዝኽእሉ ህዋ የልቦን።

ከምኡውን ወዲ ኣብ የማን ኣቦ በዚ ናይ ቦታ ምሓዝ ምቕማጥ እንተ ተቐሚጡ፥ እቲ እሱ ዝበሎ ቃል፦ "ኣነ ኣብ ኣቦ ምህላወይ ኣቦውን እባይ ምህላዉ እመኑኒ እንተ ዘይኮነስ ስለቲ ግብርታት እኳ እመኑኒ።" (ዮሓ.14፥11)። ንርእሱ ኣይምልከቶን ማለት ኢዩ። ስለዚ ከም ክልተ ኣብ ጥቓንጥቓ ኮፍ ዝበሉ ብመስመር ዝረኣቡ ጥራሕ ክህልዎም ማለት ኢዩ። ስለዚ "የማን" ዝብል ቃል ደኣ እንታይ ማለት ኢዩ?

*ሓደ ሓደ ግዜ ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሲያይማ "የማን" እትብል ቃል ንሓይሊ፣ ጽድቒ፣ ወይ ክብሪ ኢያ እተመልክት።*

ከምቲ እቲ ዘማራይ ዳዊት ኣብ መዝሙር፦ "... የማነይቲ ኢድ እግዚኣብሔር ሓይሊ ትገብር የማነይቲ እግዚኣብሔር ልዕል ትብል፥ የማነይቲ እግዚኣብሔር ሓይሊ ትገብር ኣላ። ብህይወት ክነብር ኢየ እምበር ኣይክመውትን ኢየ። ....." (መዝ.118፥15-17)። ዝበሎ። ከምኡውን ኣብ ናይ ሙሴ መዝሙር ምስጋና ከምዚ ይብል፦ "ጐይታይ የማነይትኻ ብሓይላ ከበረት ጐይታይ የማነይትኻ ንጸላኢ ቐጥቀጠቶ።" (ዘፀ.15፥6)። ከምኡውን፦ "ብየማነይትኻ ኣድሕንእሞ ስምዓና።" (መዝ.60፥5), (መዝ.108፥6፥)።

ያዕቆብ ንደቂ የሴፍ (ኤፍሬምን ምናሴን) ኣብ ዝባረኸሉ ግዜ፥ የማነይቲ ኢዱ ኣብ ርእሲ እቲ ንእሽቶ ኣቐሚጥዋ። እዚ ማለት ድማ ንዕኡ ዝለዓለ ክብሪ ምሃብ ማለት ኢዩ። (ዘፍ.48፥17-19)። እቲ ዘማራይውን ነዚ በረኸት እዚ ኢዩ፦ "ኣዋልድ ነገሥታት ኣብ ማእከል እተን ክቡራት ኣንስትኻ ኢየን። እታ ንግሥቲ ብወርቂ ኦፊር ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቐውም ኣላ።" ዝበሎ። (መዝ.45፥9)።

ትንቢቱ ደማ ንቅድስት ድንግል ማርያም ክብሪ ንምሃብ ዘመልክት ኢዩ። ልክዕ ከምኡውን ኣብ መዝሙር ዳዊት፡ “እግዚኣብሔር ኣብ የማንካ ኾይኑ፥ ብመዓልቲ ቑጥዓ ንጸላእትኻ ክጭፍልቖ።” ኢዩ ዝብል ተጠቒሱ ኣሎ። (መዝ.110፥5)።

ክንግንዘቦ ዘሎና ነገር፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ እታ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ንጻድቃን ብየማኑ ንሓጥኣን ድማ ብጸጋሙ ከቑሞም ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ የማን ናይ ጽድቅን ክብርን የመልክት። ንሕናውን ካብዚ ተበጊስና፥ ነቲ ኣብ መስቀል ከሎ ኣብ ገነት ንምእታው ዝተተስፈወ ሠራቒ “ብየማናይ ጐይታ ዝተሰቕለ ሽፍታ” ኢልና ንሰምዮ።

ስለዚውን እቲ ንዘካርያስ ካህን ብልደት ዮሓንስ መጥምቕ ዘበሠሮ መልኣኽ-እግዚኣብሔር፥ ኣብ የማናይ ወገን ናይ እቲ መሠውኢ ዕጣን ደው ኢሉ ተራእዮ እትብል ቃል ኣዚያ ደጋፊት ኢያ። (ሉቃ.1፥11)።

*እምብኣርከስ “የማን ኣምላኽ” እትብል ቃል፥ ሓይሊ፤ ጽድቂ፤ ክብሪ ወይ ምሲጋና ማለት ኢዩ። “ተቐመጠ” ማለት ከኣ ብሰላም ምንባር ማለት ኢዩ።*

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰማያት ምስ ዓረገ፥ ከምቲ ኣብ መጀመርታ ዝነበሮ ብሓይሊ፤



ብኽብሪ፤ ብምስጋና ነበረ “ተቐመጠ”። እዚ ማለት ከኣ ኩሎም እቶም ብቕንኢ ተላዒሎም ብገበን ዝኸሰምን ዘጸልምዎን ዝነበሩ። ንእብነት (ማቴ.27፥62)፡- ሰንበት ዘየኽብር፤ (ዮሓ.9፥16)፡- ብብኤል ዘቡል ኢጋንንቲ የውጽእ፤ (ማቴ.12፥24)፡- ከምኡውን ንስኻ ሳምራዊ ከም ዝኾንካ ጋኔን ከም ዘለካ፤ (ዮሓ.8፥48)፡- .... እዞም ኩሎም ዝነናትን ጸርፍታትን፥ ጐይታና ንሰማያት ምስ ዓረገን ኣብ የማን ኣቡኡ ምስ ተቐመጠን ተረቲዖም ኢዮም።

*እታ “ኣብ የማን ኣቦ ተቐመጠ” ማለት ናይ እቲ ርእሱ ዘሕሰረሉ ጊዜ መውዳእታ ማለት ኢዩ።*

መጽሓፍውን ከምዚ ይብል፡- “መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፥ ሰብውን መሰለ....” (ፊል.2፥7)። በዚ ምሕሳር እዚ ንድኻም ባህርያት ወዲ ሰብ ተጻወረ። ስለዚ ኢዩ ዝጠምን ዝጸምእን ዝደክምን ዝድቅስን ዝነበረ። ኩሎም እዞም ባህርያት እዚኣቶም ግን፥ ኣብ ሓይሊታት የማን ኣቦኡ ምስ ተቐመጠ ኣብቂዖም ኢዮም። እቲ ብሥጋኡ ኣቢሉ ዝተታሕዘሉን ጸርፊን ማእሠርትን ስቕለትን ዝተጻወረሉ ድኽመት መፈጸምትኡ በጺሑ ኢዩ።

*ኣብ ካልኣይ ምጽኣቱ ብሓይልን ብኽብርን ክመጽእ ኢዩ።*

ብዘዕባዚ ከኣ ጸሎተ ሃይማኖት ከምዚ ይብል፡-

## ን
## *ህያዋንን ንምዉታንን ክፈርድ ብኽብሪ ክመጽእ ኢዩ*

ብሕጂ ብዝቐበሎ ሓዲሽ ክብሪ ዘይኮነስ በቲ "እቲ ዓለም ከይተፈጥረት ኣሸካ ዝነበረኒ ክብረ።" (ዮሓ.17፥5)። ዝበሎ፥ ናይ ኣምላኽዊ ባህርይ ክብሩ ኢዩ ዝመጽእ። በቲ ከም ሰብ ተሠሚዩ፥ ኣብ መብልዕ ማል ክውለድ ከሎ ገዲፍዎ ዝነበረ ክብሩ፥ ንስግያት ዓሪጉ ኣብ የማን ኣቦ ድማ ምስ ተቐመጠ፥ ከም እንደገና ዝወሰዶ ክብሪ ኢዩ ዝመጽእ፥ ስለዚ ድማ ከምዚ ይብል፦

*"...ወዲ ሰብ ብግርማኡን ብግርማ ኣቡኡን ብግርማ ቅዱሳን መላእኽቱን ክመጽእ ከሎ ...።" (ሉቃ.9፥26)።*

እዛ "ብግርማ ኣቡኡ ክመጽእ ኢዩ" እትብል ቃልሲ ክንደይ ኣዝያ ተገርምን ዝዓበየትን ኢያ። ደጊሙውን ጠቒስዋ ይርከብ፦ "ብግርማኡን ብግርማ ኣቡኡን ምስ ቅዱሳን መላእኽቱን ክመጽእ ኢዩ እሞ፥ ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክሀቦ ኢዩ።" (ማቴ.16፥27)። "ግርማ ኣቡኡ" ክብል ከሎ ናይ ገዛእ ርእሱ ግርማ ማለት ኢዩ። ከምኡውን ግርማኡ ማለት ከኣ ግርማ ኣቡኡ ማለት ኢዩ።



*ምኽንያቱ ብኣምላኽዊ ግርማ ሓደ ኢዮም።*

*ኣብዚ ካልኣይ ምጽኣቱ ንፍርዲ ከም ዝመጽእ በሪሁ ኣሎ።*

"ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኪፈድዮ" ክመጽእ ኢዩ። እዚ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ተደጊሙ ኣሎ፦ "ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፥ ኩሎም መላእኽቲውን ምስኡ፥ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኩሎም ኣሕዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ከኣ፥ ጓሳ ነጥቢ ከም ዝፈላልዮን፥ ካብ ነንሓድ ሕዶም ይፈላልዮም። ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማኑ፥ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቑመን።..." (ማቴ.25፥31-46)። ፍርዲ ድማ ይጅመር። እቲ ምምጻኡ ንፍርዲ ከም ዝኾነ ኣብ መፈጸምታ ምዕራፍ ራእይ ዮሐንስ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ኣብሪህዎ ይርከብ፦ "እነሆ ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክፈድዮ ከኣ ዓስበይ ምሳይ ኢዩ።" (ራእ.22፥12)። ይብል።

*እዚ ንፍርዲ ምጽኣቱ ኣብ መጨረስታ ዘመን ኢዩ ዝኸውን።*

ከምቲ ኣብ ምሳሌ ስርናይን ክርዳድን ዝበሎ፦ "... እቲ ቀውዒ ድማ መወዳእታ ዓለም ኢዩ፥ እቶም ዓጸዶ ከኣ መላእኽቲ ኢዮም። ክርዳድ ተኣኪቡ ብሓዊ ከም ዝሕደድ፥ ብመወዳእታ ዓለም ከኣ ከምኡ ኽኸውን ኢዩ።

ወዲ ሰብ መላእኽቱ ክልእኽ ኢዩ፥ ንሳቶም ከኣ መዓ ንቀፍትን ዓመጽትን ዘበሉ ኩሎም፥ ካብ መንግሥቱ ክእክብዎም፥ ኣብ እቶን ሓዊ ከኣ ክድርብዩዎም ኢዮም። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ክኸውን ኢዩ። ሽዑ ጻድቃን ኣብታ መንግሥቲ ኣቦኦም ከም ፀሓይ ክበርሁ ኢዮም እትሰምዕ እዝኒ ዘለቶ ይስማዕ።" (ማቴ.13፥39-43)።

*እዚ ንፍርዲ ዝመጽ ናይ ኩሉ ትንሣኤ ምውታን ክኸውን ኢዩ።*

"ኣብ መቓብር ዘለዉ ኹላቶም ድምፁ ዝሰምዑላ ሰዓ ት ክትመጽእ ኢያ፥ ሠናይ ዝገበሩ ናብ ትንሣኤ ህይወት፥ እኩይ ዝገበሩ ከኣ ናብ ትንሣኤ ፍርዲ ክወጹ ኢዮም እሞ፥ በዚ ኣይትደነቑ።" (ዮሓ.5፥28-29)።

*ስለዚ እቲ ኻልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ፥ ንናይ ሓባር ትንሣኤ ምውታትን፥ ፍርድን መፈጸምታ ዓ ለምን ኢዩ ኣኸቲሉ ዝመጽእ።*

ኣብ ፍርዲ ከኣ ንምውታትን ንህያዋንን ኽፈርድ ኢዩ፥ ማለት እቶም ክመጽእ ከሎ ብህይወት ዝጸንሑን፥ እቶም ኩሎም ጽቡቕ ወይ ክፉእ ዝገበሩ ሞይቶም ዝጸንሑ እሞ ምስ መጸ ዝተንሥኡን።

ሓዋርያ ድማ ብዛዕባ ፍርዲ፡- "ነፍሲ ወከፍ ነቲ ብሥጋኡ ከሎ ዝገበሮ ሠናይ ኮነ እኩይ ምእንቲ ክቕበል



ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ክንገሀድ ኢና።" (2ቆሮ.5፥9-10)። ይብል።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በዚ ፍርዲ እዚ ኣቢሉ ናብ እቲ ናይ ዘለኣለማዊ መንግሥቲ ስለ ዝኣቱ፥ ጸሎተ ሃይማኖት ከምዚ ይብል፦

## ን
## መንግሥቱ መወዳእታ የብሉን

ትንቢት ነቢዩ ዳንኤል ከኣ ብዛዕባ እዚ ከምዚ ይብል፦ "ኵላቶም ኣሕዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ከገልግልዎስ ግዝኣትን ክብርን መንግሥትን ንዕኡ ተዋህበ። ግዝኣቱ ዘይሓልፍ ዘለኣለማዊ ግዝኣት ኢዩ መንግሥቱውን ከቶ ኣይክትጠፍእን ኢያ።" (ዳን.7፥14)። ብዛዕባ እዚ መጨረ ሽታ ዘይብሉ መንግሥቲ ኣምላኽ ከኣ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ንቕድስቲ ድንግል ማርያም ብልደት ክርስቶስ ኣብ ዘበሠረላ እዋን ከምዚ በላ፡- "እንሆ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ ንሱ ዓቢዩ ክኸውን ወዲ ልዑልውን ክበሃል ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ዙፋን ኣቡኡ ዳዊት ክህቦ ኢዩ። ንሱ ኣብ ቤት ያዕቆብ ንዘለኣለም ክነግሥ ኢዩ ንመንግሥቱ ከኣ መወዳእታ የብሉን።" (ሉቃ.1፥31-33)።

*መንግሥቱ መንፈሳዊ መንግሥቲ ደኣ እምበር ከምቲ ብጊዜ ዝውሰን ምድራዊ መንግሥቲ ኣይኮነን።*

መንግሥቱ፥ እቲ ኣብ የማን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተሰቒሉ ዝነበረ ሠራቒ፦ "ጐይታይ ብመንግሥትኻ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ ...።" (ሉቃ.23፥42)። እና በለ ዝተመነዮ መንግሥተ ሰማያት ኢዩ። ምኽንያቱ እታ መንግሥቲ ኣዝያ ርሕቕቲ ብምንባራ ክሳዕ እትመጽእ ብዙሕ ወለዶታት ክሓልፍ ነይርዎ ኢዩ፥ ስለዚውን ጐይታና ኢየሱስ፦ "ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ክትህሉ ኢኻ" ክብል መለሰሉ። (ሉቃ.23፥43)።

*ምኽንያቱ ገነት ዕርቡን ናይ መንግሥቲ ኣምላኽ ኢያ። ስለዚ እቲ ናብ ገነት ዝኣቱ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክኣቱ ኢዩ።*

እቲ ንወዲ ዝምልከት ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት በዚ ዝተዋህበ የብቅዕ እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ ክፍሊ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ።





ብጐይታን
ወሃቢ ህይወትን ዝኾነ
ካብ ኣቦ ዝሠረፀ
መንፈስ ቅዱስ
ንኣምን።



## መንፈስ ቅዱስ

"እወ፥ ጐይታን መሀወዪን ብዝኾነ፥ ካብ ኣቦ ዝሠረፀ፥ ብነብያት ዝተዛረበ፥ ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ምስ ኣቦን ወድን፥ ንሰግደሉን ነመስግኖን።"

## ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብመንፈሱ ህያው ከም ዝኾነ ንኣምን። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ናይ እግዚኣብሔር መንፈስ ኢዩ፥ መንፈስ ኣቦን ወድን። ንሱ መንፈስ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ተባሂሉ ይስመ። ጐይታና ኢየሱስ እውን ንደቀ መዛሙርቱ ናይ ክህነት ምሥጢር ክህቦም ከሎ ከምዚ በሎም፦ "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ ሓጢኣቶም ንዝሓደግኹምሎም ይሕደገሎም ንዝሓዝኩምሎም ከኣ ይተሓዘሎም ኢዩ በሎም።" (ዮሓ.20፥22-23)። ብዛዕባ ምጅማር ኣገልግሎቶም ድማ ከምዚ በሎም፦ "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና ሓይሊ ኽትቅበሉ ኣብ እየሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም በሎም።" (ግብ. 1፥8)። ከምኡውን ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ናይ ኤፌሶን ቤተክርስቲያን ኤጲስቆጶስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ከምዚ ይብል፦ "ስለዚ ንርእሾኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዝጥረያ ቤተክርስቲያን ኣምላኽ ንክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስ ቆጰሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልዉ።" (ግብ.20፥28)። ንቶም ናይ ሮማ ኣይሁድውን "....መንፈስ ቅዱስ ብነቢዩ ኢሳይያስ ነቦታትኩም ጽቡቕ ተዛረቦም።" ክብል ገለጸሎም። (ግብ.28፥25)።

✣ ✣ ✣

*እንሓንሳእውን መንፈስ ቅዱስ "መንፈስ" ብዝብል ቃል ይጽዋዕ።*

ንኣብነት መጽሓፍ፦ "እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ።" (ራእ.2፥29)። (ራእ.3፥6,13,22)። እዚ ማለት ከኣ እቲ መንፈስ ኣምላኽ ንኣብያተክርስቲያናት ዝብሎ ማለት ኢዩ። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ ብዛዕባ ጥምቀት ንኒቆዲሞስ ዝጠቐሰሉ ምሳሌ "....ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ ሰብ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል የልቦን።" (ዮሓ.3፥5)። ብማይን ብመንፈስ ቅዱስን ምውላድ ማለቱ ኢዩ። ከምኡውን ብዛዕባ ሓዋርያት ኣብ በዓለ ሓምሳ ከምዚ ተባህለ፦ "ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኣም፥ መንፈስ ቅዱስ ከዛረቡ

ከም ዝሃቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ክዛረቡ ጀመሩ።" (ግብ.2፥4)። "መንፈስ" ማለት መንፈስ ቅዱስ ማለት ኢዩ። እቶም ኣብ (1ቆሮ.12) ተጻሒፎም ዘለዉ ጸጋታት ኩላ ቶም ህያባት መንፈስ ቅዱስ ኢዮም።

✣ ✣ ✣

*ብዛዕባ ህልዉና መንፈስ ቅዱስ፥ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ ናይ ጐይታ መንፈስ ወይ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ፡-*

❖ "ንትሑታት ብሥራት ክበሥርሲ እግዚኣብሔር ቀቢኣኒ ኢዩ እሞ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ኢዩ። ....." (ኢሳ.61፥1)።

❖ "ጐይታስ መንፈስ ኢዩ ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ። (2ቆሮ.3፥17)።

❖ "ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድሮ ብትእዛዘይ ክመላለሱኩም ፍርደይ ክሐልወኩምን ክግብረኩምን ኢየ።" (ሕዝ.36፥27)። ከምኡውን ደጊሙ ይብል ጐይታ፡- "ብድሕርዚ ኸኣውን ኢዩ መንፈሰይ ናብ ኩሉ ሥጋ ክኸዑ ኢየ፥ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ክንበዩ፥ ኣረገውቶኹም ሕልሚ ኩሓልሙ፥ኣጕባዝኩም ከኣ ራእይ ክርኢዩ ኢዮም።" (ዩኤ.2፥28)።



❖ ከምቲ ነብዩ ዳዊት ኣብ ጸሎቱውን ንኣምላኽ ዝበሎ፡- "ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ ካብ ገጽካስ ናበይ ክሃድም እየ?!" (መዝ.139፥7)። ከምኡውን "ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ ቅዱስ መንፈስካውን ኣይተግድፈኒ።" በሎ (መዝ.51፥11)።

✣ ✣ ✣

*እንተ ብዛዕባ ህልዉና መንፈስ ቅዱስ ግን፥ ንሱስ መንፈስ ኣቦ ኢዩ።*

ከምቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ፡- "መንፈስ ኣቦኹም ኢዩ ኣብኹትኩም ዝዛረብ እምበር ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን እትዛረቡ።" ዝበሎም (ማቴ.10፥20)። ነዚ ዝድግፍ ከኣ ኣብ (ማር.13፥ 11) "መንፈስ ቅዱስ ኢዩ እምበር ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን እትዛረቡ ..." ዝብል ኣሎ። ከምኡውን እቲ ኣብ (ሉቃ.12፥12) ተጠቒሱ ዘሎ።

✣ ✣ ✣

*እንተ እቲ ብዛዕባ ህልዉና መንፈስ ቅዱስ፥ ንሱ እውን መንፈስ ወዲ ኢዩ፥ ወይ መንፈስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡-*

ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ፡- "ውሉድ ስለ

ዝኾንኩም ከኣ ኣምላኽ ኣቲ ኣባ ኣቦ ኢሉ ዝጽውዕ መንፈስ ወዱ ናብ ልብና ለኣኸ።" (ገላ.4፥6)። ከምኡውን ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ፡- "እቲ ብኣታቶም ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ ብስቓይ ክርስቶስ በቲ ድሕሪኡ ዘሎ ኽብርን ኣቐዲሙ ከም ዝመስከረ፥ ......" ይብል። (1ጴጥ.1፥11)።

*መንፈስ ኣቦን መንፈስ ወድን ንሱ ሀልዉና ናይ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ፥ እዚ ድማ ብዘይ ጥርጥር ሓድነት ውህደት ናይ ቅድስት ሥላሴ ኢዩ ዝገልጽ።*

## *ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ*

መቕደንዮስ ነዚ ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ እዚ ስለ ዝኻሓደ፥ በቲ ቅዱስ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ናይ ቁስጥንጥንያ ብ381 ዓ.ም. ተወግዘ። ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ እውን ብኸምዚ ቓል ገለጸ፡- "እወ፥ ጐይታን መህወዪን ብዝኾነ፥ ካብ ኣቦ ዝሠረፀ፥ ብነብያት ዝተዛረበ፥ ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ምስ ኣቦን ወድን ንሰግደሉን ነመስግኖን።"

እዚ "ጐይታ" ዝብል ቃል እዚ ኣብዚ "ኣምላኽ" ማለት ኢዩ። መህወዪ ማለት ከኣ ህይወት ወሃቢ ማለት ኢዩ።



❖ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኻዊ ባህርይ ከኣ በቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ንሃናንያን ንሰበይቱ ሰጺራን ክግስጾም ከሎ ዝተዛረቦ ቃላት ተመስኪሩሉ ኣሎ። "ጴጥሮስ ከኣ፥ በል ሃናንያ ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ፥ ካብ ዋጋ እቲ ምድሪ ከኣ ክትሓብእሲ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልአ። ...ንኣምላኽ እንበር ንሰብ ኣይሓሰኻን በሎ። ከመይከ መንፈስ እግዚኣብሔር ንምፍታን እተሰማማዕኩም?...።" (ግሃ.5፥3,4,9)።

❖ *ከምኡ ከኣ ቃላት ሓዋርያ ጳውሎስውን ብዛዕባ እቲ ኣብና ዝሓድር መንፈስ ቅዱስ ብኸምዚ ኢዩ፡-*

"ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ ሥጋኹም ቤተመቕደስ፥ እቲ ኣብኻትኩም ዘሎ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምኧኑ ናይ ርእሶኹምውን ከም ዘይኰንኩ ምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ስለዚ ብሥጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።" (1ቆሮ.6፥19-20)። ከምኡውን ደጊሙ ከምዚ ይብል፡- "ቤተመቕደስ ኣምላኽ ምኧንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣብኻትኩም ሓዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?" (1ቆሮ.3፥16)። ኣብዞም ጥቕስታት እዚኣቶም ሓዋርያ ጳውሎስ ንሓንሳእ "መቕደስ ናይ መንፈስ ቅዱስ" ኣብቲ ካልኣይ ከኣ "መቕደስ ናይ ኣምላኽ" ይብል።

❖ *ከምኡ ከኣ ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዝምስክር ኣብ መጽሓፍ ኸምዚ ይብል፦ "ጐይታስ መንፈስ ኢዩ" (2ቆሮ.3፥17)።*

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉውን ምስታ ሳምራዊት ሰበይቲ ክዛረብ ከሎ ብኸምዚ ገሊጽዎ ኣሎ። "ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ። እቶም ዝሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ክሰግድሉ ይግብኦም። ኣቦ ከምዚ ዝበሉ ሰገድቲ ኢዩ ዝደሊ. እሞ እቶም ናይ ሓቂ ሠገድቲ ኣቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሠግዱላ ሰዓት ክትመጽእ ኢያ። ንሳ ከኣ ሕጂ ኢያ።" (ዮሓ.4፥23-24)። ኣምላኽ መንፈስ ስለ ዝኾነ፥ እምበኣርከስ ንሱ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። ከምኡውን ንሱ ኣቦን ወድን ኢዩ።

❖ *ከምኡ ከኣ እቲ ናይ ምፍጣር ክእለቱ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዝምስክር ኢዩ።*

እዚ ናይ ምፍጣር ክእለት ናይ ኣምላኽ ናይ በይኑ ባህርይ ኢዩ።

ከምቲ እቲ ዘማሪ ንኣምላኽ ብዛዕባ ፍጡራት ዝበሎ "እዚኣቶም ኩሎም ምግቦም በብጊዜኡ ኽትህቦም ሲ፥ ንዓ ኻ ይጽበዩ ኣለዉ። ....ንሸኻ ገጽካ ትኸውል፥ ይስምብዱ፥ ትንፋሶም ተውጽኣ፥ ይሞቱ፥ ኣብ መሬትውን ይምለሱ። ትንፋስካ ትልእኽ ይፍጠሩ ንገጽ ምድሪውን ትሕድሳ።" (መዝ.104፥27-30)።

❖ *ከምኡ ከኣ እቲ ኣብ ኵሉ ቦታ ብምህላዉ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ የረጋግጽ።*

እቲ ዘማሪ ንኣምላኽ ከምዚ ይብሎ፦ "ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ፥ ካብ ገጽካስ ናበይ ክሃድም ኢየ? ንሰማይ እንተ ደየብኩ፥ ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ፥ መንጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፥ እንሆ ንስኻ ኣብኡ ኢኻ።" (መዝ. 139፥7-8)። ኣብ ኵሉ ቦታ ምርካቡን ምህላዉን ናይ ኣምላኽ ናይ በይኑ ባህርይ ጥራይ ኢዩ...።

❖ *ከምኡ ከኣ እቲ ንደቂ ሰባት ዝህቦም ጸጋታት፥ ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዘረጋግጽ ኢዩ።*

ብዛዕባ እዚውን ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ቀዳማይ መልእኽቱ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ ከምዚ ይብል፦ እምብኣርከስ ውህበት በቢይኑ ኢዩ፥ መንፈስ ግን ሓደ ንሱ ኢዩ። ኣገልግሎት በበይኑ ኢዩ፥ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ ኢዩ። ግናኸ ንነፍሲ ወከፍ ምግላጽ መንፈስ፥ ንጥቕሚ ይውሃቦ ኢዩ። ንሓደስ ቃል ጥበብ ብመንፈስ ይውሃቦ ኢዩ፤ ነቲ ሓደ ከኣ ቓል ፍልጠት በቲ ሓደ መንፈስ፤ ንሓደ ግና እምነት በቲ ሓደ መንፈስ፤ ንሓደ ድማ በቲ ሓደ መንፈስ ናይ ምፍዋስ ውህበት ይውሃቦ፤ ንሓደ ከኣ ግብሪ

ሓይሊ ንምግባርን ንሓደ ትንቢትን ምልላይ መናፍስቲን ንሓደ በብዓይነቱ ዘሎ ቛንቋታትን ነቲ ሓደ ከኣ ምትርጓም ቛንቋታት ይውሃቦ። እዚ ኹሉ ከኣ ንሱ እቲ ሓደ መንፈስ ከም ዝደልዮ ገይሩ ንነፍሲ ወከፍ ንግዲኡ እናመቐለ ኢዩ ዝገብሮ።" (1ቆሮ.12፥4-11)። ኩሎም እዞም ጸጋታት እዚኣቶም በቲ ሓዋርያ "ውህበታት መንፈስ ቅዱስ" ተባሂሎም ኣለዉ። (ዕብ.2፥4)። ኣብዞም ውህበታት እዚኣቶም ሓዋርያ ቅዱስ ያዕቆብውን ከምዚ ይብል፡- "ጽቡቕ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ ኢዩ ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዘይብሉ ኣቦ ብርሃናት ኢዩ ዝወርድ።" (ያዕ.1፥17)። ስለዚ ኩሎ ም ውህበታት ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ላዕሊ ይለኣኹ።

❖ *ከምኡውን ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዘረጋግጽ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለኣለማዊ መንፈስ ስለ ዘለዎ ኢዩ።*

መጽሓፍ ቅዱስ ይብል፡- "ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለ ኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ ንሕትትኩም ንህያው ኣምላኽ ክተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕልናኹም ካብ ምውት ግብሪ ዘየንጽሆ?" (ዕብ.9፥14)። እምበኣር ከምቲ ዝበልናዮ መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መንፈስ ኢዩ። ዘለኣለማውነት



ከኣ ናይ ኣምላኽ ናይ በይኑ ባህርያት ኢዩ። እዚ ጥቕሲ እዚ እምበኣር ናይ መንፈስ ቅዱስን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ኣምላኽነት ዘረጋግጽ ጥቕሲ ኢዩ።

❖ *ከምኡ ከኣ ኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ዘረጋግጽ፥ ንሱ (መህወዪ) ወይ ወሃብ ህይወት ስለ ዝኾነ ኢዩ።*

## *ወሃቢ ህይወት*

መንፈስ ቅዱስ ምንጪ ህይወት ከም ዝኾነ ፍሉጥ ኢዩ። ስለዚ ንሱ ወሃቢ ህይወት ኢዩ።

*እዚ ድማ ነቶም ዓጸጽምቲ ህይወት ብምሃቡ ይ ፍለጥ።*

ነብዩ ሕዝቅኤል ከምዚ ይብል፡- "ኢድ እግዚኣብ ሔር ኣብ ልዕለይ ነበረት፥ እግዚኣብሔር ከኣ ብመንፈስ ኣውጽኣኒ፥ ኣብ ማእከል እታ ጐልጐል ድማ ኣንበረኒ፥ ንሳውን ኣዕጽምቲ መሊእዋ ነበረ። ... ንሱ ከኣ፥ ኣንታ ወዲ ሰብ፥ እዚ ዓጸጽምቲ እዚ ህያውዶ ክኾውን ኢዩ? በለኒ። ኣነ ድማ፥ ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ንስኻ ትፈልጥ፥ ኢለ መለስኩ።" (ሕዝ.37፥1-3) "...ኣነ ከኣ ከምቲ ዝኣዘዘኒ ተነበኹ ትንፋስ ድማ ኣተዎም። ህያዋን ኮኑ፥ ብእግሮም ከኣ ቘሙ፥ ኣዚዩ ዓብዪ ጭፍራ ነበሩ።"

ቤተክርስቲያን ኩይኑ ኣሎ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን፦ “እቲ ኣነ ካብ ኣብ ዝሰደልኩም መጸናንዒ” (ዮሓ.15፥26)። ክምኡ ከኣ “ግና ኸ እንተ ኸድኩ ከም ዝሕሸኩም ብሓቂ እነግረኩም ኣሎ ኹ። ኣነ እንተ ዘይከድኩ እቲ መጸናንዒ ናባኻትኩም ኣይ መጽእን ኢዩ እሞ እንተ ኸድኩ ግና ንዕኡ ክሰደልኩም ኢየ።” (ዮሓ.16፥7)። ይብል እምበር፥ ካብቲ ኣገዳሲ ክን ፈልጦ ዘለና ነገር፦

*ኣብ መንጎ ምሥራፅን ምልኣኽን ዓቢይ ናይ ስነ - ሃይማኖታዊ ፍልልይ ከምዘሎ ኢዩ።*

*ምልኣኽ ኣብ ውሱን ጊዜ ኢዩ ዝፍጸም። ምሥ ራፅ ግን ዘለኣለማዊ ኢዩ።*

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ በዓለ ሓምሳ ንመንፈስ ቅዱስ ናብ ሓዋርያት ልኢኽዎ ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ግን ቅድሚ ምልኣኹውን ዝነበረ ኢዩ። ምኽንያቱ ንሱ መንፈስ ኣምላኽ ኢዩ። ኣብ ታሪኽ ስነ-ፍጥረት ብዛዕብኡ ክምዚ ይብል፦ “ኣምላኽ ብመጀመር ታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። ምድሪ ድማ በረኻን ጥራያን ነበረት፥ ጸልማት ከኣ ኣብልዕሊ መዓሙቕ ነበረ። መንፈ ስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝንቢ ነበረ።” (ዘፍ.1፥1-2)።



*መጽሓፍ ቅዱስውን ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ከምኡውን ናብ ነቢያትን ካልኦት ሰባትን ይወርድ ከም ዝነበረ ጠቒሱልና ይር ከብ።*

መንፈስ ኣምላኽ ከመይ ኢሉ ናብ ንጉሥ ሳኦል ከም ዝመጸን፥ ንሱ ድማ ከም ዝተነበየን፥ ተጠቒሱ ኣሎ። (1ሳሙ.10፥10-11)። ብድሕሪ እዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ንሳኦል ከመይ ኢሉ ከም ዝሓደጎ፥ (1ሳሙ.16፥14)። ኣብ ልዕሊ ዳዊትውን ከም ዝወረደ ጠቒሱልና ኣሎ። (1ሳሙ. 16፥13)።

መንፈስ ቅዱስ ንሳምሶንውን የንቀሳቕሶ ነይሩ ኢዩ። (መሳ.13፥25)። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሳምሶን ወረ ደ። (መሳ.14፥6)። መጽሓፍ ቅዱስውን መንፈስ ኣምላኽ ምስ ነቢዩ ሕዝቅኤል ዝሠርሖ ዝነበረ ሥራሕ ይገልጸል ና። (ሕዝ.37፥1)። ብብዝሒ ብዛዕባ መንፈስ እግዚኣብ ሐር ዝተጠቕሰ ኣብ መዛሙራት ነቢዩ ዳዊት ኢዩ።

*ንተግባር መንፈስ ቅዱስ፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ከምኡውን ኣብ መንጎ ክልተ ኪዳናት (ብሉይን ሓዲሽን) ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ግዜ፥ ትንተ ናኡ ሰፊሕ ኢዩ።*

ብዛዕባ ልደት ዮሓንስ መጥምቕ ከበሥር ከሎ ክምዚ

ተባህለ፦ "... ገና ኣብ ከርሚ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ክመልእ ኢዩ።" (ሉቃ.1፥15)። ከምኡውን ብዛዕባ ኣዲኡ ኤልሳቤጥ ከምዚ ተባህለ፦ "... ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኣ።" (ሉቃ.1፥41)። ብዛዕባ ዘካርያስ ካህንውን "ኣቦኡ ዘካርያስ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦ፥ ከምዚ ኢሉውን ተነበየ...።" (ሉቃ.1፥67)።

እቲ መልኣኽ ድማ ንእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዛዕባ ልደት ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከበሥራ ከሎ ከምዚ ኢሉ ገለጸላ። "መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ክጽልለኪ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል ኢዩ።" (ሉቃ.1፥35)። ንዮሴፍ ጸራቢ ድማ ብዛዕባኣ ብሕልሚ፦ "ዮሴፍ ወዲ ዳዊት እቲ ሕጽይትኻ ማርያም ፀሪሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ እሞ ንምውሳዳ ኣይትፍራህ።" ዝብል መልእኽቲ ተነግሮ። (ማቴ.1፥20)። ብዛዕባ እቲ ሽማግለ ስምዖንውን። "እነሆ ድማ፥ ኣብ እየሩሳሌም ስምዖን ዝበሃል ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ፥ ንኣምላኽ ዝፈርህ፥ ምጽንናዕ እስራኤልውን ዝጽበ ነበረ፥ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነበሮ። ንሱ ቅቡእ እግዚኣብሔር ከይረኣየ፥ ሞት ከም ዘይርኢ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጽሉ ነበረ።" (ሉቃ.2፥25-26)።

✣ ✣ ✣



እንበኣርከስ ኣብ በዓለ ሓምሳ ብጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ሓዋርያት ናይ መንፈስ ቅዱስ ምልኣኽ ምስቲ ዘለኣለማዊ ምሥራፅ መንፈስ ቅዱስ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ፥ ፈጺሙ ርክብ የብሉን።

*መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፥ ከምኡውን ኣምላኽ ብመንፈሱ ህያው ስለ ዝኾነ ንሱ ኣብ ቅድስቲ ሥላሴ ህይወታዊ ባህሪ ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ቅድሚ ፍጡራት ምፍጣሮምን ቅድሚ ጐይታ ናብ ተምሃሮኡ ዝልእኮን፥ ካብ ብገዛእ ርእሱ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ኣትሒዙ ዝሠረፀ ኢዩ።*

✣ ✣ ✣

ንትስብእትውን ከምቲ ብዛዕባ እቲ ተሠጋውነት ወዲ ዝተባህለ ንብል፦ "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ንሶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሻዩጡ ምእንቲ ከውጽኦምን ንሕናውን ውልዱነት ምእንቲ ክንረክብሲ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኹ።" (ገላ.4፥4-5)። ...ሕጂ እኳ ኣብ ምልኣት ጊዜ ወዲ ናብ ዓለም እንተ ተላእከ፥ ወዲ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ካብ ኣብ ዝተወልደ ኢዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፥ "ብእኡ ኲሉ ኰነ፥ ብዘይ ብእኡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ዝኾነ የልቦን።" (ዮሓ.1፥3)። ስለዚ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ቅድሚ

ዘመናት ምውላዱ ካልእ ኢዩ። ብምልኣት ጊዜ ናብ ዓለም ምልኣኹ ድማ ካልእ ኢዩ...። እምበኣር ብዛዕባ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ድማ ልክዕ ከምኡ ኢዩ። ቅድሚ ዘመናት ካብ ኣቦ ምሥራፅ ካልእ ኢዩ። ብበዓለ ሓምሳ ናብ ሓዋርያት ምልኣኹ ድማ ካልእ ኢዩ።

✣ ✣ ✣

*እምበኣር ሕጂ ገለ ሰባት መንፈስ ቅዱስ ካብ ኣቦን ወድን ዝተሓተ ኮይኑ ምእንቲ ከይመስሎም!!*

እዚ ከኣ ሳልሣይ ኣካል ቅድስት ሥላሴ ስለ ዝኾነ ብምባሎም፥ ወይ እውን ንወዲ ኣቦ ስለ ዝለኣኾ፥ ኢሎም ከይግምቱ ምእንቲ፥ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ከምዚ ዝሰዕብ ቃል፦ "ምስ ኣቦን ወድን ንግሰደሉን ነመስግኖን"። ተባሂሉ ኣሎ።

## *ንሰግደሉን ነመስግኖን*

*መንፈስ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፥ እቲ ንዕኡ ዝግባእ ስግደት፥ ናይ ኣምልኾ ስግደት ኢና ንሰግደሉ።*

ከምኡውን ምስ ኣቦን ወድን ብማዕረ ነመስግኖ።



ኣብ ጸሎትና ድማ ከምዚ ንብል፦ "ምስጋና ደኸኖ፥ ኑቲ ማዕረ ንዝኾነ ቅድስት ሥላሴ፥ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን፥" ከምኡውን ኹሉ ጸሎትና ከምዚ ብምባል ንጅምሮ፦ "ብስም ኣብን ወድን መንፈስ ቅዱስን፥ ሓደ ኣምላኽ ኣሜን።"

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንመንፈስ ቅዱስ ብምልኣኹ፥ መንፈስ ቅዱስ ካብኡ ዝንእስ ከም ዝኾነ ኣየስምዕን ኢዩ።*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብገዛእ ርእሱ (ወዲ) ከምቲ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ዘሎ፥ ከምዚ ይብል፦ "ሕጂ እውን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንዓይ ልኣኸኒ መንፈሱውን።" (ኢሳ.48፥16)። ከምኡ ከኣ፦ "ንቴሑታት ብሥራት ክበሥርሲ እግዚኣብሔር ቀቢኡኒ ኢዩ እሞ፥ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ኢዩ።" (ኢሳ.61፥1)። እዚ ጥቕሲ እዚውን ወዲ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝነኣሰ ኢዩ ማለት ኣይ ኮነን።

✣ ✣ ✣

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰባት ክጠምቕ ከምዚ ኢሉ ኣዘዘና፦

*ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቕዎም (ማቴ.28፥19)።*

ከምኡውን ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መጀመርታ መልእኽቱ ከምዚ ይብል፡- "እቶም ኣብ ሰማያት ምስክር ዝህቡ ሠለስተ ኢዮም። ኣብ፤ ቃል፤ መንፈስ ቅዱስ፥ እዚኣቶም ከኣ ሓደ ኢዮም።" (ዮሓ.5፥7)።

## *በረኸት ከኣ ብሕብረት ናይ ሠለስተ ሥላሴ ይውሃብ።*

ከምዚ ንብል፡- "ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን። (2ቆሮ.13፥13)። እዚ ከኣ ብመሠረት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ።

*ምስ ኣቦን ወድን ነመስገኖ እትግበል ቃል ኣብ ሠለስተ ሥላሴ ዘሎ ማዕርነት ንገልጽ።*

ኵሎም እቶም ሠለስተ ኣካላት ቅድስት ሥላሴ ኣብቲ ህያውነት ኣምላኻዊ ባህርይ ማዕረ ኢዮም።

እቶም ዘለኣለማውያን መጨረሽታ ዘይብሎምን ፈጣሪን ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርከቡን ዘይወሰናትን ኻትሉ ዝኽእሉን... ሥላሴ ክንደይ ኢዮም?። ብዘይካ እቲ ብዛዕባ ወዲ ቅድሚ ዘመናት ካብ ኣቦ ተወልደ እንብሎ፥ ከምኡ ከኣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ካብ ኣቦ ሠረፀ



ንብሎ። መንፈስ ቅዱስ ምስ ኣቦን ወድን ማዕረ ኢዩ...።

*ከምቲ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ እንጽልዮ ከምኡ እውን ናብ እግዚኣብሔር ወድን እግዚኣብሔር መንፈ ስ ቅዱስን ንጽሊ ኢና።*

ነዚ ኸኣ ኣብነት ዝኾነና ኣብ ጸሎተ ኣግብያን (ጸሎት ሰዓታት) ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ሰፊሩ ይርከብ።

እቶም ንእግዚኣብሔር ኣቦ ዝምልከቱ ጸሎታት ብዙሓትን ንጹራትን ኢዮም።

ናብ እግዚኣብሔር ወዲ ዝቐረበ ጸሎትውን ቅዱስ እስጢፋኖስ ሊቀ-ዲያቆናት ኣብቲ ሰማእትነት ዝተቐበለሉ ጊዜ ከምዚ ኢሉ ጸልዩ፡- "ንእስጢፋኖስ ከኣ እናተማህለለን ጐይታይ ኢየሱስ መንፈሰይ ተቐበል እናበለን ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ።" (ግሓ.7፥59)። ካልእ ኣብነትውን "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ በለ።"

ናብ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ዝቐርብ ጸሎት ከኣ፥ ኣብ ናይ ሣልሳይ ሰዓት ጸሎት፡-

"ኦ ጐይታ ሰማይ፥ መጸናንዒ፥ ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርከብ መንፈስ ሓቂ፥ ኻትሉ ዝመልእ..... ንዓ ኣባና መጺ እካ ሕደር።..." ኢልና ንጽሊ።

ካብዚ ቀጺሉውን ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ከምዚ ይብል።

## *ብነቢያት ዝተዛረበ*

እዚ ከኣ ብቓላት ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ግልጺ ኰይኑ ኣሎ፡-

*"ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛብረዎ እምበር ኲቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።" (2ጴጥ.1፥21)።*

❖ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ንኣይሁድ ከምዚ በሎም፡- "....መንፈስ ቅዱስ ብነቢዩ ኢሳይያስ ነቦ ታትኩም ጽቡ ቕ ተዛረቦም።" (ግሓ.28፥25)።

❖ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስውን ንደቀመዛሙርቱ "መንፈስ ቅዱስ ኢዩ እምበር ንስኻትኩም ኣይኰንኩምን እትዛረቡ እሞ ኣሕሊፎም ክህቡኹም ምስ ወሰድኹም እን ታይ ከም እትዛረቡ ኣቐዲምኩም ኣይትጨነቑ እቲ በታ ሰዓት እቲኣ ዝወሃበኩም ቃላት ድኣ ተዛረቡ።" በሎም (ማር.13፥11)።

❖ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፡- "ንሕና ግና መን ፈሳዊ ነገር ምስ መንፈሳዊ ነገር እና ኣሰማማዕና መንፈስ ቅዱስ ብዝምህረሉ ቃል እምበር ጥበብ ሰብ ብዝምህረሉ ቓል ኣይኰናን እንዛረብ ዘሎና።" (1ቆሮ.2፥13)። ምናልባትውን እዚ በቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝተዛረቦም ቃል የዘኪረና ይኸውን። "እቲ ኣቦይ ብስመይ ዝሰዶ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ንሱ ኲሉ ክምህረኩም ዝነገርኩኹም ዘበለውን ከዘክረኩም ኢዩ።" (ዮሓ.14፥26)።

*መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ነቢዩ ዳዊት ብዙሕ ጊዜ ተዛሪቡ ኢዩ።*

❖ ብዛዕባ እዚ ድማ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡- "ኢየሱስ ድማ ኣብ ቤት መቕደስ ክምህር ከሎ፥ መለሰ በለውን፥ ጸሓፍቲ ከመይ ኢሎም ኢዮም፥ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት ኢዩ ዝብሉ? ዳዊ ት ባዕሉ ብመንፈስ ቅዱስ ጐይታ ንጐይታይ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም ኣብ የማነይ ተቐመጥ በሎ ይብል።" (ማር.12፥35-36)። (ማቴ.22፥43፥44)። (መዝ.110፥1)።

❖ ከምኡውን ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ብዛዕባ ይሁዳ ከምዚ ይብል፡- "ኣቱም ኣሕዋተይ ብዛዕባ እቲ ነቶም ንኢየሱስ ዝሓዝዎ መራሒ መንገዲ ዝኾኖም ይሁዳ መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ዳዊት ቀደም ዝበላ ጽሕፈት ክትፍጸም

ይግበኣ ኢዩ።" (ግሓ.1፥16)።

✣ ✣ ✣

*እታ "ብነቢያት ዝተዛረበ" ትብል ቃል ንኣምላኻ ዊ ምግላጽ እያ ተመልክት።*

ስለዚ ድማ እቲ ሓዋርያ ከምዚ ይብል፦ "እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንሠናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ ፍጹም ምእንቲ ክኸውንሲ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፤ ንተግሳጽ፥ ንምቕናዕ፤ ንጽድቂ ዝኸውን ምእዳብ ይጠቅም ኢዩ።" (2ጢሞ.3፥16)። ከመይ ኢሉ ኢዩ ካብ ኣምላኽ ዝግለጸሉም? ብመንፈስ ቅዱስ... ኢዩ። እዚ ድማ ንኣምላኽነት መንፈስ ቅዱስ ካልእ መረጋገጺ ኢዩ።

✣ ✣ ✣

ኣብዚ እቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ዝርከብ ንቅድስቲ ሥላሴ ዝምልከት ተወዲኡ ኣሎ።

ካብዚ ቀጺልና ብዛዕባ ቅድስት ቤተክርስቲያን፥ ብዛዕባ ጥምቀት፥ ብዛዕባ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስን፥ ብዛዕባ ህይወት ናይቲ ዝመጽእ ዘመንን ክንገልጽ ኢና።






## ብሓንቲ

## ቅድስቲ ቤተክርስቲያን

## ጉባኤ ሓዋርያት

## ንኣምን።



## ቤተክርስቲያን

ጸሎተ ሃይማኖት "{ንአምን}… ብሓንቲ ቅድስት ቤተክርስቲያን ጉባኤ ሓዋርያት ንአምን" ይብል።

*እታ ጸሎተ ሃይማኖት ዘመልከታ ዘሎ ቤተክርስቲያን ኣየነይቲ ኢያ?*

ቤተክርስቲያን ዝብል ቃል ንሠለስተ ነገራት የመልክት። ንሱን ከኣ፦

ሀ- ህንፃ ቤተክርስቲያን

ለ- ጉባኤ ምእመናን።

ሐ- መራሕቲ ቤተክርስቲያን ወይ ውሉደ ክህነት።

✥ ✥ ✥

*ሀ- ንህንፃ ቤተክርስቲያን ዘመልክት ምስክር፦*

ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣኪላስን ብርቂላስን ከምዚ ይብል፦ "ነታ ኣብ ቤቶም ዘላ ቤተክርስቲያንውን ሰላም በሉ።" (ሮሜ.16፥5)። ከምኡ ከኣ "ቀድሚ ኩሉ ከኣ ኣብ ማሕበር ምስ ተኣከብኩም፥ …" (1ቆረ.11፥18)። ከምኡውን "ብዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ኣብ ኩሉ ስፍራ ንብዙሓ ማሕበር ከመይ ገይረ ከም ዝምህር፥ …" (1ቆረ.4፥17)።



እምብኣርከስ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ብዛዕባ ህንፃ ከም ዘይኮነ ኣብዚ በሪሁ ይርከብ እንተ ዘይኮይኑ "ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን" ኣይምበለን። ስለዚ ነታ ጉባኤ ቤተክርስቲያን ማለት ኩሎም ኣመንቲ ብሓበራ ማለት ኢዩ።

✥ ✥ ✥

*ለ ቤተክርስቲያን፥ ማለት እቶም ኣመንቲ፦*

መጽሓፍ ግብሪ ሓዋርያት ብዛዕባ ኣጀማምራ እታ ቀዳመይቲ ቤተክርስቲያን ከምዚ ይብል፦ "ኣብ ኩሉ ሕዝቢ ከኣ ዕድል ነበሮም እግዚኣብሔር ድማ ዝድሕኑ ኣብ ጸጸብሕ ናብታ ቤተክርስቲያን ይውስኽ ነበረ።" (ግሓ.2፥47)። ናብቶም ኣመንቲ ይጽንበሩ ነይሮም ማለት ኢዩ…።

ቐጺሉ ኣብዚ ምዕራፍ እዚውን ከምዚ ይብል፦ "ብታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ኣብ እየሩሳሌም ዘላ ማሕበር ብርቱዕ ምስጓግ ኮነ።" (ግሓ.8፥1)። እዚ ማለት ከኣ ኣብልዕሊ እቶም ኣብ እየሩሳሌም ዘለዉ ኣመንቲ ብርቱዕ ምስጓግ ኮነ፥ ማለት ኢዩ። ብዘይካ እዚውን፦ "ከምኡውን ጴጥሮስ ከምዚ ኮይኑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይሕሎ ነበረ። እታ (ቤተክርስቲያን) ማሕበር ግን ምእንትኡ ኩሉሳዕ ናብ ኣምላኽ ትጽሊ ነበረት።" (ግሓ.12፥5)። ማለት እቶም ኣመንቲ ብዛዕባ ቅዱስ ጴጥሮስ ይጽልዩ ነይሮም ማለት ኢዩ።

ካልእ ጽሑፍውን ይብል፦ "ከምቲ ክርስቶስ

ንቤተክርስቲያኑ ዘፍቅራ ኣቲዎ ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ክቕድሳ ርስሑት ወይ ዕጣር ወይስ ገለ ኸዚ ዝመሰል ዘይብላ ብዘይመንቅብ ቅድስትን ክብርትን ቤተክርስቲያን ገይሩ ንዕኡ ምእንቲ ከቑማ ኢሉ ርእሱ በጃኣ ሃበ።" (ኤፌ. 5፥25-27)። ኣብዚውን ቤተክርስቲያን ማለት፥ እቶም ክርስቶስ ብመገዲ ቃል ብስብከትን ኣስተምህሮን ገይሩ፥ ብጥምቀት ክቕድሶምን ክጽርዮምን ኢሉ ምእንትኦም ዝተሰቕለ ምእመናን ኢዮም።

✣ ✣ ✣

***ሐ· ቤተክርስቲያን ማለት፥ መራሕቲ ቤተክርስቲያን ወይ እውን መሉእ ክህነት፦***

ብዛዕባ ባእስን ዕርቕን ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ። "ንኣታቶም እንተ ዘይሰምዖም ከኣ ንቤተክርስቲያን ንገራ። ንታ ቤተክርስቲያን እንተ ዘይሰምዓ ግና ከም ኣረሚንን ከም ተጋውን ረኣዮ።" (ማቴ.18፥17)። "ቤተክርስቲያን" ማለት ኣብዚ መራሕቲ ቤተክርስቲያን ካህናት እምበር ኹሉ ጉባኤ ምእመናን ዝምልከት ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ብድሕሪ እዚ ጥቕሲ እዚ ከምዚ ተጻሒፉ ንረክብ። "ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩምዎ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኸውን ኢዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩምዎ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ



ከም ዝኸውን ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ማቴ.18፥18)።

*ስለዚ ድማ "ቤተክርስቲያን" ዝብል ቃል ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ንጉባኤ ኣመንትን ንሃይማኖታውያን መራሕ ቶምን ዘመልክት ኢዩ።*

ጸሎተ ሃይማኖት ቀጺሉ ብዛዕባ ባህርን ኩነታት ቤተክርስቲያንን ኢዩ ዝገልጽ፦

## *ሓንቲ ቤተክርስቲያን*

➢ ንሳ ብእምነትን፤ ብሥርዓት ሕጊ ቤተክርስቲያንን፤ ብኣስተምህሮን፤ ብሓሳብን፤ ብመንፈሳውነት፥ ሓንቲ "ቤተክርስቲያን" ኢያ።

መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ከምዚ ይብል፦ "ከምቲ ብሓንቲ ተስፋ ጽውዓኹም እተጸዋዕኩም ድማ ሓደ ሥጋን ሓደ መንፈስን ኢዩ፥ ሓደ ጐይታ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት።" (ኤፌ.4፥4-5)።

ቤተክርስቲያን ብእምነትን ብሕግን፥ ብመንፈሳዊ ሓሳብትን ብርድኢትን ሓንቲ ኢያ። ስለዚ ከኣ እታ ቤተክርስቲያን ኣብ ሓደ እምነት ጸኒዓ ምእንቲ ክትነብር፥ ዝኾነ ሰብ ካብዛ ሓንቲ እምነት ምስ ዘልግስ ካብ ማሕበር ምእመናን ትፈልዮ ነበረት። ስለዚውን ቤተክርስቲያን ኣብ

ዘመን ቅዱስ ጉባኤ ንቶም በብግዚኡ ዝለዓሉ ዝነበሩ መናፍቃን ምስ ጊጋ ኣምልኾ ዘለዎም ከምኡ ዝረት....።

✣ ✣ ✣

➢ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ምስ ኣብ ዝገበሮ ነዊሕ ዝርርብ ከምዚ ይብል፦ "ስለ እቶም ብቓሎም ብኣይ ዝኣምኑ ድማ እምበር ስለ እዚ ኣቶም ጥራይ ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ። ዓለም ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒ ምእንቲ ክትኣምንሲ ኦ ኣቦይ ከምቲ ንስኻ ኣባይ ዘሎኻ ኣነውን ኣብኻ፥ ከምኡ ድማ ንሳቶም ኣባና ሓደ ክኾኑ ኩላቶም ሓደ ምእንቲ ክኾኑ እልምን ኣሎኹ።" (ዮሓ.17፥20-22)።

✣ ✣ ✣

➢ ብዛዕባ ሓድነት ቤተክርስቲያንውን ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ይብል፦ "ካብዚ መጓሰ እዚ ዘይኮና ካልኦት ኣባጊዕውን ኣለዋኒ ንኣታተን ድማ ከምጽኦን ኢየ ቃለይውን ክሰምዓ ኢየን ሓደ መጓሰ *ክኾና ኢየን። ጓሳኤንውን ሓደ።* (ዮሓ.10፥16)። እዚ ሓደ ጓሳ እዚ ከኣ እቲ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ከምዚ ዝስዕብ ዝበለ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ፦ "እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ ኢየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፍ። እቲ በዓል ዓስቢ ግና ጓሳ ዘይኮነ፥



እተን ኣባጊዕውን ዘይጥረቱ ስለ ዝኾነ፥ ተኹላ ክመጽእ ክሎ እንተ ረኣየ ነተን ኣባጊዕ ሓዲግወን ይሃድም። እቲ ተኹላ ድማ ነተን ኣባጊዕ ይዝርፈን ፋሕውን የብለን። በዓል ዓስቢ ኢዩ እሞ ይሃድም፥ ግዲ እተን ኣባጊዕውን የብሉን። ሕያዋይ ጓሳ ኣነ ኢየ። ነባጊዔይ እፈልጠን እተን ኣባጊዓይውን ይፈልጣኒ ኢየን።" (ዮሓ.10፥11-14)።

✣ ✣ ✣

➢ *ቤተክርስቲያን ሓንቲ ኣካል ስለ ዝኾነት፥ ርእሲ እዚ ኣካልውን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። በዚ ሓንቲ ቤተክርስቲያን ኢያ።*

እዚ ከኣ ኣብ መልእኽቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ተጻሒፉ ኣሎ። "ክርስቶስ ርእሲ ቤተክርስቲያን ኢዩ።" (ኤፌ.5፥23)። ከምኡውን ኣብ መልእኽቲ ሰብ ቈሎሴ ክርስቶስ "ንሱ ኑቲ ሥጋኡ ርእሱ ኢዩ።.." ይብል። (ቈሎ.1፥18)። ከምኡውን "ምእንቲ ሥጋኡ፥ ንሳ ድማ እታ ማሕበር ኢያ፥.." ይብል። (ቈሎ.1፥24)።

ስለዚውን ቤተክርስቲያን ሓንቲ ክትከውን ባህርያዊ ኢዩ፥ ምኽንያቱ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ኢዩ ዘለዎ። ከምቲ ሓዋርያ ዝበሎ ድማ ንሕና ኩላትና ናይ እዚ ኣካል ሰብኦት ኢና፦ "ሰብ ንሥጋኡ ይምግቦን ይከናኸኖን እምበር ሓደ እኳ ዝጸልኦ የልቦን። ኣካላት ሥጋኡ ስለ ዝኾንና

ክርስቶስ ከምኡ ንቤተክርስቲያን ይከናኸና ኢዩ።" (ኤፌ.5፥30)።

✣ ✣ ✣

> *ቤተክርስቲያን መርዓት እቲ ሓደ ክርስቶስ ስለ ዝኾነት ሓንቲ ኢያ።*

ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕውን ከምዚ ይብል፦ "ኣነ ቀቅድሚኡ ደኣ ተላኣኽኩ እምበር ክርስቶስ ኣይኮንኩን ከም ዝበልኩ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ምስክረይ ኢኹም። እታ መርዓት ዘላቶ ንሱ መርዓዊ ኢዩ እቲ ደው ኢሉ ንዕ ኡ ዝሰምዮ ዓርኪ መርዓዊ ግና ብድምጺ እቲ መርዓዊ ኣዚዩ ይሕጎስ። ደጊም እዚ ሓጎሰይ ተፈጺሙ።" (ዮሓ.3፥28-29)። ኣብ ኤፌሶንውን ልክዕ ሓደ ዓይነት ትርጉም ዘለዎ ንረክብ። "ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ይለግብ ክልቲኦምውን ሓደ ሥጋ ኢዮም ዝኾኑ። እዚ ምሥጢር እዚ ዓቢዩ ኢዩ ኣነ ግና ብናይ ክርስቶስን ቤተክርስቲያንን እምስሎ ኣሎኹ።" (ኤፌ.5፥31-32)።

ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ሓንቲ መርዓት ማለት ቤተክርስቲያን ከም ዘላቶ ርግጽ ኢዩ። ነዚ ድማ እቲ ሓዋርያ ብኸምዚ ይገልጾ። "ብቕንኢ ኣምላኽ እቐንኣልኩም ኢየ እሞ ከም ንጽሕቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ከቕርበኩም ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጸየኩም ኢየ።" (2ቆሮ.11፥2)።



መርዓት (ቤተክርስቲያን) ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ግድን ሓንቲ ኢያ። ስለዚ ድማ ኣብቲ ናይ መኃልየ መኃልይ መጽሓፍ ብምልክት ከምዚ ይብል። "ርግበይ ፍጽምተይ ሓንቲ ኢያ ንሳ ሓንቲ ጥራይ ኢያ።" (መኃ.6፥9)።

✣ ✣ ✣

ቤተክርስቲያን ሓንቲ ካብ ኮነት እቲ (ኣብያተክርስቲያናት) ዝብል ቃላት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎደኣ እንታይ ማለት ኢዩ?

*ኣብያተክርስቲያናት ዝብል ቃላት፥ ቤተክርስቲያን ዘለዎ ቦታ ንምሕባር ማለት ኢዩ፥ በዚ ድማ ንኽፍሊ ወከፈን በበዝቕማሉ ቦታ ክሰልየን።*

ስለዚ ድማ ከምዚ ይብል "ከምኡ ከኣ ነተን ኣብ ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን ዝነብራ ኣብያተክርስቲያናት ብዘለዋ ሰላም ኮነለን። እናተሃነጻ ብፍርሃት እግዚኣብሔር እናተመላለሳን ብረዲኤት መንፈስ ቅዱስ እናዓበያን ከዳ።" (ግሓ.9፥31)።

ኣብ ራእይ ዮሓንስውን ብዛዕባ እተን ኣብ ኣስያ ዝነበራ ሸውዓተ ኣብያተ ክርስቲያናት ሰሚዕና ኣሎና። "ኣብ መጽሓፍ ጽሒፍካ ናብተን ኣብ ኤፌሶንን ሰሚርናን ጴርጋሞስን ትያቲራን ሳርዴስን ፊላደልፊያን ሎዲቅያን ዘለዋ ሸውዓተ ኣብያተክርስቲያናት ስደዶ ዝብል ከም ናይ

መሰኸት ዝበለ ብርቱዕ ድምጺ ሰማዕኩ።" ይብል። (ራእ.1፥11)።

ይኹን እምበር ኩሉን እዙን ኣብያተክርስቲያናት እዚ ኣተን ኣካል ናይታ ሓዋርያዊት ጉባኤ ዝኾነት ሓንቲ ቤተክርስቲያን እየን።...

✥ ✥ ✥

*ንሳ ኣብ ምድርን ኣብ ሰማይን ሓንቲ ቤተክርስቲያን እያ።*

ኩሉ ኣብታ ኣምላኽ ምስ ሰብ ዝነብረላ ድንኳን፥ ሰማያዊት እየሩሳሌም ብሓባር ክእከብ እዩ። ሽዑ ንሳቶም ከኣ ሕዝቡ ክኾኑ እዮም፥ (ሓደ ሕዝቢ)። ንሱ ከኣ ኣምላኾም ክኸውን እዩ። "እታ ቅድስቲ ከተማ እታ ሓዳስ እየሩሳሌም ንመርዓዊኣ ኢላ ከም እተሰለመት መርዓት ተዳልያ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ርኤኹ። ካብቲ ዝፋ ንውን ዓው ዝበለ ድምጺ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ ንሱውን ምሳታቶም ክነብር እዩ፥ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ክኾኑ እዮም። ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኽምን ክኸውን እዩ።" (ራእ.21፥2-3)።

እዚኣቶም ኩሎም እቶም መንግሥቲ ኣምላኽ ዝወርሱ ምእመናን፥ ሓደ ሕዝቢ ወይ ሓንቲ ቤተክርስቲያን እዮም። ዮሓንስ ብራኢ ብዛዕባኦም ከምዚ በለ፦ "ድሕርዚ ድማ ርኤኹ፥ እንሆ ካብ ኩሎም ኣሕዛብን ዓሌታትን ሕዝብታትን ካብ ብዙሎ ቛንቋታትን እተኣከቡ፥ ሓደ እኳ ክቖጽሮም ዘይክእል ብዙሓት ሰብ፥ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም፥ ..... እዚ ኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም፥ ኽዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ኣጻዕደዉ፥" (ራእ.7፥9-14)።

*እዛ ሓንቲ ቤተክርስቲያን ኣብ ሰማያት ዘላ ንመላእኽቲውን ተጠቓልል እያ፦*

ንሳ ንቅዱሳን መላእኽትን ነተን ካብዚ ዓለምዚ ብሞት ዝተፈልያ ነፍሳት ቅዱሳን ሰባትን ነተን ካብ ሕጂ ክሳብ ፍጻሜ ዘመን ብሥጋ ክፍለያ ዘለወን ነፍሳትን እትጥርንፍ እያ።

ኩሎም (መላእኽትን ደቂ ሰብን) ሕዝቢ ኣምላኽን ደቂ ኣምላኽን ደቂ ቤት ኣምላኽን መኻሲኡን እዮም። "እምበኣር ሲ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝ ኑ ዝኾነ መሠረት ነብያትን ሓዋርያትን እተነደቕኩም ደገም ደቂ ዓደም ንቅዱሳን ሰድራቤቱን ንኣምላኽን ኢኹም እምበር ኣጋይሽን ወጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን።" (ኤፌ.2፥19)።

## ቅድስቲ ቤተክርስቲያን

*ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ቤተክርስቲያን ቅድስቲ ከም ዝኾነት ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፦*

“ንስኻትኩምውን ከም ህያዋን ኣእማን ኳንኩም ኑቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መሥዋእቲ ክተቕርቡ ንቕዱስ ክህነት ዝኸውን መንፈሳዊ ቤት ተሃነጹ።” (1ጴጥ.2፥5)። ከምኡውን ይብል፦ “ንስኻትኩም ግና ደግኻት እቲ ካብ ጸልማት ናብቲ ዘርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኸተንግሩ ሕሩይ ወለዶ ናይ መንግሥቲ ክህነት ቅዱስ ሕዝቢ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ ኢኹም።” (1ጴጥ.2፥9)።

### *ቤተክርስቲያን ብደም ክርስቶስ ዝተቐደሰት ኢያ።*

ከምቲ መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ ዝበሎ። “..... ንዕኡ ኑቲ ዘፍቀረና ዘሎ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሓጸበና ንእግዚኣብሔር ኣቦኡ መንግሥትን ካህናትን ክንኮኖ ዝገበረና ክብርን ሥልጣንን ንዘለኣለም ኣለም ንዕኡ ይኹን። ኣሜን።” (ራእ.1፥5-6)። ኣብ ቀዳማይ መልእኽቲ ዮሓንስ እውን (ብዛዕባ ኣቦ) ከምዚ ይብል “ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና ንሓድ ሕድና



ሕብረት ኣሎና፥ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣትና የንጽሃና።” (1ዮሓ.1፥7)። ኣብ መዝሙር ዳዊት ድማ “ምእንቲ ክጸርስ ብስምዕዛ ኣጽርየኒ ካብ በረድ ክጽዕዱ ሕጸበኒ።” (መዝ.51፥7)። እዚ ስምዕዛ ዝበሃል ቆጽሊ፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣቡቲ ናይ ደም መሥዋእቲ የጥልቕዎ እሞ ብድሕሪኡ ንምንጻህን ንምቕባእን.... ይጥቀሙሉ ነይሮም።

✣ ✣ ✣

### *ቤተክርስቲያን ብጥምቀት ዝተቐደሰት ኢያ።*

ከምቲ እቲ ኣረጊት ሰብ ኣብ ዝሞተሉ እዋን፥ ብምስሊ ክርስቶስ ሓድሽ ቅዱስ ሰብ ይትንሥእ ዝተባህለ። “ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ ኩላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።” (ገላ.3፥27)። እዚ ማለት ከኣ ንጽድቅን ቅድስናን ንጽህናን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ለቢስኩምዎ ማለት ኢዩ። ከምኡውን ሓዋርያ “ከምቲ ክርስቶስ ንቤተክርስቲያኑ ዘፍቀራ ኣቱም ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቃሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ክቕድሳ ርስሓት ወይ ዕጣር ወይስ ገለ ኸዚ ዝመስል ዘይብላ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ቤተክርስቲያን ገይሩ ንዕኡ ምእንቲ ክቘማ ኢሉ ርእሱ በጃ ሃበ።” ይብል (ኤፌ.5፥25-27)።

*ቤተክርስቲያን ብምሥጢር ቅዱስ ቅብኢ እተቐደሰት ኢያ።*

ብቅዱስ ሜሮን ምስ እትቐብእ በቲ ኣብ መጠመቒ ዝወርድ ቕዱስ መንፈስ ትቕደስ። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ ከኣ፥ ናይ ኣምላኽ ቅድስቲ መቕደስ ቻኸውን። "ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣብኣትኩም ሓዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?።" (1ቆሮ.3፥16)። "ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፥ ሥጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣብኣትኩም ዘሎ፥ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፥ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ስለዚ ብሥጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።" (1ቆሮ.6፥19,20)።

እቲ ብባህርያቱ ቕዱስ ዝኾነ ቤት መቕደስ ኣምላኽ፥ ንስኻትኩም ኢኹም። (1ቆሮ.3፥17)። ቐጺሉ ከኣ ሓዋርያ ከምዚ ይብል፦ "እቲ ሥጋኹም ኣካል ክርስቶስ ምዃኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?።" (1ቆሮ.6፥15)። እዚ ቅድስቲ ምዃና ዝገልጽ ኢዩ....።

✣ ✣ ✣

*ቤተክርስቲያን፥ ጉባኤ ምእመናን ኢያ፥ ኣመንቲ ድማ ኣብ ጊዜ ሓዋርያት ቅዱሳት ተባሂሎም ኢዮም ዝስመዩ ዝነበሩ።*



ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ፦ "ንኹሎም ኣብ ክርስቶስ ዘለዉ ቅዱሳን ሰላም በልዎም።" (ፊሊ.4፥21)። ከምኡውን ናብቶም ኣብ ኤፌሶን ዝነበሩ ቅዱሳን ለኣኸ። "ጳውሎስ ብፍቓድ ኣምላኽ ሓዋርያ ክርስቶስ ኢየሱስ ንቶም ኣብ ኤፌሶን ዘለዉ ቅዱሳን ብኢየሱስ ክርስቶስ እመናትን ካብ እግዚአብሔር ኣቦናን ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን።" (ኤፌ.1፥1)። ኣስዒቡ ሓዋርያ ጳውሎስ፦ "...ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዘይብሎምን ምእንቲ ክንከውን ቅድሚ ምምሥራት ዓለም ብእኡ ዝሓረየና..." ይብል። (ኤፌ.1፥3-4)።

ቐጺሉ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ዕብራውያን ዝጸሓፎ መልእኽቱ፦ "ስለዚ ከኣ ኣቱም ኣብቲ ሰማያዊ ጸውዓ ግደ ዘለኩም ቅዱሳን ኣሕዋተይ...።" (ዕብ.3፥1)። ከምኡ ገሊጽዎ ኣሎ።

እቶም ብጐይታ ዓወት ዝረኸቡ ከምዚ ይብሉ፦ "ኣታ ኵሉ እትኽእል እግዚአብሔር ኣምላኽ ግብርኻ ዓቢዩን ግሩምን ኢዩ። ኣታ ንጉሥ ቅዱሳን መገድኻ ጽድቅን ሓቅን ኢዩ....።" (ራእ.15፥3-4)።

ኣብ ካልኣይ ምጽኣቱውን ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "..... ምስ ኣእላፋት ቅዱሳኑ .....።" ክመጽእ ኢዩ። (ይሁ.14-15)።

ስለዚ እቲ ሓዋርያ ኣስጓቡ፡- "ቡቲ ምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ምስ ኩሎም ቅዱሳኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽናን ኣቦናን ብዘይኣበር ብቕድስና ክም እትርከቡ ልብኹም ምእንቲ ከጽንዕ ከምቲ ንሕና ንኣኻትኩም ነፍቅረኩም ዘሎና እግዚኣብሔር ንሓድ ሕድኩምን ንኹሉ ሰብን ፍቕሪ ይወሰኽኩምን የብዝሓልኩምን።" ይብል። (1ተሰ.3፥13)።

*ቤተክርስቲያን ከም ተምሳል ቅድስና ኣምላኽ ስለ ዝኾነት፥ ቅድስቲ ኢያ።*

ከምቲ "ኣነ ቅዱስ ኢየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ።" ዝተባህለ (1ጴጥ.1፥15-16)። (ዘሌ.11፥44)። "እምበኣርከስ ኣቱም ፍቁራተይ እዚ ተስፋታት እዚ ካብ ዝሀልወና ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና ካብቲ ሥጋን መንፈስን ዘርክስ ዘበለ ኩሉ ርእሶና ነንጽህ።" (2ቆሮ.7፥1)። ምኽንያቱ "ፍቓድ ኣምላኽ እዚ ኢዩ፥ ቅድስናኹም።" (1ተሰ.4፥3)።

✥ ✥ ✥

*ቤተክርስቲያን ቅድስቲ ስለ ዝኾነት ዝኾነ እኩይ ኣብ ማእከላ ክነብር ኣይተፍቅድን ኢያ።*

ስለዚ ድማ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፡- "ንቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ግና ኣምላኽ ክፈርዶም ኢዩ። ነቲ እኩይ ካባኻትኩም ኣውጽእዎ።" (1ቆሮ.5፥13)።



ነዚ ክገልጽ ከሎ፡- "ሕጂ ግና ምስ ሓደ ሓው ዝበሃል እሞ ኣመንዝራ፤ ወይ ስሱዕ፤ ወይስ መምለኽ ጣኦት፤ ወይስ ተጻራፊ፤ ወይስ ሰካር፤ ወይስ ዘራፊ፥ እንተ ኾይኑ ምስኡ ከይትጽንበሩ ምስ እዚ ከምዚ ዝበለ ከይትበልዑ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ።" ይብል። (1ቆሮ.5፥11)።

ከም ኣብነትውን ሓዋርያ ዮሓንስ ብወገኑ ነቲ ካብ ቅኑዕ ኣምልኾ ዝዘንበለ ብኸምዚ ይገልጾ፡- "ዝኾነ ይኹን ናባኻትኩም እንተ መጺ እሞ ነዚ ምህሮ እዚ እንተ ዘይኣምጽአ ኣብ ቤትኩም ኣይትቐበልዎ ሰላምውን ኣይትበልዎ። እቲ ሰላም ዝበሎስ ኣብቲ እኩይ ግብሩ ሓቢርዎ ኢዩ።" (2ዮሓ.1፥10-11)።

*በዚ ምኽንያት ከኣ ቤተክርስቲያን ንመናፍቓንን ንብጌጋ ዘምህሩን ካብ ኣባልነቶም ክትፈልዮም ትርከብ።*

ኣብቶም ከምዚኦቶም ዝኣመሰሉ ሰባት እቲ ናይ ወግዘት ፍርዲ ተዋሂቡ ኢዩ፥ (excommunication)። እቶም ዝተወገዙውን ነቲ ቅዱስ (ቅኑዕ) ትምህርቲ ስለ ዘጥፍኡ፥ ኣብ ውሽጢ እታ ቤተክርስቲያን ዝነብሩ እንተ ኾይኖም ድማ እቲ ጉጉይ ትምህርቶም ኣብ መንጎ ኣባላት ቤተክርስቲያን ንኸየዘርግሑ ኣዝዩ ቐሊል ስለ ዝኾነ፥ ካብቲ ጉባኤ ይባረሩ።

*ከምቲ ነታ ኣብ መሬት ዘላ ቤተክርስቲያን*

*ቅድስና ዘድልያ እታ ሰማያዊት ቤተክርስቲያን ድማ ቅድስና የድልያ ኢዩ፦*

ብዛዕባ እታ ከተማ ኣምላኽ ሰማያዊት እየሩሳሌም ከምዚ ይብል፦ “እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ደኣ እምበር፡ ገለ ርኹስት ወይስ እቲ ዘፈንፍንን ሓሶትን ዝገብር ዘበለ ከኣ ናብኣ ከቶ ኣይክኣቱን ኢዩ።” (ራእ.21፡27)።

ብርግጽ ኣብ መንጎ ብርሃንን ጸልማትን ርክብ የለን፡ ከምኡውን ኣብ መንጎ ጻድቃንን ሓጥኣንን ዝምድና የልቦን። (2ቆሮ.6፡14)። ኣብ ሰማይ ይኹን ኣብ ምድሪ ርክብ የብሎምን ....።

ቤተክርስቲያን ብህላዌኣን ብመንፈሳውነታን ቅድስቲ ኢያ። ኣብ ሕግታታን ምሥጢራታን ቅድስቲ ኢያ። ከምኡውን ብመርሒነታ፤ ብሕዝባ፤ ...ብኹሉ ነገር ቅድስቲ ኢያ።

## ጉባኤ ቤተክርስቲያን

*ጉባኤ ማለት ኹሎም ኣመንቲ ኣብ ሓደ እምነት እትጥርንፍ ማለት ኢያ።*

እዛ ዝተጋበአት ቤተክርስቲያን ንኣህዛበን ንኣይሁድን



ዝጠርነፈት ኢያ፡ ከምኡውን ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣህጉራትን ህዝብታት ምስ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘለዎም ብሓደ እምነት እትእከብ ኢያ።

ንሳ ኢያ እታ ኣተን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝርከባ ኣብያተክርስቲያናት፡ ኣብታ ሓንቲ ቤተክርስቲያን ብሓንቲ እምነትን ብሓደ ሕጊ ቤተክርስቲያንን እትጥርንፍ። እተን ናይ ኣህጉራዊ ኣብያተክርስቲያናት ከም ኣብ ውቅያኖስ ዝርከባ ኣብ ነንሓድ ሕደን ከኣ ርክብ ዘይብለን ደሴታት ኣይኮናን። ኣብታ ሓንቲ ጉባኤ ቤተክርስቲያን ሕቡራት ኢየን።

እዛ ዝተጋበአት ቤተክርስቲያን እዚኣ፡ እታ ኹሉ ኣብ ናይ ሓባር ህይወት እትእከብ ኢያ፡ ከምኡውን ኣብ ሓደ እምነት ሕቡራት ኢየም፡ ኣብ መሥዋእቲ ቁርባንን ኣብቲ ቅዱስ ምሥጢራት ሕቡራት ኢዮም።

✣ ✣ ✣

እዛ ጉባኤ እትብል ቃል (Catholic) ብትብል ቃል ትትርጎም፡ እዚ ትርጉም እዚ ግን ናይ ቃል ደኣምበር፡ ኣምልኾ ኣይኮነን ዝብል (ማለት እምነተ ካቶሊክ)። ገሊኦም እዛ ጉባኤ ትብል ቃል ምስቲ ናይ ካቶሊክ ዝብል ኣጸዋውዓ ናይ ትርጉም ምትሕውዋስ ምእንቲ ከይተምጽእ

ብምጥንቃቕ፥ ኣጽናፊት (Universal) ኢሎም ይትርጉምዋ።

✣ ✣ ✣

እዛ ዝተጋበአት ቤተክርስቲያን እዚኣ፥ ኹሎም መራሕቲ ጉባኤ ቤተክርስቲያን ዝጥርንፍ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ትገብር ነይራ። (Ecumenical Concil)። እዚ ከኣ ምእንቲ ኣብ ኩሉ ን ኣብያተክርስቲያናት ናይ ሓባር ዝኾነ ሓደ ምህሮ ንኽህሉ ኢዩ ዝጠቅም። እቲ ቀዳማይ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ኣብ ኒቅያ ብ325 ዓ.ም ተኻይዱ። ኣብኡ ከኣ 318 መራሕቲ ቤተክርስቲያን ፓትርያርካትን ጳጳሳትን ኤጲስ ቆጶሳትን ተኻፊሎም ነይሮም።

ኣብዚ እዋን እዚ ግን ኣብ መንጎ እተን ኣብያተክርስቲያናት ብዝተፈላለየ እምነት ምኽንያት፥ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ንምክያድ ቀሊል ኮይኑ ኣይተረኸበን። ከም ንኣብነት ብፍቓድ ኣምላኽ ነተን ናይ ኦርቶዶክስ ዝኾና ኣብያተክርስቲያናት ጥራይ ጸኒባ ክካይደለን ይክኣል ኢዩ...።

እታ ሓንቲ ቅድስቲ ጉባኤ ቤተክርስቲያን፥ ንሳ ሓዋርያዊት ቤተክርስቲያን ኢያ።



## *ሓዋርያዊት ቤተክርስቲያን*

“ሓዋርያዊት” ዝብል ስያሜ ክልተ ትርጉም ኣለዎ፦

፩ይ፦ ብሓዋርያት ዝተመሥረተት ቤተክርስቲያን ማለት ኸውን ከሎ።

፪ይ፦ ነቲ ኣቦታት ሓዋርያት ዘምሀርዎ ትምህርቲ ዘይትጸረርን ብእኡ እትመላለስን ቤተክርስቲያን ማለት ኢዩ።

እቲ ሓዋርያ ዝበሎ ከኣ እዚ ኢዩ፦ “እምበኣርከስ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሠረት ነቢያትን ሓዋርያትን እተነደቕኩም ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር ኣጋይሽን ወጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን።” (ኤፌ.2፥19,20)።

*ኣብ መሠረት እቲ ሓዋርያት ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበልዎ ትምህርቲ፦*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓኣቶም ከምዚ በሎም፦ “ኪዱ ኹሉም ኣህዛብ ብስም ኣብን ወድን መንፈስ ቅዱስን እንዳ ኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልዉ ከኣ እና መሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ ኣነ

ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም ኣሎኹ።" (ማቴ.28፥19-20)። ሓዋርያ ጳውሎስውን ከምዚ ይብል፦ "ኣነ ካብ ጐይታ እተቐበልክዎ ኢየ እሞ ንኣኻትኩምውን ዘገርክዎ፥ ጐይታ ኢየሱስ በታ እተታሕዘላ ለይቲ እንጌራ ኣልዓለ...።" (1ቆሮ.11፥23)።

*እቲ ሓዋርያ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበልዎ ትምህርቲ፥ ነዓና በቲ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝተመሓለለዎ ህይወቶምን ብመልእኽቶምን ብሕጎምን ብትምህርቶምን ኣመሓላሊፎምልና፦*

እዚ ብ "ትውፊት ሓዋርያ" ዝብል ስያመ (Apostolic Traditoin) ዝፍለጥ መጽሓፍ። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ነቲ ወዲ-መዝሙሩ ጢሞቴዎስ ዝገለጾ ቤተክርስቲያን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክተመሓላልፍ ከም ዝጸንሐት ፍሉጥ ኢዩ። "እዚ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክር ካባይ ዝሰማዕካዮ ድማ ንኻልኦት ክምህሩ ንዝኽእሉ እሙናት ሰብ ሕድሪ ሃቦም።" (2ጢሞ.2፥2)።

እምበኣር እዚ ትምህርቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ፥ ብፍላይ እኳ እቲ ብድሕሪ ትንሣኤኡ ንኣርብዓ መዓልቲ ዝኣከል ዝሃቦም ትምህርቲ። ሓዋርያት ድማ ነቶም ዝስዕብዎምን ዝኽተልዎምን ዝነበሩ ሕድሪ ሃብዎም፥ እሶም እውን ከምኡ ንተኸተልቶም እንዳሲጋሩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዘመን ክሳብ ኣባና በጺሑ።

ብቃል ጥራይ ዝመሓላለፍ ክሳብ ሕጂ ዘይተጻሕፈውን ኣሎ። "ናባኻትኩም ዝጽሕፍ ብዙሕ ነገር ነይሩኒ ከንሱ ብወረቐትን ብቐለምን ክጽሕፍ ኣይፈተኹን። ግናኸ ሓጐስና ምእንቲ ክምላእሲ ናባኻትኩም ክመጽእ እሞ ኣፍን ኣፍ ክዘረበኩም ተስፋ እገብር ኣሎኹ።" (2ዮሓ.1፥12)። (3ዮሓ. 13-14)። እዚ ናባና ብትውፊት ሓዋርያ ኣቢሉ በጺሑ።

*እቲ ናባና ዝተመሓላለፈ ዘመነ ሓዋርያትውን ናብ እዚ ክፍልታት ናይ ቤተክርስቲያን ይመቐል፦*

ንኣብነት፥ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ሥርዓተ ቅዳሴ፤ ናይ ጥምቀት ኣገባብ፤ ኣቀባብላ ካህናት፤ ኩሎም ጸሎታት ምሥጢራት ቤተክርስቲያን፤ ጸሎታት ቅዳሴን። ነዚ ኩሉ ሓዋርያት ኣብ ዘመኖም ይፍጽምዎን ይነብርሉን ነይሮም ኢዮም። ቤተክርስቲያንውን ብኹሎም ዝሓለፉ ወለዶታት ኣቢላ ትነብረሉ ኣላ።

እታ ጥንታዊት ሓዋርያዊት ቤተክርስቲያን እትነብረሉ ዘላ ህይወት እዚ ኢዩ ....።

*ከም ኣብነት እንጠቕሶ እቲ ካብ ሓዋርያት ጀሚሩ ተተሓሒዙ ዝመጸ ኣብ ልዕሊ ካህናት ምንባር ኢድ ኢዩ።*

እዚ እቲ (Apostolic Succession) (ምትካእ ሐዋርያነት) ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ኣብዚ እዋን እዚ፥ ካህን ምንባር ኢድን ኡፍታ መንፈስ ቅዱስን ካብ ኢጲስቆጳስ ይቕበል። “ሽዑ ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን። ከምቲ ኣቦ ንዓይ ዝለኣኸኒ ኣነውን ከምኡ እልእከኩም ኢሉ ኣሎኹ ኢሉ ኡፍ በሎም እሞ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ።” (ዮሓ.20፥21-22)። እቲ ኢጲስቆጳስ ከኣ እዚ ሥልጣን ልክዕ ከምኡ ካብ ሊቀጳጳሳት ወይ ፓትርያርክ ተቐቢሎ። እዚ ፓትርያርክውን ካብቲ ቅድሚኡ ዘበሩ ተቐበለ። ከምኡ እናበልና ምስ እንቕጽል ናብቶም ካብ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ሥልጣን ዝተቐበሉ ኣቦታት ሐዋርያት ንበጽሕ። እዚ ንፍሲ ወከፍ ሓዋርያዊት ቤተክርስቲያን ሕጋውነታን ቀጻምነታን የረጋግጽ...።

እተን ናይ ሓዋርያት ኣብያተክርስቲያናት ዘይኮና እዚ ሥልጣን እዚ ካበይ ተቐበልኦ?!!





ብሓንቲ ጥምቀትን

ትንሣኤ ምውታትን

ኣብቲ ዝመጽእ

ዘለዓለማዊ ሀይወት

ንኣምን።

# ሓንቲ
## ጥምቀት ንሕድገት ሓጢኣት

*ጥምቀት እታ ቀዳመይቲ ካብ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን ኢያ። ኣማኒውን ብእኣ ኢዩ ኣባል ናይ ቤተክርስቲያን ዝኸውን።*

ኣብ መዓልቲ በዓለ ሓምሳ ኣይሁድ ኣሚኖም ልቦም ምስ ተወግአ። ከምዚ ክብሉ ሓተቱ፦ "ሽዑ እዚ ምስ ሰምዑ ልቦም ተወግአ እሞ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኣት ሓዋርያትን ኣቱም ኣሕዋትና እንታይ ንግበር በልዎም? ጴጥሮስ ከኣ እቲ ተስፋ ንዓኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኵሎም እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዝጽውዖም ዘበሉን ኢዩ እተዋህበ እሞ ተነስሑ። ነፍሲ ወከ ፍኩም ከኣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፥ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም።" (ግሓ.2፥37-39)። "ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተ ጠምቁ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣስታት ሠለስተ ሺሕ ነፍሳት ናብታ ቤተክርስቲያን ተወሰኻ።" (ግሓ.2፥41)።

ብሓንቲ መዓልቲ ሠለስተ ሺሕ ነፍሳት ምጥማቕ ቀሊል ኣይኮነን። ግን ንሕድገት ሓጢኣት ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ኢዩ፥ ጥምቀት ብጣዕሚ ኣድላዪ ኢዩ ነይሩ።

✣ ✣ ✣



ንኣገዳስነት ጥምቀት ዘረጋግጽ ከኣ እቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኒቆዲሞስ ዝተዛረቦ ቃል ኢዩ።

*"ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ ኣብ መንግ ሥቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል የልቦን።" (ዮሓ.3፥5)።*

እምበኣርከስ ምእንቲ ድሕነት ጥምቀት ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ይምስክር። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ቅድሚ ንሰማያት ምዕራጉ ንሓዋርያት ከምዚ በሎም፦ "ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን ኢዩ።" (ማር.16፥16)።

*መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያ ምስ እንምልከት፥ ጥም ቀት ደድሕሪ እምነት ከም እትፍጸም ተመልኪቱ ኣሎ።*

እዚ ድማ ኣብ በዓል ሓምሳ ተፈጺሙ ኢዩ። (ግሓ. 2፥41)። እቶም ሰብ ሰማርያ ክኣምኑ ከለዉውን ልክዕ ከምኡ። ፊልጶስ ግና ብዛዕባ መንግሥቲ ኣምላኽን ብዛዕባ ስም ኢየሱስ ክርስቶስን ኣበሲርዎም፥ ምስ ኣመንዎ ሰብ ኡትን ኣንስትን ተጠመቑ። (ግሓ.8፥12)። እቲ ኢትዮጵ ያዊ ስሉብውን ምስ ኣመነ ብኡብኡ ተጠመቐ። "መገዲ ክኸዱ ከለዉ ድማ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ስሉብ ካኣ እንሆ ማይ፥ ከይጥመቕከ እንታይ ይኽልክለኒ? በለ።

ፊልጶስ ከኣ ብዅሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ ይኾነልካ ኢዩ በሎ። ንሱ ከኣ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን ኣሎኹ ኢሉ መለሰሉ።" (ግሓ.8፥36-37)። ቆርኔሌዎስን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ህዝቢውን ምስ ኣመኑ ሽዑ ንሽዑ ተጠመቁ። (ግሓ.10፥47-48)። ልድያ እታ ሸያጢት ቀይሕ ሃሪውን ምስ ኣመነት ተጠመቐት። (ግሓ.16፥14-15)። እቲ ኣብ ፍሊጵስዩስ ዝነበረ ሓላው ቤት ማእሰርቲውን ምስ ኣመነ ብኡንብኡ ተጠመቐ። (ግሓ.16፥31-33)..... ወዘተ

*ኣብ እምነት ጳውሎስ በዓል ተርሴስ እቲ ኣገዳስነት ጥምቀት ንሕድገት ሓጢኣት ንርአ፥-*

እዚ እቲ ናብ ደማስቆ ክኸይድ ከሎ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገልጸሉ። ጐይታ ከኣ ባዕሉ ሕሩይ ኣቕሓ ገይሩ ነውዘበ ሓዋርያ ኸኸውን ጸውዖ። (ግሓ.9፥3-16)። ሓናንያ እቲ በዓል ደማስቆ ንጳውሎስ ከምዚ በሎ፥- "ኣንታ ሳኣል ሓወይ፥ ሕጂኸ ንምንታይ እትድንጉ? ተንሲእካ ተጠመቕ ስም ጐይታ ጸዊዕካ ካብ ሓጢኣትካ ተሓጸብ በለኒ።" (ግሓ.22፥16)።

እዚ ዓቢዪ ሰብ እዚ ደሓር ሓዋርያ ጳውሎስ ተባሂሉ ዝተሰምየ፥ ብቲ ዓቢዪ ኣምላኻዊ ጸዊዒት ዝተጸውዐ ክንሱ- ሓጢኣቱ ንኽሓጽብ ጥምቀት የድልዮ ነይሩ....።



ሓጢኣቱ ብኣምላኻዊ ጸዊዒት ይኹን እምነት ብምቕባሉ ክሕደገሉ ኣይከኣለን.....።

እኳ ደኣ ካብቲ ኣገዳስነት ጥምቀትን ዕብየቱን ዝተላዕለ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፥-

*"ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ ኢኹም እሞ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ ኵላትኩም ዉሉድ ኣምላኽ ኢኹም።" (ገላ.3፥27)።*

እዚ ማለት ብጥምቀት ጌርኩም ኾነ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ብዕእነት ለቢስኩም ማለት ኢዩ። ስለምንታይ?

ምኽንያቱ ከምቲ እቲ ሓዋርያ ዝበሎ፥ ጥምቀት ማለት ብክርስቶስ ሞይትካ ብክርስቶስ ምትንሳእ ስለ ዝኾነ ኢዩ። "ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም ብግብሪ እቲ ካብ ምውታት ዘተንሥኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ኣተንሳእኩም።" (ቈሎ.2፥12)። በዚ ምኽባር እዚ፥ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስ ጐይታ ኢየሱስ ተሰቒሉ ሞተ። "እቲ ዝሞተ ካብ ሓጢኣት ሓራ ወጺኡ ኢዩ እሞ እዚ ደጊም ንሓጢኣት ከይግዝእ እቲ ናይ ሓጢኣት ሥጋ ምእንቲ ክጠፍእ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስኡ ከም እተሰቕለ ፈሊጥና ኣሎና።" (ሮሜ.6፥6)። ሓዋርያ ነዚ ጉዳይ ኻብ ርሀ ከምዚ ይብል፥-

"እምበኣርሲ ክምቲ ክርስቶስ ንኽብሪ ኣቦኡ ካብ ምውታት ዝተንሥኤ ክምኡ ከኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ክንመላለስ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና። ሙማትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኾንናስ ክምኡ ከኣ ብትንሣኤኡ ክንሓብሮ ኢና።" (ሮሜ.6፥4-6)።

*ጥምቀት ሞትን ልደትን ኢዩ፦ እቲ ኣረጊት ሰብኡትና ሞተ፥ እታ ሓዲሽ ሰብኡትና ከኣ ብኣምላል ልደት ክርስቶስ ኢያ፥ ንሳ እታ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እትርከብ ልደት ኢያ። "ኢየሱስ መለሰ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል የልቦን።" (ዮሓ.3፥5)።*

ክምኡውን ሓዋርያ ጳውሎስ ክምዚ ይብል፦ "ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን ኢዩ ዘድሓነና እምበር ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን።" (ቲቶ.3፥5)። በዚ ካልኣይ ልደት ከኣ ደቂ ኣምላኽን ደቂ ቤተክርስቲያንን ንኸውን። ነዚ ድማ ሓደ ካብ ቅዱሳን ኣቦታት ክምዚ ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። "ቤተክርስቲያን ኣደኻ እንተ ኾይና ጥራይ ኢዩ ኣምላኽ ኣቦኻ ክኸውን ዝኽእል።"

✣ ✣ ✣



ንመሰል ሕድገት ሓጢኣትና ኣብ ጥምቀት ደም ክርስቶስ ንረኽቦ፥ ብእኡ ከኣ ኩሉ እቲ ቅድሚ ጥምቀት ዝኣበረና ሓጢኣት ይሕደገልና፥ ማለት እቲ ናይ ውርሻ ሓጢኣት ይኹን፥ ወይ እውን እቲ ቅድሚ ጥምቀት ብተግባርና ዝፈጸምናዮ ሓጢኣት ኩሉ ይሕደገልና።

እታ ናይ ውርሻ ሓጢኣት ካብ ተሓድገት፥ ጥምቀት ንካልኣይ ጊዜ ክንደግሞ ኣየድልየናን ኢዩ። እቲ ብድሕሪ ጥምቀት ብተግባር ንፍጽሞ ሓጢኣት ብናይ ንስሓ ምሥጢር ኣቢሉ ኢዩ ዝሕደገልና።

✣ ✣ ✣

*ኣብቲ ቃል ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ እንምልከት፥ ጥምቀት ንሕድገት ሓጢኣትን ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ንምእታውን ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኢዩ። (ዮሓ.3፥5)። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ኢና ንሕና ንህጻናት ነጥምቕ።*

ምእንቲ እኹል ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ (ጥምቀት ህጻናት) ክትረክብ፥ ኣብቲ ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት (1ይ ክፍሊ ምንጽጻር ስነ-ሃይማኖት) (Comprative thioologi) ዝብል መጽሓፍና ተመልከት።

ብዕድመ ዕብይ ዝበሉ ሰባት ክጥመቑ እንተ ኾይኖም፥ ክምቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ

ዝገለጾ ግድን ኣቐዲሞም ክኣምኑ ኣለዎም። "ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን ኢዩ እቲ ዘይኣመነ ግና ክኾነን ኢዩ።" (ማር.16፥16)።

ህፃናት ግና ኣብ ናይ ወለዶም እምነት መሠረት ብምግባር ይጥመቑ።

✣ ✣ ✣

ጥምቀት ምስ ክርስቶስ ሙማት ስለ ዝኾነ። ከምቲ ሞት-ሥጋ ሓንሳእ ጥራሕ ዝኾነ፥ ጥምቀት ከኣ ሓንቲ ኢያ።

## *ሓንቲ ጥምቀት*

እቲ ሓዋርያ ከምዚ ይብል፦ "ሓደ ጐይታ፤ ሓንቲ እምነት፤ ሓንቲ ጥምቀት።" (ኤፌ.4፥4-5)።

*ሓንቲ ጥምቀት ክንሳ፥ ግን ቕጥዒ ኣለዋ።*

፩፦ ብሓደ እምነት፥ ቅኑዕ እምነት።

በዚ ምኽንያት እዚውን ንሕና ናይተን ብእምነት ምሳና ሓደ ዝኾና ኣብያተክርስቲያናት ጥምቀት ንቕበል።

፪፦ "ጥምቀት በቲ ሕጋዊ መዓርገ ክህነት ዘለዎን ኣብ ልዕሊኡ ግዝት ዘይብሉ ኣገልጋሊ ትፈጸም።" እዚ



ሕጊ እዚ በቲ ብ276 ዓ.ም. ብኣቦ መንበርነት ቕዱስ ክፕሪያኖስ ዝምራሕ ዝነበረ ጉባኤ ካርታጐ ዝተወሰነ ኢዩ።

፫፦ ከምኡውን ጥምቀት ሥርዓት ብዝእዝዞ ኣገባብ ዝተፈጸመት ክትከውን ኣለዋ። ማለት ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሠለስተ ጊዜ ብምጥሓል ክትፍጸም ኣለዋ። (ማቴ.28፥19)።

✣ ✣ ✣

ሓንቲ ጥምቀት ስለ ዝኾነት፥ ዝኾነ ሰብ ካብ ሃይማኖቱ ኣልጊሱ ወይ እውን ክሒዱ ነይሩ፥ ጌጋኡ ኣሪሙ ምስ ዝምለስ ኻልኣይ ጊዜ ክጥመቕ ኣይግባእን ኢዩ። ምኽንያቱ ብምሥጢረ-ንስሓ ሕድገት ሓጢኣት ስለ ዝረክብ።

## *ትንሣኤ ምውታት*

*ንሕና ኩሎም ብፁኣትን ኣቡያትን ካብ ምውታት፥ ከም ዝትንሥኡ ንኣምን ኢና፦*

ከምቲ ኣብ ወንጌል ቅዱስ ዮሓንስ ዘሎ፦ "ኣብ መቓብር ዘለዉ ኩሎም ድምፁ ዝሰምዕላ ሰዓት ክትመጽእ ኢያ። ሠናይ ዝገበሩ ናብ ትንሣኤ ህይወት እኩይ

ዝገበሩ ከኣ ናብ ትንሣኤ ፍርዲ ክወጹ ኢዮም እሞ በዚ ኣይትደነቑ።" (ዮሓ.5፥28-29)።

✣ ✣ ✣

*ትንሣኤ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰ፥ በኵሪ ትንሣኤ ኵላትና ኢያ ነይራ።*

ቀዳማይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ ምዕራፍ 15 ኵሉ ብዛዕባ ትንሣኤ ምውታት ኢዩ ዝገልጽ። እቲ ሓዋርያ ይብል፡- "ሕጂ ግና ክርስቶስ በኵሪ እቶም ዝደቀሱ ኰይኑ። ካብ ምውታት ተንሥኤ።

ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ ከምኡ ከኣ ትንሣኤ ምውታት ብሓደ ሰብ ኢዩ ዝመጸ፥ ከምቲ ኵላቶም ብኣዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኵላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ክኾኑ ኢዮም። ግናኸ ነፍሲ ወከፍ በብሥርዓቱ ኢዩ። ክርስቶስ ከም በኵሪ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ።" (1ቆሮ.15፥20-23)።

✣ ✣ ✣

*ንሕና ብምድራዊ ኣካል ዘይኰነስ ብሰማያውን መንፈሳውን ኣካል ኢና ክንትንሥእ።*

ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ዝትንሥእ ኣካላት ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፡- "ትንሣኤ ምውታት ከምኡ



ኢዩ፥ ብዝሓልፍ ይዝራእ ብዘይሓልፍ ከኣ ይትንሥእ። ብውርደት ይዝራእ ብኽብረት ይትንሥእ። ነፍሳዊ ሥጋ ይዝራእ መንፈሳዊ ሥጋ ይትንሥእ። ....ከምቲ እቲ ምስሊ መሬታዊ ዝለበስናዮ፥ ምስሊ እቲ ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና። ግናኸ ኣሕዋተየ ሥጋን ደምን መንግሥቲ ኣምላኽ ክወርሥ ከም ዘይከኣሎ፥ እቲ ሓላፊ ድማ ነቲ ዘይሓላፊ ከም ዘይወርሶ እብለኩም ኣሎኹ።" (1ቆሮ.15፥42-50)።

ኣብ ካልእ ቦታ ከኣ ይብል፡- "ንሕና ግና ሃገርና እታ ሰማያት ኢያ፥ ካብኡውን መድሓኒ ንሱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽበ ኣሎና። ንሱ በቲ ኺኣሉ ክመልክ ኩሉ ዝከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ሥጋኡ ምእንቲ ክመስል ነዚ ናይ ውርደት ሥጋና ክልውጦ ኢዩ።" (ፊሊ.3፥20-21)። ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብናይ ክብሪ ኣካላት ዝተንሥኣሉ ኢና እንትሥእ....።

✣ ✣ ✣

*ፍርዲ ንናይ ሓባር ትንሣኤ ምውታት ተኸቲሉ ኢዩ ዝመጽእ።*

*ፍርዲ ኣብ ካልኣይ ምጽኣት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ዝኸውን።*

ስለዚ ከኣ ብዛዕባ ጐይታ ከምዚ ተባህለ፡- "ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቡኡ ምስ መላእኽቱ ክመጽእ ኢዩ እሞ ሽዑ

ንፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክህቦ ኢዩ።" (ማቴ.16፥27)። ከምኡውን፡- "ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፥ ኩሎም መላእኽቲውን ምስኡ፥ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኩሎም ኣሕዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ከኣ፥ ጓሳ ኣባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዝፈላልየን፥ ካብ ነንሓድ ሕዶም ይፈላልዮም። ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማኑ፥ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቚመን።" (ማቴ.25፥31-33)። ኣብዚ ጊዜ እዚ ድማ ፍርዲ ይጅመር፥ በዞም ዝስዕቡ ቃላት ድማ ይፍጸም፡- "እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ፥ ጻድቃን ግና ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክኸዱ ኢዮም።" (ማቴ.25፥46)።

✣ ✣ ✣

*ብዛዕባ ፍርዲ ድማ ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ ከምዚ ይብል፡-*

"ምውታት ድማ ዓበይትን ነኣሽቱን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ረኣኹ። መጻሕፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት ኢዩ። እቶም ምውታት ድማ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ ተጻሒፉ ዝጸንሐ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ባሕሪ ድማ ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ምውታት ወፈየት ሞትን ሲኦልንውን ኣባታቶም ዘለዉ ምውታት ወፈዩ። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ሞትን ሲኦልን እውን ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበዩ። እዚ እቲ ካልኣይ ሞት ኢዩ፥ ማለት ቀላይ ሓዊ። ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጻሒፉ ዘይተረኽበ ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበየ።" (ራእ.20፥12-15)።



✣ ✣ ✣

*ኣብ ጊዜ ትንሣኤ እቶም ኣብ መሬት ብህይወት ዝጸንሑ ክሰሓቡ ኢዮም። ኣካላቶምውን ክልወጥ ኢዩ።*

ከምቲ ሓዋርያ ዝገለጾ፥ "...ማለት ኢየሱስ ከም ዝሞተን ከም ዝተንሥኤን ኣሚንና እንተኾንና ከምኡውን ኣምላኽ ነቶም ብኢየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ከውጽኦም ኢዩ።" (1ተሰ.4፥14)። ምኽንያቱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ምስ ዓሠርተታት ኣሽሓት ቅዱሳኑ ኢዩ ክመጽእ።" (ይሁ.1፥14)። "ጐይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ-መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ክወርድ ኢዩ። እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ክትንሥኡ ኢዮም። ድሕሪ እዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምስኣቶም ሐቢርና ብደመና ክንለዓል ኢና። ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ክንነብር ኢና።" (1ተሰ.4፥16-17)።

*ኣብ ጊዜ ትንሣኤን ኣብቲ ንላዕሊ ንዘረፉሉ እዋን ብቕጽበት ናብ መንፈሳዊ ኣካል ክንልወጥ ኢና።*

ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ፡- "እንሆ ምሥጢር እነግረኩም ኣሎኹ ኩላትና ክንልወጥ እምበር ኩላትና ኣይክንድቅስን ኢና። ብሓንሳእ ብቕጽበት ዓይኒ በቲ ናይ ድሕሪ ኩሉ መለኸት እቲ መለኸት ክነፋሕ ኢዩ እሞ፥ እቶም ምውታት ድማ ብዘይሓልፍ ክትንሥኡ ኢዮም። ንሕናውን ክንልወጥ ኢና። ማለት እቲ ሓላፊ ዘይሓልፍ ክለብስ ይግብኦ ኢዩ እሞ እዚ መዋቲ ከኣ ዘይመውት ክለብስ ኢዩ።" (1ቆሮ.15፥51-53)። እዚ ማለት ከኣ ዘይብርስን ዘይመውትን መንፈሳውን ሰማያውን ኣካላት ንለብስ ማለት ኢዩ።

*በዚ ምኽንያት ከኣ ሠለስተ ዓበይቲ ፍጻሜታት ተኸታቲሎም ክፍጸሙ ኢዮም፡-*

፩፡- ካልኣይ ምጽኣት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ መላእኽቱን ምስ ዓሠርተታት ኣሽሓት ቅዱሳቱን።

፪፡- ናይ ጻድቃንን ሓጥኣንን ትንሣኤ ምውታት።

፫፡- ናይ ሓባር ፍርዲ። ከምቲ ሓዋርያ ዝበሎ። "ነፍሲ ወከፍ ነቲ ብሥጋኡ ከሎ ዝገበሮ ሠናይ ኮነ ወይስ እከይ ምእንቲ ክቕበል ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ክንገሃድ ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ ኣሎና ወይስ ኣብ ወጻኢ ንዕኡ ከነሐጉሶ ንጽዕት ኣሎና። (2ቆሮ.5፥9-10)።

ኾሉ እዚ ምስ ተፈጸመ ዓለም ክሓልፍ ኢዩ።

እቲ ናይቲ ዝመጽእ ዘለኣለም ህይወት ከኣ ክጅምር ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ከከም ደረጃኡ ክኸውን ኢዩ።

## መፈጸምታ ናይዚ ዓለም

ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቐዲሙ "ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ኢዩ።" ዝበሎ። (ማቴ.5፥18)።

ቅዱስ ዮሓንስ ረኣይ ሕቡኣትውን፥ "ዓብዪ ጻዕዳ ዝፋንን እተቐመጦ ከኣ ርኣኹ። ምድርን ሰማይን ከኣ ካብ ገጹ ሃደሙ ቦታውን ኣይተረኽበሎምን።" በለ። (ራእ.20፥11)። ኣስዒቡ ከኣ "እቲ ቐዳማይ ሰማይን እታ ቐዳመይቲ ምድርን ሓሊፎም ባሕሪውን ደጊምሲ የልቦን እሞ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ርኣኹ።" በለ። (ራእ.21፥1)።

*ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስውን ብዛዕባ ምሕላፍ እዚ ዘሎ ዓለም ከምዚ ይብል፡-*

"መዓልቲ ጐይታ ግና ከም ሠራቒ ኾይና ክትመጽእ

ኢያ ብእኣ ሰማያት ጥዋዕዋዕ እናበለ ክሓልፍ ኢዩ፣ ፍጥረት ሰማይ ብረስኒ ክመክኽ ምድርን ኣብኣ ዘሎን ግብርታት ክሰድድ ኢዩ።" (2ጴጥ.3፥10)።

*መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ ከኣ ንመወዳእታ ዓለም ዝምልከት ብዙሕ ነገራት መግለጺ ሂቡ ኣሎ።*

ኣቡቲ እቶም ሸውዓተ መላእኽቲ መለኸት ምስ ነፍሑ እሞ ናብ ዓለም ዝወርድ ሸውዓተ መቕዘፍትታት ተጠቒሱ ኣሎ ኣብ (ራእ.8፥1-11) ተመልኪት። ከምኡውን እቶም ሸውዓተ ነጐዳታት ዝተዛረብዎ። (ራእ.10፥3-4)። ኣንብብ።

ንምጽኣት ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝምልከቱ ቅድሚ ኩነታት ክበርህ ከሎ ከምዚ ይብል፦

*"ድሕሪ መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡ ብኡ ፀሓይ ክትጽልምት ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን ኢያ። ከዋኽብቲ ካብ ሰማይ ክወድቁ ሓይልታት ሰማይውን ክንቀጥቀጡ ኢዮም።" (ማቴ.24፥29)።*

ኣብ ራእይ ዮሓንስውን እቲ ሻድሻይ ማሕተም ኣብ ዝፍታሓሉ ንዕኡ ዝመሳሰል ክፍጸም ኢዩ ይብል። (ራእ. 6፥12-16)።



## *ናይቲ*
## *ዝመጽእ ዓለም ህይወት*

ብድሕሪ እዚ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ መንግሥቲ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ክውፍያ ኢዩ። ሽዑ ኹሉ ሕግን ሥልጣንን ሓይልን መወዳእታ ክገብረሉ ኢዩ። ኩሉ ነገር ድማ ንኣምላኽ ክግዛእ ኢዩ። ስለዚ ኣምላኽ ኩሉን ኣብ ኩሉን ኮነውን ኢዩ። እቲ ኣብ መወዳእታ ክድምሰስ ዘለዎ ጸላኢ ከኣ ሞት ኢዩ። (1ቆሮ.15፥24-28)።

*እቶም ኣብ ጐኒ ኩይናም ዝጸበዩ ዘለዉ ጻድቃን ናብታ ከተማ እዚኣ ምስ ገዝኡ፣ እታ ናይ ዘለኣለም ህይወት፣ ኣብ ሰማያዊት እየሩሳሌም፣ ኣብታ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ሕዝቡ ዝርከበላ ቦታ፣ ክትጀምር ኢያ።*

"እታ ቅድስቲ ከተማ እታ ሓዳስ እየሩሳሌም ንመርዓዊኣ ኢላ ከም እተሰለመት መርዓት ተዳልያ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ረኣኹ። ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ ንሱ እውን ምሳታቶም ክነብር ኢዩ። ንሳቶም ከኣ ሕዝቡ ክኾኑ ኢዮም ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶም ኣምላኾም ክኸውን ኢዩ።" (ራእ.21፥2-3)።

ካብኡ ንንየው ሞትን ጓሂን ቃንዛን ዝበሃሉ ፈጺሞም ኣይክህልዉን ኢዮም። ምኽንያቱ ኩሉ እቲ ቀዳማይ ነገር ስለ ዝሓለፈ። እቲ ኣብ ዝፋን እተቐመጠ ድማ ከምዚ ይብል፦ "እምሳኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዕይንቶም ክደርዝ ኢዩ። እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ ኢዩ እሞ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኽነውንን ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይኽነውንን ኢዩ። ኩብል ከሎ ሰማዕኩ። እቲ ኣብ ዝፋን ዘሎ ከኣ እንሆ ንኹሉ እሕድሶ ኣለኹ በለ። እዚ ቃል እዚ እሙንን ሓቅን ኢዩ እሞ ጸሓፎ በለኒ።" (ራእ.21፥4-5)።

እታ ሰማያዊት እየሩሳሌም ከኣ ንኽነብርሁላ ፀሓይ ወይሲ ወርሒ ኣየድልያን ኢዩ። ምኽንያቱ ክብሪ ኣምላኽ ስለ ዘብርሃላ። ኣብኣ ለይቲ ዝበሃል የልቦን። ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዝተጻሕፉ እንተ ዘይኮይኖም ካልእ ናብዛ ኩተማ እዚኣ ክኣቱ ዝኽእል ዋላ ሓደ የልቦን። "....እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ደኣ እምበር ገለ ርኹስት ወይስ እቲ ዘፈንፍን ሓሶትን ዝገብር ዘበለ ከኣ ናብኣ ኩቶ ኣይክኣቱን ኢዩ።" (ራእ.21፥23-27)።

*ሽዑ እቶም ጻድቃን በቲ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኑቶም ዝሰዕሩ ዝወሃቦም ተስፋታት ሕጉሱ ኢዮም። "...ነቲ ዝስዕር ካብቲ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘሎ ኦም-ህይወት ክበልዕ ክህቦ ኢየ።" (ራእ.2፥7)። ከምእውን ስለቲ ንኹሎም ኑቶም ንቅዱስ ሰሙ ዘፍቅሩ ዘዳለወሎም ቦታ፦ "እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ከኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓሰበ ኣምላኽ ነቶም ዘፍቅርዎ ኣዳለወሎም።" ይብል። (1ቆሮ.2፥9)።*

እታ እትመጽእ ናይ ዘለዓለም ህይወት፥ ንሳ ነቶም ኣብ ሰማይ ዝነብሩ ጻድቃን ናይ ዘለኣለም ሓጐስ ኢያ። ንሳቶም ኣብ ሰማይ ከም መላእኽቲ ኣምላኽ ክነብሩ ኢዮም። (ማቴ.22፥30)። ተመልከት።

ኣምላኽ ድማ ደስትኦምን ሓጐሶምን ኽነውን ኢዩ። "ገጹ ክርእዩ ኢዮም ስሙውን ኣብ ግንባሮም ክጸሓፍ ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከብርሃሎም ንዘለኣለም ኣለ ምውን ክነግሡ ኢዮም እሞ ድሕሪ ደጊምሲ ለይቲ ኣይኽነውንን ብርሃን ቀንዴልን ፀሓይንውን ኣይከድልዮምን ኢዩ።" (ራእ.22፥4-5)።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን፦ "ሕጂስ ብመረጽየን ዋግ ዋን ንርኢ ኣሎና ሽዑ ግና ገጽ ንገጽ ክንርኢ ኢና እሞ ሕጂ ብቃል እፈልጥ ኣሎኹ ሽዑ ግና ከምቲ ኣነ እተፈለጥኩ ኽፈልጥ ኢየ።" ይብል። (1ቆሮ.13፥12)።

*ብዛዕባ እታ እትመጽእ ናይ ዘለኣለም ህይወት ብናትና ዓቕሚ ክንገልጾ ከቢድን ዓቕምና ዘዋፍቕ ዶን ኢዩ።*

ሓዋርያ ጳውሎስ ክሳብ ሣልሳይ ሰማይ ተዘሪፉ በጺሑ ክንሱ፡- "ናብ ገነት ከም እተዘረፈ እሞ፡ ሰብ ክዛረቦ ዘይተፈቕደሉ፡ ዘይንገር ዘረባውን ከም ዝሰምዓ፡ እፈልጥ ኢየ።" ኢዩ ዝበለ። (2ቆሮ.12፡4)። ብዛዕባ እቲ ዘለኣለማዊ ሓጐስ ደኣ እንታይ ክበሃል ይከኣል?።

ብዛዕባ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎ ህይወትከ፡ ምስ ኩሎም መላእኽቱን ምስ ኩሎም ሠራዊት ሰማይን ምስ ኩሎም ዓሥርተታት ኣሽሓት ቅዱሳኑን እንታይ ክበሃል ይከኣል?! ብዛዕባ እዚ ኣቶም ኹሎም ንምግላጽ እንታይ ክንብል ንኽእል?!

